2ይ ሕታም ፣ ቑ.2   ሰነ 2017 ዓ.ም.



# ፅንታ

## Tigray Genocide

ብኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዝዳለው መፅሄት



ኣብ ከተማ ዓድዋ ዝርከብ ማእኸል ተመዛበልቲ
ፎቶ ብዚሜና ቦራዛስ

# ትሕዝቶ



4
መልእኽቲ ኮሚሽነር



6
"ኣብ ላስቲክ ሌና ተጸብሪና ዘለና"
ተመዛበልቲ ተጋሩ

16
ኣሰር ከይጠፍእ ...

18
ሓፀርቲ ፍፃመታት

22
ጨፍጫፍ ህፃናትን ጸቂ ኣንስትዮን ዓዲ-ኣዉዓላ፣
ማእኸላይ ኣድያቦ

38
ትካላት ሃይማኖት ከም መሳርሒ ኲናት

46
ሳዕቤን ኲናት ትግራይ ኣብ ምርባሕ ኣናህብን
መምራት መዓርን



12
ጨፍጫፍ ተጋሩ
ነበርቲ ኣብዓላ
(ሾኻት)

27
ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍኦ ዝሕምበብ ወፅዓ
ኣስቴር ፅልሊት፣ ጭካነ፣ ጥቕዓት...

30
ሽምበሊና ጸም ጸቂ ትግራይ ዝኸበዐወ ጨፍጫፍ

34
ዝኸበረ ጀኖሳይድ ትግራይ ንመንታይ?

42
ማድያታት ከም ነጋሪት ጀኖሳይድ

50
"ናይ መጥፋእ ሓጸጋ ኣንፀላልዩካ" እንትበሃል
ዝውሰድ ስጉምቲ

*ምስሊ ሽፋን ገፅ ፡ ኣብ ክልል ትግራይ፣ ዞባ ደቡብ ምብራቕ፣ ኣብ ከባቢ ወረዳ ሳምረ፣ ብወረርቲ ሓይልታት ዝዓነወ ገዛ (መጋቢት 2013፣ ሚ.ረ.ት)*



ኮሚሽነር የማነ ዘርኣይ
*ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ*

# መልእኽቲ ኮሚሽነር

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮ.መ.ጀ.ት.) ኣብ ልዕሊ ትግራይን ህዝባን ዝተወለዐ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ስዒቡ ዝበፅሐ ኲለመዳያዊ ጉድኣትን ዕንወትን ከፅንዕ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣብ ወርሒ ጉንቦት 2014 ዓ.ም. ብኣዋጅ ከምዝተጣየሸ ይፍለጥ። ብኣዋጅ ብዝተውሃቦ ሓላፍነት መሰረት ድማ ኣብ ሰብኣዊ፣ ቁሳውን ንዋታውን ሃፍቲ ትግራይ ዝበፅሑ ኲሎም ጉድኣታት ብእርይ ቒፅሪ ብመረዳእታ ሰኒዱን ተንቲኑን ብምድላው ንምስኻዕ ቀንዲ ዕላማታት እቲ ኮሚሽን ከውዕሎም ክኢሉ እዩ።

በዚ መዳይ ንእነሳልጦም ስራሕትና ብዝተወሰነ ደረጃ ንህዝቢ ክነላሊ ብምሕሳብ ድማ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2016 ዓ.ም. “ፅንታ”/ “TIGRAY GENOCIDE” ዝተሰየምት መፅሄት ብቛንቛታት ትግርኛን እንግሊዘኛን ብምሕታም ንህዝቢ ዘርጊሕና። እታ መፅሄት’ውን ስራሕቲ ኮሚሽንና ካብ ምፍላጥ ሓሊፉ፣ ብዝተወሰነ መልክዑ’ውን እንተኾነ፣ ካብ’ቶም ዝበፅሑ ግፍዓዊ ጨፍጫፋትን ስቓያትን ከም መርኣያ ቆንጢርና ንማሕበረሰብ ዓለም ክነብፅሕ ኣኽኢላትና እያ። ኣብ ብርክት ዝበሉ ዓለምለኻዊ ሚድያታትን ስራሕቲ ምርምር እውን ተፀሪሓን ከም መወከሲ ኣብ ጥቕሚ ውዒላን እያ።

ብፍላይ ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ዓመትን ፈረቓን፣ ኮሚሽንና ትኹረት ዝሃቦምን ኣብ’ታ መፅሄት’ውን ዝተንፀባረቑን ሰለስተ ቀንዲ ስራሕቲ ይጥቀሱ። ቀዳማይ ንትልሚ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ መልዓሊ ዝኸውን ዝተወደበ መረዳእታ ምሓዝን ዓለም ለኻዊ ደረጃኡ ብዝሓለወ መልክዑ ሪፖርት ምቕራብን እዩ። እዚ ስራሕ ምስ ከም ባንኪ ዓለም፣ ትካል ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሚንስትሪ ፋይናንስ ኢትዮጵያን ከምኡ’ውን ምስ ኲሎም ሴክተራት ትግራይ ኮይንካ ዝስራሕ ብምንባሩ ብጉዳያት ፖለቲካ፣ ቴክኒክን ፋይናንሳውን ኣሰራርሓታት ዝተፀለወ ነይሩ። እዚ ድማ እቲ ስራሕ

ክተሓላለኽን ግዜ ክወስድን ገይሩዎ እዩ። ሰብ ሞያን ኣመራርሓን ኮሚሽንናን መዳርግቲ ኣካላትን ብዝገበርዎ ዘይተሓለለ ፃዕሪ ግና እዚ ኹሉ ውረድ ደይብ ሓሊፉ እቲ ሪፖርት ናብ ዝምልከቶም ዓለምለኻዊ ትካላት በፂሑ ኣሎ። ኮሚሽን ፕላን ትግራይ እውን ነዚ መሰረት ብምግባር ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትልሚ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ ኣጠናቒቑ ንመንግስቲ ትግራይ ኣቕሪቡ ኣሎ።

እቲ ካልኣይ ጉዳይ ፍትሕን ተሓታትነትን እንትኾን፣ ነዞም ስራሕቲ ክሕግዙ ዝኽእሉ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀሩ መረዳእታታት ክእከቡ፣ ዓይነትን ዕምቆትን እቶም ዝበፅሑ ግፍዕታትን ጉድኣታትን ብዘርእይ መልክዑ ኬዛት ክስርሑን ዋላ'ኳ ምስ'ቲ ኣብ ኢድና ዘሎ እንትነፃፀር እቲ ዝተልኣኸ ውሱን እንተኾነ፣ መረዳእታታት ንዓለምለኻዊ ትካላትን ሚድያታትን ክበፅሑ ተገይሩ። እዚ ድማ፣ ጉዳይ ትግራይ ከይርሳዕ ኣኽኢሉ ጥራይ ዘይኮነስ ኣድላዪ ትኹረት ንኽረክብ ኣኽኢሉ እዩ። ብፍላይ ድማ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝተጀመረን ዝተትሓዘን ጉዳይ ስግግር ፍትሒ ብኣመራርሓ ግዚያዊ መንግስቲ ትግራይን ብዝተፋላለዩ ኣካላት ትግራይን ትኹረት ክረክብን ዝምልከቶም ኣካላት ትኽክለኛ ግንዛበ ሒዞም ኸቃለሱሉን ዓበይቲ ፃዕርታት ተገይሮም።

ሳልሳይ፡ እቲ ካልእ ተግባር ቁሳውን ካልኦት ኣሰር ኩናት ትግራይ ዝርከበሎም መረዳእታታትን ምስናድ፣ ምዕቃብን ንታሪኽ ምሕላፍን እዩ። ኣብ መላእ ትግራይ ዝርከቡ ኣስካሕካሕቲ ጨፍጫፋት ዝተፈፀመሎም ጅምላዊ መቓብራት፡ ዝዓነዉ መሰረተ-ልምዓታትን ቅርስታትን ኮነ ካልኦት ትካላት ብሰነድ ይኹን ኣብ ሙዝየማትን ኣብያተ መዘክራትን ዓቂብካ ንታሪኽን ንወለዶን ክሓልፉ ምግባር የድሊ። ነዚ ንምፍፃም እውን ኮሚሽንና ናይ ኣተዓቓቕባ መምርሒ ብምውፃእን ምስ ዝተፈላለዩ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊ ኣካላትን ሰፋሕቲ ምይይጣት ብምክያድን ናብ ስራሕ ኣትዩ ኣሎ። በብእዋኑ ብዘለዉ ቅልውላዋት ፖለቲካ ኾኑ ካልኦት ፀገማት ምኽንያት ጉዳይ ጀኖሳይድ ትግራይ ከይርሳዕ ብምሕሳብ እውን ኣብ ወርሒ ሕዳርን ታሕሳስን ኣብ ኩሉን ዞባታት ትግራይ ሰፋሕቲ መድረኻት ዝኽሪ ጀኖሳይድ ትግራይ ኣካይዱ እዩ።

ኣብ ቐፃሊ ዘለውና ዝተወሰኑ ኣዋርሕ እውን ጉዳይ ዘይተጠናቐቁ ምእካብ መረዳእታ ዝቕፅል ኮይኑ፣ ብዋናነት ትኹረት ኮሚሽንና ሰፋሕቲ ሪፖርትታት ምውፃእ፣ ንዞም ሪፖርትታት ተጠቒምካ ጉዳይ ትግራይ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ሰፊሕ ኣቓልቦ ክረክብን ኣብ ፍትሒን ተሓታትነትን ዘሎ ምዝሕሓል ክቕልበስን ክንሰርሕ ኢና። ብፍላይ ድማ ኣብ ምዕቃብ ታሪኽ ጀኖሳይድ ትግራይን ኣብ ምርግጋፅ ፍትሒን ዓብይ ግደ ዝህልዎም ኣብያተ መዘክራትን ሙዝየማትን ኣብ ኩለን ወረዳታት ትግራይ ንክህነፁ ንኹሉ ትግራዋይ ዘተሓባብር መንግስታዊ ትካል ንኽጣየሽ ክንሰርሕ ኢና።

ዝኸበርካ ኣብ ውሽጢ ዓድን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ዓለማት ዘለኻ ህዝቢ ትግራይ፣ ከም ዝፍለጥ እቲ ዝበፅሐና ጀኖሳይዳዊ ግፍዕን በደልን ከም ህዝቢ ንኽንፀንት እዩ ነይሩ። እዚ ግን ዋላ'ኳ ከቢድ ሃሰያ እንተዕረፈ፣ ከም'ቲ ሃቂኖምዎ ዝነበሩ ከይኸውን ደቒኻ መስዋእቲ ከፊሎም ነዚ እኩይ ተግባር ገቲኦምዎ እዮም። ይኹን እምበር፣ ገና ዘይተመለሱ ጉዳያት ተመዛበልቲ፣ ፍትሒ፣ ሕውየትን ምርግጋፅ ሰላምን ኣለዉ። ነዞም ፀገማት ንምፍታሕ፣ ነዞም ሓድነትና ዝፈታተኑ ዘለዉ ፖለቲካዊ ሕልኽላኻት ብምፍታሕ፣ ጉጅላዊ ድልየታት ንጎኒ ብምግዳፍ፣ ሓድነትና ብምስጣምን ኣብ ዋና ጉዳይ ብምዕሳልን ዝፍትሑ ከምዝኾኑ ንኣምን። ነዚ ድማ ኮሚሽንና ኣብ ዝምልከቱዎ ጉዳያት ኣድላዪ ዘበለ ናይ ምትሕብባር ስርሑ ከምዝፍፅም ብስም መላእ ሰራሕተኛ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ከረጋግፅ እፈቱ።

ጀኖሳይድ ትግራይ ዘበት ከይርሳዕ፣ ዘበት ከይድገም!

ኮሚሽነር የማነ ዘርኣይ
*ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ*

# “ኣብ ላስቲክ ኢና ተደርቢና ዘለና”

## ተመዛበልቲ ተጋሩ




ህዝቢ ትግራይ ንመሬት ዓደቦን ፍቕሪ ዓዲን ዝህቦ ትርጉም ምስ ሂለዋት ዝራኸብ እዩ። ናይ ምንባር ሕቶ እዩ። ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ንሓደጋ ጥፍኣት ኣቃሊዑና ኣሎ። ተጋሩ ካብ መረበቶም ኣመዛቢልካ ፈቖድኡ ፋሕፋሕ ክብሉ ምግባር ትልሚን ድልየትን ፈፀምቲ ጀኖሳይድ ትግራይ እዩ። ስደተኛታትን ተመዛበልቲን ዝሕልፍዎ ዘለዉ ሓሳረ መከራ ካብ ቃላት ንላዕሊ እዩ። ቀትሪ ብፀሓይ ሃሩር ለይቲ ብቁሪን ዛዕዛዕታን ኣብ ላስቲክ ዝሕልፉ ዘለዉ እዞም ወገናት ዝፅበዮም ዘሎ ሓምሻይ ክረምቲ ናብራ ኬንዳ ንከቢድ ሻቕሎትን ጭንቀትን ኣሳጢሑዎም ይርከብ። ኣብዙይ ፅሑፍ ካብ መከራ ተመዛበልቲ ደቂ ትግራይ ቆንጢርና ክንከትብ ኢና። ኣስማት ወሃብቲ ሓበሬታ ነዚ ፅሑፍ እንትበሃል ተቐይሩ እዩ።


IOM • OIM
ፎቶ፡ ሚልዮን ሃይለስላሴ/DW

# ኡምራ ኩባ፣ ሱዳን

57 ዝዕድመኦን ትግራወይቲ ኣዶ ኣብረሀት ሓድጉ፣ ካብ ሰቲት ሑሞራ ተሰዲደን ኣብ ሱዳን መዕቆቢ ኡምራ ኩባ ይርከባ። “ኣብዚ ዕድመይ ከምዚ ዓይነት መከራን ከርተትን ከሕልፍ ይኽእል እየ ኢለ ፈፂመ ሓሲበ ኣይፈልጥን” ይብላ። ካብ ሰለስተ ደቀን ተፈልየን ብዘይ ጠዋርን ሓታትን ኣብቲ መዕቆቢ ይነብራ። ምስ ደቀን ዘይምርኻበን ከቢድ ጭንቀት ከምዝፈጥረለን ብቁዛመ የስተንትና። “ኣብ ዓደይ ሸቒጠ ሰሪሐ ፅቡቕ ናብራ የሕልፍ ነይረ” ዝበላና ኣደይ ኣብርሀት፤ ንኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ባይታ ብምድቃሰን  ንሕማም ሑቈ ከምዝተቓልዓ የብርሃ። ሓንቲ ዓይነን ከምዝሓመማ'ውን ዝገልፃ እዘን ኣደ “ከይሕከም ገንዘብ ካበይ ከምፅእ። ናብ ዓደይ ምስተመለስኩ ክሕከም ተስፋ ነይሩኒ፣ እንተኾነ ክሳዕ ሐዚ ኣይቀንዐንን ይብላ።“ ናብራ ስደት መሪር ከምዝኾነ ዝገልፃ ኣደይ ኣብርሀት፣ ሓጋይ ብፀሓይን ንፋስን፣ ከረምቲ ብዝናብን ህቦብላን ኣብ ስቓይ ከምዝርከባ ይብላ። እዚ ናብራ ኣደይ ኣብርሀት ጥራሕ ዘይኮነስ ናብራ ኩሎም ስደተኛታትን ተመዛበልትን ተጋሩ እዩ።



*ማእኸል  መዕቆቢ ስደተኛታት ዑምራኩባ፣ ሱዳን  (ፎቶ፣ WFP)*

ብተመሳሳሊ፣ ወዲ 78 ዓመት ኣረጋዊ ዝኾኑ ኣቦይ ሓጎስ ዘነበ እውን ኣብ’ዚ ዕድሚኦም ኣብ መዕቖቢ ስደተኛታት ኮይኖም ከርፋሕ ናብራ ስደት ዝመርሑ ዘለዉ’ዮም። ኣብ ቃፍታ ሑሞራ ከተማ ኣደባይ ተወሊዶም ዓብዮም። እቲ ጀኖሳይዳዊ ኩናት እንትውላዕ ኣብ ከተማ ሑሞራ እዮም ነይሮም። ኣብ ሕዳር 2013 ድማ ብሓምዳይት ኣቢሎም ናብ ሱዳን ሰጊሮም። “በዓልቲ ገዛይን ደቀይን ክዳነን’ኳ ከይሓዛ እየን ናብ ማእኸል ትግራይ ተሰጕጊን” ይብሉ። ምስ ሓደ ወዶም ኣብ መዓስከር ኡምራ ኩባ ዝነበሩ ዘለዉ እዞም ኣቦ፤ ምስ ስድረኦም ብምፍልላዮም ንኸቢድ ማሕበራዊ ፀገምን ጭንቀትን ከም ዝተቃልዑ ይዛረቡ። “ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶሪያ ናብ መረበትና ክንምለስ ተስፋ ነይሩና” ዝብሉ እዞም ኣቦ፣ ኣብ ዓዶም ዝመርሑዎ ዝነበሩ ህይወት ብኸምዚ ይገልፁዎ፡

*ኣብ ዓድና ናይ ባዕልና ንጥወረሉ ሕርሻ፣ ጥሪትን ንብረትን ነይሩና። እዚ ኩነታት ሓሊፉ ናብ መረበትና ክንምለሰ ተስፋ ኣለና፤ ይኹን ምበር ብሰንኪ ጭንቀት ዘይነበረኒ ሕዱር ሕማም ሽኮር ጀሚሩኒ። ኣብ ስደት ሕማም ኣሎ፤ እኹል መድሓኒት የለን። ከቢድ በሰላ እዩ በፂሑና። ብፍላይ ጠዋሪ ዘይብሉ ሰብ ኣፀጋሚ እዩ። ኣብ ከቢድ ሕማምን ጭንቀትን ኢና ዘለና። ግን ነዚኣ ውን ንዘዕቖበና ህዝብን መንግስትን ሱዳን ነመስግን።*

መዕቆቢ ስደተኛታት ኡምራ ኩባ ካብቶም ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተጋሩ ስደተኛታት ዘዕቈበት ኣብ ሱዳን እትርከብ መዓስከር እያ። ኣብዙይ መዕቆቢ ዘለዉ ተጋሩ ካብቲ ናብራ ስደት ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብዘጋጥም ተፈጥሮኣውን ሰብ ሰራሕን ሓደጋታት ህይወቶም ኣብ ከቢድ ሓደጋ ይርከብ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዘጋጠመ ባርዕ ሓዊ ህይወት ህፃናት ዝቐጠፈ ኾይኑ፣ ብርክት ዝበሉ መፅለሊ ኬንዳታት ናብ ሓሞኽሽቲ ዝቐየረ ከምዝነበረ ይዝከር።



*ተጋሩ ተመዛበልቲ፣ ገምገም ሩባ ተከዘ ሰጊሮም ናብ ሱዳን እንትሰደዱ (ፎቶ፡ ናሪማን ኢል ሞፍቲ፣AP)*



*ተጋሩ ስደተኛታት ኣብ ማእኸል መዕቖቢ ዑምራኩባ፣ ሱዳን ተመዛበልቲ (ፎቶ፣ ኢብራሂም ሓሚድ)*

# መዕቆቢ ተመዛበልቲ ኣዱሊስ፣ ኣኽሱም

ሰናይት ሰለሞን ጓል 30 ዓመት መንእሰይ እያ። ካብ ክልል ኦሮሚያ ከተማ ሰበታ ብ2013 ዓ.ም ተመዛቢላ ምስ በዓል ገዝኣ ናብ ትግራይ መፂኣ። ኣብ ከተማ ዓድዋ ኣብ ዝርከብ ሓደ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ተፈናቒሎም ናብራ ጀመሩ። ኣብ 2015 ነብሰ ፆር ብምኳና ኣብ ማርያም ሸዊቶ ናብ ዝርከቡ ቤተሰቦም ምኻዶም ሰናይት ተዘንትዉ። ይኹን ምበር ኣብቲ እዋን ሰራዊት ሻዕቢያ ናብ ማርያም ሸዊቶ ኣተዉ። ናብ ገዛ ስድራ ቤት በዓል ገዛ ሰናይት መፂኦም ድማ ምስ ኣቡኡ ሒዞምዎ ኸዱ። ህፃን ጓላ ሒዛ ናበይ ሒዞምዎም ይኸዱ ከምዘለው ዋላኳ እንተሓተተቶም፤ ኣይንቐትሎምን ኢና ኪዲ ከይነፀግዐኪ ተመለሲ ኢሎም ኣፈራሪሖም ከም ዝመለስዋ ትዛረብ።
ዕለት 20 ናብ 21 ዘውግሕ ለይቲ ንሰናይት ፀላም ለይቲ ነይራ። ሰናይት ነቲ ኩነታት እንትትዝክር "ጥራሕ እግሮም እዮም ኣሲሮምዎም ነይሮም። ናብቲ ዝተኣሰሩሉ ቦታ ክንሓቶም ከይድና ታይ ክትገብራ መፂእክን ተመለሳ ኢሎምና። ኣብታ ለይቲ ቀቲሎምዎም ሓዲሮም። ምስኦም ተኣሲሮም ዝነበሩ እዮም ነጊሮምና። እቶም ሰራዊት ምስ ከዱ ናብ ቤተክርስቲያን ወሲድናዮም" ትብል።

ሰናይት ኣደ ኣርባዕተ ቆልዑት እያ። ነቶም ክልተ ደቃ ናብ ወለዳ ሰዲዳ ምስቶም ክልተ ደቃ እያ ኣብ ዓድዋ ተመዛቢላ ትነብር። እታ ካልኣይቲ ጓላ በቲ ዝተፈጠረ ኩነታት ሰብኣይ ወይ ከዓ ዕጥቂ ዝሓዘ ሰብ ክትርእይ ተላ ከምትድንግፅ ትዛረብ። ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ማርያም ሸዊቶ ብዙሓት ሰባት ከምዝቐተሉ ትገልፅ። ንሳ ብዓይና 19 ኣስከሬናት ከምዝረኣየት ትዛረብ። እቲ ዝነበረ ኩነታት ናብ ዓይነ ልቦናኣ ከምዝመላለሳ ብሓዘን ከምዚ ትብል "ክዝክሮ ተለኹ ኣእምሮይ እዩ ዝጎድኣኒ። እንተዘይሪኦም ዶ ይሓይሸ ነይሩ?  እንተዘይ ኣልዕሎም ዶ መሓሸኒ? እብል። በቲ ቦታ ክሓለፍ ተለኹ ከምኡ ኢሎም ተኣሲሮም ዘለዉ ይመስለኒ።" ብምባል ኣብ እምሮኣዉን ስነልቦናውን ጥዕንኣ ፅልዋ ከም ዘስዐበላ ትዛረብ። ሰናይት ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ በዓል ገዝኣ ዝበፅሐ ግፍዓዊ መቕተልቲ፣ ምስ ደቃ ተበታቲና ኣብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ እያ ተኾርምያ ትነብር።



ማእኸል መዕቖቢ ተመዛበልቲ ኣዶሊስ፣ ኣኽሱም (ፎቶ፡ ባፀባ ሰይፉ)





ኣብ ሽረ እንዳስላሰ ዝርከብ ማእኸል መዕቖቢ ተመዛበልቲ (ፎቶ፡ ቢንያም ግርማይ ፣ Tiray update)

# መዕቆቢ ተመዛበልቲ ንግስተ ሳባ፣ ዓድዋ

ብርሃን የማነ ኣብ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ወልቃይት ማይጋባ ብምርባሕ ከፍትን እንዳ ሻሂን ትመሓደር ዝነበረት ትግራወይቲ እያ። ሕዳር 2፣ 2013 በቲ ዝነበረ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ሃዲማ ናብ ኣኽሱም እንትመፅእ ሓራስ እያ ነይራ። ኣብ ማእኸል ተመዛበልቲ ዘሎ ህይወት ዳርጋ ዘይምንባር እዩ ትብል። ኣብ እዋን እቲ ኲናትን ክባን ዕፅዋን እቲ ህዝቢ ከይተመነዎ ሓጊዙና እዩ፤ ሐዚ ግን ረብሪቡ ትብል።

ኣብቲ መዕቆቢ ዘሎ ህይወት ክትገልፅ ተላ "ዝናብ ክመፅእ ተሎ ከቢድ ህይወት ኢና ነሕልፍ። እቲ ሽቃቕ ፈንዲኡ ናብ ላዕሊ ይወፅእ። እቲ ላስቲክ ብፀሓይ ስለ ዝተበጣጠሰ ማይ የሕልፍ። እቲ መደቀሲና ናብ ጭቓን ረግረግን እዩ ዝቕየር። ቀትሪ ናብቲ ኬንዳ ተኣቲኻ ሃሩር እዩ፤ ለይቲ እንተደቂስካላ ድማ በረድ ይኸውን። ኣብ ላስቲክ ኢና ተደርቢና ዘለና። ዛ ላስቲኽ ለይቲ ብድቁስካ መን ቀዲዱ ከም ዝኣቱ ኣይትፈልጥን፣ 'ድቃስን ሞትን ሓደ እዩ' እንድዩ ዝበሃል። መን ቀታሊኻ ኣይትፈልጥን።" ትብል። እቶም ኬንዳታት ሓፁር ከምዘይብሎም ውን ትገልፅ። ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ድሕንነት ስግኣት ከምዘለወን ትዛረብ። እኹል ኣገልግሎት ሕክምናን መድሓኒትን ብዘይ ምህላዉ ብዙሕ ሰብ ብሕማማት ብዝሒ ደም፣ ሽኮርን ሓንጎል ዓሶን ከም ዝሓምም ውን ትዛረብ።

ህዝቢ ትግራይ ክፀንት ፋሕፍሕ ክብል ውጥን ፈፀምቲ ጀኖሳይድ ትግራይ እዩ። ኣብ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ዝነብሩ ተጋሩ ኣብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገም ወዲቖም ይርከቡ። መቕተልቲ መቕረባቶም ብዓይኖም ዝረኣዩ፣ ካብ ከቢድ ገበን ሃዲሞም እንትመፁ፣ ግፍዓዊ ሰብኣዊ ግህሰትን ስቓይን ዝተፀበዮም፤ ሐዚ'ዉን ኣብ መዐቖቢ ኮይኖም ተወሳኺ ስቓይ ዘሕልፉ ዘለዉ እዮም። ካልኦት ናብ ስደት ዝጠፍኡ፣ ምስ ቤተሰቦም ዝተበታተኑ፣ ከቢድ ሕማም ኣእምሮ ዘጋጠሞም ድማ ቁፅሮም ዝነዓቕ ኣይኮነን።


ኣብ ማእኸል መዕቖቢ ተመዛበልቲ ዓድዋ (ፎቶ፡ ዚመና ቦራዛስ)

ኣብ ማእከል ስደተኛታትን ተመዛበልትን ዝርከቡ ደቂ ትግራይ ድርብ ስቓይን መከራን ዝሓልፉ ዘለዉ ወገናት እዮም። ብሰንኪ ዘጋጠሞም ከቢድ ተጓንፎ ክሓውይሉ ኣብ ዝግባእ እዋን ናብ ካልእ ተደራቢ ፀገምን ቅልውላዉን ተቃሊዖም ይርከቡ። ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ተመዛበልቲ ቅድሚ ምምዝባሎም ዝተፈፀሞም ገበንን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ከርፋሕ ናብራን ንምፅናዕ ኣብ ልዕሊ 120 ማእከላት ተመዛበልቲ ዳህሳስ ኣካይዱ እዩ። ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱን ሕቶ ሃለዋት ህዝቢ ትግራይ ክምለስን ኣድላዪ ፃዕሪ ክካየድ ንፅውዕ።

# ጨፍጫፍ ተጋሩ ነበርቲ ኣብዓላ




*ኣብ ክልል ዓፋር፣ ከተማ ኣብዓላ ተጋሩ ተጨፍጪፎም ካብ ዝተቐበርሉ ቦታ ወሒጅ ኣዉፂእዎ ዝተረኸበ ቅሪት ኣካል*

ኣብዓላ (ሸኸት)፣ ኣብ ክልል ዓፋር ካብ ዘለዋ ወረዳታት ሓንቲ እያ። ኣካል ምምሕዳራዊ ዞባ 2 (ኪልበት ራሱ) እንትትከውን፣ ካብ ከተማ መቐለ ኣስታት 50 ኪሎ ሜትር ርሒቓ ትርከብ ከተማ እያ። እዛ ከተማ፣ ኣብዓላ ዝብል ስያም ቅድሚ ምርካባ፣ ሸኸት እናተብሃለት ትፅዋዕ ነይራ። ሸኸት ዝብል ስያመ ብዙሓት ተጋሩ ይነብሩላ ምስ ምንባሮምን ኣብ ውሽጢ ግዝኣት ትግራይ ትመሓደር ምስ ምንባራን ዝተሓሕአዝ እዩ። ከተማ ኣብዓላ ዳርጋ መንበሪት ተጋሩ እያ ምባል ይከኣል። ኣስታት 70 ሚእታዊ ነበርቲ ኣብዓላ ተጋሩ ነይሮም። ቅድሚ ኲናት ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም. ልዕሊ 70 ሽሕ ተጋሩ ይነብሩላ ከምዝነበሩ 'ውን ይግመት።

ተጋሩ፣ ልክዕ ከም ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ፣ ኣብ ኣብዓላ’ውን ምስ ህዝቢ ዓፋር ብስኒትን ፍቕርን ንዘመናት ብሓባር ይነብሩ ነይሮም። ኣብታ ከተማ ዝነብሩ ተጋሩ፣ መንበሪ ገዛውቲ፣ ትካላት ንግዲ፣ ኣብያተ ትምህርትን ቤተ ክርስትያን ሃኒፆም ይንብሩ ነይሮም። ድሕሪ’ቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተወለዐ ኲናት ግን እዚ ኩሉ የለን። እቶም ኣብ ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ይበፅሑ ዝነበሩ ግፍዕታት፣ ኣብ ከተማ ኣብዓላ’ውን ብዘስካሕክሕ መንገዲ ተፈፂሞም። ናይ ተጋሩ ዝኾኑ ኩሎም ንዋታት ክዓንዉን ኣሰር መሰደሮም ክጠፍኡን ተገይሩ።

ዕጡቓት ዓፋር ኣብ ማዕፆታት ገዛውቲ ተጋሩ “ናይ ክርስትያን ገዛ” ዝብል ፅሑፍ ብፍሩይ ፊደል ፅሒፎም ገዛ ንገዛ እናኸዱ፣ ኣብ መንገድን ኣብ ናይ ንግዲ ቦታታትን ንዝረኸብዎ ትግራዋይ ኩሉ ብጭካነ ጨፍጪፎምዎም። ናይ ተጋሩ ዝኾነ ሃብትን ንዋትን ኣሰር መሰደሩ ክጠፍእ ገይሮም።

## ኣበይ? እንታይ ተፈፂሙ?

ፍሉይ ልእኽቶ ዝተውሃቦም ዕጡቓት ዓፋርን መላፍንቶምን ታሕሳስ 8ን 9ን ምድላዋትን ክገብሩ ድሕሪ ምፅናሕ፣ ኣብ 10 ታሕሳስ 2014 ዓ.ም፣ እቲ ጨፍጫፍ ብዕሊ ጀሚሮምዎ፤ ንተኸታተልቲ ሓሙሽተ መዓልቲታት ብበዝሒን ብዝተዋደደን መልክዑ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ግፍዓዊ ጨፍጫፋት ፈፂሞም። እናፈለዩ ብምቕታል፣ ደቂ ኣንስትዮ ብምዕማፅ፣ ንብረቶም ብምቅፃልን ብምዕናውን ብዘይዕረፍቲ መጥቃዕቶም ቀፂሎም።

ዕለት 14 ሚያዝያ 2014 ዓ.ም ኣብ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ተመራመርቲ ሰብኣዊ ጉድኣትን ኪኢላታት ኦዲዮ ቪዥዋልን ዝሓቖፈ ጉጅለ መፅናዕቲ ናብ ኣብዓላ ተጓዒዙ ነይሩ። ዕላማ እቲ ወፍሪ፣ ኣሰር’ቲ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈፀመ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ፣ ዝኾኑ ጅምላ መቓብራት፣ ብፎቶን ብቪድዮን ንቕራፅን ምስናድን ምስ ምስክርነት መሰኻኽር ዓይኒ ብምውዳድ ንምስናድ እዩ ነይሩ። ኣባላት ጉጅለ መፅናዕቲ ኣብ ኣብዓላ (ሽኸት) ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝበፅሑ፣ ዝሰምዕዎ፣ ዝረኣይዎን ዝሰነድዎን ንኣእምሮ ዝኸብዱ ግፍዕታት ኩሉ’ኳ ዘርዚርካ ዝውዳእ እንተዘይኮነ፣ ዝተወሰነ ጨሊፍና ክነቕርበልኩም።

ኣብ ናይ ፈለማ ጉዕዞ ዳህሳስና፣ መርጓ (ኣንጎለ) ኣብ ዝብሃል ቦታ ኣብ ወሰን ፅርግያ ናይ ዝተቐትሉ ኣርባዕተ ሰባት ጅምላ መቓብር ሪእና። ቐፂልና፣ ናይ ሓደ ሽማግለ ሰብኣይ



“ናይ ክርስትያን ገዛ” ዝብል ፅሑፍ ብፍሩይ ፊደል ካብዝተፅሓፈሎም ገዛውቲ

ምኧኑ ዝተነገረና መቓብር ኣብ መንበሪ ገዝኡም ረኺብና። እቶም ሰብኣይ፣ ኣብታ ቐፅሪ ገዝኡም ብግፍዒ ዝተቐተሉ ምኧኖም ተነጊሩና። እዚ፣ ህድሞ እናተብሃለ ኣብ ዝፅዋዕ ቦታ ዝርከብ እዩ። እቶም ዝተቐተሉ ሰብኣይ ዘዕበዩዎ ከልቢ ኣብቲ መቓብሮም ኮፍ ኢሉ ርኢና። ኣብዚ ቦታ፣ ሂድሞ 1ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዝነበረ ኸይኑ እቲ ቤት ትምህርቲ ተጋሩ ተምሃሮ ጥራሕ ዝመሃርሉ ነይሩ፣ ሕዚ እዚ ቤት ትምህርቲ ሙሉእ ብሙሉእ ተቓፂሉን ዓንዩን ይረአ።

ኣብ ቀፃሊ ጉዕዞና ኣብ ማእኸል ከተማ ኣብ ዝርከብ መንገዲ ናይ ሓደ ሰብ መቓብር ረኺብና ሕልፍ ምስ በልና፣ ሓሙሽተ ሰባት ዝተቐበሩሉ ናይ ጅምላ መቓብር ረኺብና። ጉዑዞና እንትንቅፅል፣ ዓዲ ሓረመኒ ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ዓሰርተ ሰባት ዝተቐበርሉ ጅምላ መቓብር ረኺብና። ኣብቲ ከባቢ ሓረመኒ ዝበሃል ቤት ትምህርቲ ኣሎ። ኣብቲ ቐፅሪ ቤት ትምህርቲ ‘ውን 16ተ ሰባት ዝተቐበርሉ ጅምላ መቓብር ርኢና። ሕዚ ‘ውን ጉዕዞና እናቐፀልና እቶም ጨፍጫፋት ዝተገበረሎም ቦታታት ክንረክብ ሃልሃልታ ፀሓይ ኣብዓላ እናለብለበና ስነዳና ብኣጋ ክንውግን ብዘይዕረፍቲ ንጓየ ነይርና።

ኣብ ኣብዓላ፣ ዒቃ እናተብሃለ ዝፅዋዕ ናይ’ቲ ከተማ ዝተጠራቐመ ጎሓፍ ዝውገደሉ ቦታ ኣሎ። ኣብዚ ቦታ ምስቲ ጎሓፍ ብጅምላ ዝተቐበሩ ተጋሩ ልዕሊ 145 ከምዝኾኑ እቶም መሰኻኽር ሓቢሮምልና።

ትሕቲ ቻይና ካምፕ ኣብ ዝበሃል ቦታ 8ተ ሰባት ዝተቐበርሉ ጅምላ መቓብር ረኺብና፤ እንዳ ብርሃኑ ኣድሓኖም ገዛ ዝብሃል ከባቢ ሰለስተ ሰባት ብሓንሳብ ዝተቐበረሉ መቓብር፤ ኣብርሃ በርሀ ምስ ዝበሃል ሰብ ኣብ ኽልተ መቓብር 4ተ ሰባት ዝተቐበረሉ ቦታታት

ርኢና። ኣብ ዲነመል ዝበሃል ቦታ ሰለስተ ሰባት ብጅምላ ተቐቲሎም ዝተቐበርሉ ፤ ኣብ ከተማ ስጋ ቦርድ ዝበሃል ከባቢ ናይ ኽልተ ሰባት መቓብር፣ ኣብ ሸሪፎይ ዝበሃል ናይ ሕርሻ ቦታ ድማ 21 ሰባት ዝተቐበረሉ ቦታ ረኺብና። ኣብ ከባቢ ገረብ ዝተቐበሩ ብዙሓት ከምዝነበሩ ግን ብውሑጅ ከምዝተወሰዱ መሰኻኽር ዓይኒ ነጊሮምና። ኣብ ገለ ቦታታት'ውን ሬሳታት ሰብ ኣብ ሎሊ መሬት ርኢና። እዚ ብምስሊ ተቐሪፁ ዝተትሓዘ እዩ።

ዝወደቑ ሬሳታት ወዲሰብ እናተሳገርና 'ክተርፉ የብሎምን' ናብ ዝበልናዮም ቦታታት እናኸድና ምርመራን ስነዳን ብምቕፃል፣ እንዳ ሙሉ ከፈል ገዛ በፂሕና። እንዳ ሙሉ ከፈል፣ ናይ ሓሙሽተ ወርሒ ጥንሲ ዝነበራ ሰበይቶምን ድሕሪ 22 ዓመት ቦኽሪ ጓሎምን ኣብ መረባኦም ብዕጡቓት ዓፋር ብጥይት ዝተቐተላኦም እዮም። እቶም ሰብኣይ ኣስከሬን ሰበይቶምን ጓሎምን ኣብ መረባ ገዝኦም ባዕሎም ኰዒቶም ዝቐበሩ እዮም። ካልአይቲ ጓል 8ተ ዓመት ጓሎም ድማ፣ ዋላ'ኳ ብጥይት እንተተወቕዐት፣ ንግዜኡ ብህይወት ተሪፋ ናብ ሆስፒታል ዓይደር ኣትያ ነይራ። እንተኾነ፣ ድሕሪ ጊዜ ህይወታ ሓሊፉ። ሳልሰይቲ ጓሎም'ውን ብሓሙሽተ ጠያይቲ ኣብ ኢዳ ተወቒዓ ኢዳ ፓራላይዝ ኮይና ትረከብ። እቶም ኣቦ ኣብ መሪር ሓዘን ተሸሚሞም ኣብ መዕቖቢ ተመዛበልቲ ኰሓ ይነብሩ ኣለው። እቲ ጨፍጫፍ ኮነ ተባሂሉ ኣብ ስድራቤታት 'ውን ዘተኮረ ምንባሩ ዘራጉድ ታሪኽ ረኺብና። ኣብ ቀበሌ ዓሳልል ይነብር ዝነበረ ኣፅብሃ ወልዱ ዝተብሃለ ነባሪ ምስ ሓሙሽተ ደቁ ብግፍዒ ተጨፍጪፉ።

ሕልፍ ኢልና ዝሰማዕናዮ ድማ፣ ንመላእ ነበርቲ ኣብዓላ ብሞያ ሕክምና የገልግሉ ካብ ዝነበሩ ተጋሩ ሓኻይም፣ እቶም ከባቢ 47 ሓካይም፣ ብሓይልታት ዓፋርን ተሓባበርቶምን ኣብ መኪና ተፃዒኖም እንትውሰዱ ኣብ ወረዳ እረብቱ ብድሮን ከምዝተጨፍጨፉ እቶም መሰኻኽር ነጊሮምና። መምህር ብተምሃሪኡ፣ ነጋዳይ 'ውን ብሰራሕተኛኡ እናተሃደነ ብዘይንሕስያ ዝተቐተለሉ ኣጋጣሚ'ውን ነይሩ።


እንዳ ሙሉ ከፈል፣ ሰበይቶምን ጓል 22 ዓመት ቦኽሪ ጓሎምን ተቐቲለን ኣብ መረባኦም ዝተረኽበ ሬሳታት

ኣብ ከተማ ኣብዓላ መብዛሕትኦም ናይ ተጋሩ መንበሪ ገዛውትን ትካላት ንግድን ሙሉእ ብሙሉእ ዓኒዮምን ተጓሒሎምን ጋሕ ኢሎም ተኸፊቶም ይረኣዩ፤ ኣብ ፈቐዶ መንገዲ ናይ ዝተሰባበሩ ኣቑሑት፣ ኤለክትሮኒክስ፣ ብረታ ብረት፣ ጨርቃመርቂ ፈቐድኡ ተዘሪኡ ይርአ።


ኣብ ወሰን ፅርግያ ናይ ዝተቐተሉ 4 ሰባት ጅምላ መቓብር


ኣብ ኣብዓላ፣ ተጋሩ ዝጥቀምሉ ዝነበረን ብሙለእ ዝዓነወ ን እንዳ ሚካኤል ቤተ ክርስትያን

ኣብያተ እምነት'ውን ግዳያት እቲ ኲናት እየን። ኣብ'ቲ ቦታ ናብ ዝርከብ እንዳ ሚካኤል ቤተ ክርስትያን ኣ እንትነምርሕ፣ እቲ ቤተ ክርስትያን ሙሉእ ብሙሉእ ዓንዩ፣ ንዋየ ቅድሳቱ ድማ ተጓሒሎም ይረኣ። ናብ ቤተ ክርስትያን ቅድስት ማርያም ቐፂልና፤ ካብ ጉልላቱ ጀሚሩ ብኸቢድ ብረት ተወቒዑ፣ መስትዋቱ ረጊፉ፣ ናይ ውሽጢ ንዋቱ ብሙሉእ ተቓፂሉ ይርከብ። እንዳ ስላሴ ቤተ ክርስትያን'ውን ብተመሳሳሊ ከምዘሎ ተቓፂሉን ዓንዩን። ጉጅለ ምርመራ ኮሚሽን፣ እዚ መረዳእታ እንትንእክብ ብዙሕ ሓበሬታን መረዳእታን ክንረክብ ካብቲ ጨፍጫፍ ብተኣምር ዝተረፉ ንድሕንነቶም ክብሃል ሽሞም ዘይጠቐስክዎም መሰኻኽር ዓይኒ ሓጊዞምና።



*ኣብ ከተማ ኣብዓላ ፈቖዶ መንገዲ ተሰባቢሮም ካብ ዝተደርበዩ ኣቑሑት፣ ኤለክትሮኒክስ...*

ኣብ ኣብዓላ ኣብ ወርሒ ታሐሳስ 2014ዓ.ም. ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልቲታት ንከተማ ኣብዓላ ሓዊሱ ግራ ገ/መድህን ንጉሰ፣ ማሽጓላ፣ ስጋ ቦርድ፣ ዲነመሊ፣ ማይ ኣውዓላ፣ ክሳድ ደባ፣ ሽሪፎይ፣ ዓሳልል፣ ሂድሞ፣ መርጓ፣ ዓዲ ጥልያን፣ ትሕቲ ቻይና ካምፕ፣ ዒቃ፣ ሓረመሊ ኣብ ዝበሃሉን ካልኦት ዘይተጠቐሱን ቦታታት ብጥይት፣ ብጊለን (ኣብቲ ከባቢ ዝጥቀምሉ ካራ)፣ ብረት (ብተለምዶ ቴንዲኖ እንብሎ) ዝኣመሰሉ ተጠቒሞም ልዕሊ 600 ንፁሃን ተጋሩ ነበርቲ ኣብዓላ ብግፍዒ ከም ዝተጨፍጨፉ እቶም መሰኻኽር ዓይኒ ሓቢሮምልና፤ ናይ ከባቢ 450 ሽም ዝርዝርን መረዳእታን ግዳያት ኣብ ኮሚሽንና ተሰኒዱ ይርከብ።

ኣብ ልዕሊ ትግራዋይ እዚ ኹሉ ጨፍጫፍ እንትወርድ፣ ብተፃራሪ ኣብ መንጎ እቶም ህዝብታት ዝነበረ ጥቡቕ ምሕዝነት ነባርን ቀፃልን ምዃኑ ዝተረደኦምን ሓላያትን ተቖርቆርትን ዝኾኑ ተወለድቲ ዓፋር ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተጋሩ ክሕብኡን ናብ ከባቢ ኵሓ ክሃድሙን ብምግባር ካብቲ ተሃቂኑ ዝነበረ ግፍዓዊ ጨፍጫፍ ከምልጡ ገይሮም እምበር በዝሒ ግዳያት ካብቲ ሐዚ ዝግመት ቑፅሪ ንላዕሊ ኣዝዩ ከምዝዛይድ ይግመት። ምሕዝነት ክልቲኡ ህዝቢ ብውሑዳት ግፍዐኛታትን ገበነኛታትን ከምዘይኹለፍ ‘ውን መርኣይ ኾይኑ።

ኣንፈትና ንመቐለ ገይርና ብዛዕባ ዝረኣናዮ ነገርን ዝገጠመናን እናዕለልና ውዕውዕቲ ዝነበረት ከተማ ኣብዓላ (ሽኸት) ሰብ ከም ዘይነብረሉ ዝባደመ ዘፍርሕን፣ ጭውጭው ዝበለ ከተማን (Ghost town) መሲሉ ኩሉ ገሃን መሃን ኾይኑ እንትትሪኦ ብጣዕሚ የሕዝን።

ብሰንኪ መንነቶም ግፍዕታት ዝበፅሖም ተጋሩ፣ ኣብዚ ፅሑፍ ኩሉ ዘርዚርካ ስለዘይውዳእ፣ ዝሓዝና ሒዝና ናብ መቐለ ተመሊስና። ካብ ኣባላት ጉጅለ መፅናዕቲ ’ውን ንሕማም ተቓሊዖም ሕክምና ዝኣተው ነይሮም። ከምዚ ዓይነት ጨፍጫፍ ዘበት ከይርሳዕ ዘበት ከይድገም።



*ኣብ ከተማ ኣብዓላ ዝተረኸበ ቅሪት*



*ኣብ ኣብዓላ ዝርከብ ነይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሂድሞ ብሙለእ ዓንዩ*

# ኣሰር ክይጠፍእ ...

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ቀዳምነት ሂቡ ካብ ዝሰርሖም ተግባራት፤ ምስናድ፣ ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታ ጀኖሳይድ ትግራይ ተጠቀስቲ እዮም። ቁሳዊ መረዳእታ ንምስኻዕ ዓበይቲ ዕላማታት ክውዕል ይኽእል። ካብቶም ዕላማታት ገሊኦም፡ ንኽብርን ዝኽርን ግዳያት፣ ንመረዳእታ ስራሕቲ ምርግጋፅ ፍትሒ፣ ንመወከሲ ምርመራታት፣ ንመምሃሪ ቀፃሊ ወለዶ፣ ከምኡ'ውን ንሕውየትን ዳግመ ህንፀትን፣ ዝብሉ ይርከቡዎም።

ዳርጋ ኩሎም ከባቢታት ዘሰንብዱ ግፍዓዊ ጨፍጫፋት ዝተፈፀመሎም እዮም። ኣብ ሕድሕድ ገዛ ተጋሩ ክስነድ ዝግብኦ ኣሰር ጀኖሳይድ ኣሎ። ናይዚኦም ኣሰር ከይጠፍእ ኣብ ምሕላው ድማ ሕድሕድ ትግራዋይ ሓላፍነት ኣለዎ። እንተኾነ፣ እንተስ ብዘይፍላጥ እንተስ ብሸለልትነት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ቁሳዊ መረዳእታ ይጠፍእ ምህላዉ ዝምልከት ሓበሬታ ናብ ኮሚሽንና ይመፅእ እዩ። ዘይተፀንዑ ዝተፈላለዩ መረዳእታታት ካብ ቦታኦም ይለዓሉ ከም ዘለዉ ሓበሬታት ይቐርብ እዩ። እዚ ንትግራይ ዓብዪ ኪሳራ እዩ። ስለዚ በዚ መዳይ ኣብ ሕብረተሰብ ስራሕቲ ምፍጣር ንቕሓት (awareness creation) ምስላጥ የድሊ። ምስ ጀኖሳይድ ትግራይ ተተሓሒዙ ኣበይ እንታይ ከምዘሎ ነፂርካ ንምፍላጥን ንምዕቃብን ድማ ውህደት ናይ ህዝቢ ዓቕሚን ፍልጠት ሰብ ሞያን የድሊ።

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ኣብ መሬት ትግራይ ዝተፈፀሙ ኣሰራት ገበን ኣብ ምእካብን ምዕቃብን ሰፊሕ ስራሕ እናሰርሐ ይርከብ። እንታይነት ክእከቡ ዝግበኦም ቁሳዊ መረዳእታታት ከከም ኸባቢኡን፣ ኣገባብን መሳርሕታትን፣ ከምኡ 'ውን መንነት፣ ዕድመን፣ ፆታን ግዳያት ክፈላለ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ ብሓፈሻ ግን ነዞም ዝስዕቡ ዝ መረፍ መሳርሕታት ኩናት፣

- ስቅያት ዝተፈፀመሎም ቦታታትን ናውትን፣
- ፎቶግራፋት፣ ቪድዮታትን ኦድዮታትን፣
- ከም ቃለ-ጉባኤታትን ልውውጣት ሓበሬታ ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ሰነዳትን፣
- ናይ ግዳያት መንነት ዘመላኽቱ መለለዪ መንነት/ታሴራ፣
- ግዳያት ተኸዲኖምዎም ዝፀንሑ ክዳውንቲ፣ ጫማታት፣ መዕጠቒ ስረ፣ ውሸጢ ስረ፣ ውሸጢ ቀምሽን መትሐዚ ጡብን፣
- ህፃናት ዝመሃሩሎም ዝነበሩ ደፋትርን ናውቲ ትምህርትን፣
- ሓካይም ዝጥቀምሎም ዝነበሩ ዩኒፎርምን ካልኦት መሳርሒታትን፣
- ግዳያት ንግሎም ዝጥቀሙሎም ዝነበሩ ከም ናይ ኣዝማልቶ ሰፈር፣ ሽቶ መትሓዚ፣ መሰንተር፣ መነፅር፣ መትሓዚ ጨጉሪን ካልኦት መመላኸዒ ወይ መገልገሊ ናውትን፣
- ግዳያት ሕዱር ሕማም መድሓኒት ብምስኣን ንዝሞቱ ክወስዱዎ ናይ ዝፀንሑ መድሓኒት መትሓዚ፣
- ግዳያት ኣካል ጉድኣት እንተነይሮም ዝጥቀምሎም ዝነበሩ ከም ክራንቸ፣ ዊል ቸር፣ ብሬል፣ መሐገዚ መስመዒ ወዘተ፣
- ንፎረንሲክ ምርመራ ክጠቕሙ ዝኽእሉ ናሙናታት ወዘተ

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ መረዳእታት ተኣኪቦምን ተዓቂቦምን ነቲ ዝድለ ዕላማ ክውዕሉ ምስራሕ ኣገዳሲ እዩ። ኮ.መ.ጀ.ት ዝተወሃሃደ ዳህሳስ ብምክያድ ብቃለ መሕትት፣ ምርመራን (investigation) ካልኣይ መረዳእታን (secondary data) ዛጊድ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ መረዳእታታት ኣኪቡ ሒዙ ኣሎ። ኣብ እንታይነትን ኣድላይነትን ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይን ምጥያሽ ሙዚየማትን ዝምልከት ግን ዝምልከቶም መድረግቲ ኣካላትን ምምሕዳር ዞባታትን



ጅምላ መቓብራት ማይካድራ



ካብ ማህፀን ግዳያት ደቂ ኣንስትዮ ዝተረኸቡ ባዕዳዊ ነገራት


ኣብ ማርያም ደንገላት ዝተረኸበ ናይ ግዳያት ጫማሙ


ዕንወት ናዉቲ ዘመላኽት ፎቶግራፍ


ስቅያት ዝተፈፀመሎም ቦታታትን ናውትን

ተሳቲፎምሉ ክስራሕ ዝግብኦ ዓብይ ውራይ ስለዝኾነ ኣብዚ መዳይ ኣመሓደርቲ፣ ሰብ ሞያን መላእ ሕብረተሰብን እኹል ግንዛበ ክሕዝን ኣብ'ቲ ስራሕ ቐፃልነት ዘለዎ ንቕሕ ተሳታፋይ ንክኾንን ንምኽኣል ዋዕላታት ምኽክር ብብርኪ ዞባታት ኣሳሊጡ እዩ። ነዚ ተፈፃሚ ንምግባር'ውን ኮ.መ.ጀ.ት ብመሰረት መጣየሺ ኣዋጅ 362/2014 ዓ.ም ዓንቀፅ 26/2/ ዝተውሃቦ መምርሒ ኣፈፃፅማ ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣብ ወርሒ ጥሪ 2016 ዓ.ም "ዝተመሓየሸ መምርሒ ምእካብ፣ ምዕቃብን ምፅጋንን ብምኽንያት ኲናት ጀኖሳይድ ትግራይ ጉድኣት ዝበፅሖም ንብረታትን ኣሰራት ገበንን" ኣውፂኡ ንኹለን ወረዳታት ክባፃሕ ገይሩ እዩ። እዙይ መምርሒ ሕድሕድ ምምሕዳር ከተማ ይኹን ወረዳ ናይ ባዕሉ ኮርነር ጀኖሳይድ ክህልዎ፣ ከምኡ 'ውን ሕድሕድ ማሕበራዊ ትካል መንግስቲ፣ ውልቀ ትካላትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ናይ ባዕለን ኮርነር ጀኖሳይድ ክህልወን ዝብሉ ዕላማታት ዝሓዘለ እዩ።

ኣብ ከይዲ ግዜ ዘይተኣከቡን ዘይተዓቀቡን መረዳእታት ቆላሕታ ተገይርሎም ግቡእ ከይዲ ምፅራይን ስነዳን ክሳዕ ዝግበረሎም ጥንቃቐ ምግባር የድልይ። ኣብ ኢድ ውልቀ ሰባትን ማሕበረሰብን ዝርከቡ መረዳእታት ተረሲዖም ከይተርፉ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዉ ልምድታት ብምቕሳም ክዕቀቡ ይግባእ።

ኣብ 1994 ኣ.ን. ኣብ ሩዋንዳ ዝተፈፀመ ዕንተት ክሳዕ 800 ሽሕ ሰባት ከም ዘጥፈአ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ። ጀኖሳይድ ሩዋንዳ ኣብ ዘላቒ ዕቀባን ክንክንን መረዳእታ፣ ኽብሪ ግዳያት መሰረት ዝገበረ ከይዲ ስነዳን ኣሳታፊ ህንፀት መዘክርን ትምህርቲ ክውሰደሉ ዝግባእ ተሞክሮ እዩ። ኣብ ከይዲ ምእካብ መረዳእታን ምምስራት መዘከራትን፣ ዘመናዊ መዘክር ዝተጨፍጨፉ ሰማእታትን ህንፀት ሙዝየምን ውን ካብቶም ብኣወንታ ዝጥቐሱ ልምድታት እዮም። ጀኖሳይድ ሩዋንዳ በቢዓመቱ ክኽበር፣ ንመምሃርን ምርመርን ክበቅዕ፤ ንቀፃሊ ከይድገምን ከይርሳዕን ዝተዋደዱ ስራሕታት ተሰሪሖም እዮም።

ኣብ ታሪኽ ጀኖሳይድ ዓለም ዓብይ ትምህርቲ ካብ ዝህቡ ልምድታት ሓደ ቃልሲ ሕቶ ኣፍልጦ ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ይጥቀስ። ኣርመናውያን ቅድሚ 100 ዓመታት ዝተፈፀሞም ዕንተት ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዜጋታት ከም ዝሰኣኑ ይግለፅ። ኣርመናውያን ዓሰርተታት ዓመታት ደኣ ይሕለፉ ምበር መረዳእታ ሃሲሱ እዩ፤ መርትዖ የብልናን ኢሎም ሰቕ ኣይበሉን። ዋላኳ ፖለቲካዊ ፀገማት፣ ጅምላ መቓብራት ናይ ምርካብ ክፍተት ከምኡ ውን ፎረንሲክ ምርመራ ንምክያድ ከበድቲ ፈተናታት እንተነበሩዎም፤ ታሪኻዊ ናይ ግዳያት ምስክርነትን ናይ ዳያስፖራ ሰነዳትን መሰረት ዝገበረ ምእካብ መረዳእታ ብምክያድ ንፍትሕን ተሓታትነትን ክውዕል ረዚን ቃልሲ ኣካይዶም። ሰፊሕ ማእከል ቤተ መዘክርን ምርምርን ብምህናፅ ኣሰር ጀኖሳይድ ኣርመናውያን ከይጠፍእ ሰሪሖም። ኣብዚ ተሳትፎ ድያስፖራ ኣርመናውያንን ልዑል ነይሩ። ዘካየድዎ ዘይሕለል ዲፕሎማሲያዊ ምንቅስቓስ ውን ዓብይ ኣበርክቶ ነይርዎ።

ኣሰር ጀኖሳይድ ትግራይ ኣብ ምዕቃብ ኮሚሽን መፅናዕቲ ትግራይ ዘካይዶም ዘለዉ ስራሕቲ ተሳትፎ ኩሉ ሕብረተሰብ ዝጠልቡ እዮም። ኣብ ኣተኣኻኽባን ረብሓን መረዳእታ፣ ተሳትፎ ሕብረተሰብ፣ ትግበራ ሳይንሳዊ ሜላታት፣ ህንፀት ቤተ መዘክር ጀኖሳይድ ግዜ ዝሓትትን ዝተሓላለኸን ምኽኑን ፅልዋ ፖለቲካዊ ኩነታትን ካብቶም ዓለማዊ ልምድታት ትምህርቲ ዝውሰደሉ እዩ። ኣብ ኢድ ሕድሕድ ተጋሩ ዝርከብ ኣሰር ጀኖሳይድ ትግራይ ከይጠፍእ ብሄራዊ ሓላፍነትና ክንዋፃእ ይግባእ። ፍትሕን ተሓታትነትን ከይተረጋገፀ ኣሰር ዕንተታ ትግራይ ከይሃስስ ንስራሕ።

# ሓፀርቲ ፍፃመታት

## ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታት ጀኖሳይዳዊ ኩናት ትግራይ




መረዳእታታት ኣኪብኻ ኣብ ሚዚዮማት ዓቂብኻ ምሓዝ ንፍትሒ...፣ ንታሪኽ ከይርሳዕን ከይድገመን ወለዶዳት ክመሃርሉን 'ምበር ሕነ ንምፍዳይ ኣይኮነን። "

ብኣሰናዳእነት ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮ.መ.ጀ.ት) ብብርኪ ዞባ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ትግራይ፣ ኣብ ዓብይ ዓዲ፣ ኣኽሱም፣ ሽረ እንዳስላሴ፣ ዓዲግራት፣ ውቕሮ፣ ማይጨው፣ ደቡብ ምብራቕን መቐለን፤ ካብ ዝተፈላለያ ወረዳታት ዝመፁ ተሳተፍቲ ዝተረኸቡሉ ኣብ እንታይነትን ኣድላይነትን ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ዝምልከቱ መድረኻት ምኽክር ተሳሊጦም። እቶም መድረኻት፣ ብሓፈሻ ሕብረተሰብ ብፍላይ ድማ ኣማሓደርቲ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ዓበይቲ ዓዲን ሰብሞያን ሕድሕድ ከባቢታት ኣብ ስራሕቲ ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታትን ኣሰር ገበናትን ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ንቑሕ ተሳትፎ ንኽገብሩ ዕላማ ዝገበሩ እዮም።

ኣብ'ቲ ብዕለት 9 ሰነ 2017ዓ.ም. ኣብ መቐለ ዝተኻየደ መዛዘሚ መድረኽ ምኽክር ዝተረኸቡ ፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ሌ/ጀነራል ታደሰ ወረደ ኣብ ዘሕለፉዎ መልእኽቲ፣ "መረዳእታታት ኣኪብኻ ኣብ ሚዚዮማት ዓቂብኻ ምሓዝ ንፍትሒ ኣብ እንገብሮ ምንቅስቓስ ወሳኒ ግደ ኣለዎ፤ ከምኡ 'ድማ ንታሪኽ፣ ከይርሳዕን ከይድግመን ወለዶዳት ክመሃርሉን ምግባር ደኣ 'ምበር ሕነ ንምፍዳይ ኣይኮነን" ኢሎም።

ኣብዞም መድረኻት፣ ብዛዕባ ስራሕቲታት ኮሚሽን፣ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ገበናት ከም መርኣይ ጀኖሳይድ፣ ዝርዝር ትሕዝቶ መምርሒ ዕቀባ ቁሳዊ መረዳእታታትን ከምኡ 'ውን ኣድላይነትን ሳይንሳዊ ሜላ ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታት ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ ዝምልከቱ ኣርባዕተ ፅሑፋት ብተኸታታሊ ምስ ቐረቡ ጉጅለኣወን ሓፈሻውን ምይይጣት ተኻይዶም ኣብ መወዳእታ ድማ ኣብ ኣድላይነት ምእካብን ምዕቃብን ቁሳዊ መረዳእታታት ምርድዳእ ተበፂሑ።



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ መቐለ



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ ማይጨው



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ ዓዲግራት



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ ውቕሮ



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ ኣኽሱም



ዋዕላ ምኽክር ኣብ ከተማ ሽረ

# ሰሙነ ዝኽሪ ጀኖሳይድ ትግራይ ብጨረፍታ



ዝኽሪ ሰማእታት ማይ ካድራ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ

## ዝኽሪ ሰማእታት ማይ ካድራ

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮ.መ.ጀ.ት.) ምስ ምምሕዳር ዞባ ምዕራብ ብምትሕብባር ዝኽሪ 4ይ ዓመት ጨፍጫፍ ንፁሃን ተጋሩ ማይካድራ፣ ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን! ብዝብል መሪሕ ቃል 01 ሕዳር 2017 ዓ.ም. ኣብ ምምሕዳር ዞባ ሰሜን ምዕራብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ተዘኪሩ። ኣብቲ መድረኽ ካብ ማይካድራን ካልኦት ከባቢታት ምዕራብን ዝመፁ ተወከልቲ ኣብቲ ዝተፈፀመን ዝፍፀምን ዘሎን ጀኖሳይድ ኣመልኪቶም ምስክርነት ሂቦም እዮም።



ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ከተማ ዓዲግራት

## ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ዓዲግራት

ኮ.መ.ጀ.ት ምስ ምምሕዳር ዞባ ምብራቕ ብምትሕብባር ዝኽሪ ራብዓይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ “ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!” ብዝብል መሪሕ ቃል ዕለት 19 ሕዳር 2017 ዓ.ም ኣብ ምምሕዳር ዞባ ምብራቕ ከተማ ዓዲግራት ተዘኪሩ እዩ። ኣብቲ መድረኽ ጀኖሳይድ ትግራይ እንትንዝክር ንከይርሳዕን ከይድገምን፣ ፍትሒ ክረጋገፅን መፃኢና ውሑስ ክኾውንን ዕላማ ዝገበረ ክኾውን ክስራሕ ከም ዘለዎ ተገሊፁ እዩ። ኣብ ዘለናሉ መዋእል ከጋጥም ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዘይሕሰብ ጀኖሳይድ ትግራይ ከምዘጋጠማ ድሕሪ ምሕባር፣ ሐዚ’ውን ኣብ ሰላሕታዊ ፅንተት ከም እትርከብ ተሓቢሩ እዩ።

## ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ኣኽሱም



ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ከተማ ኣኽሱም

ኮ.መ.ጀ.ት ምስ ምምሕዳር ዞባ ማእኸል ብምትሕብባር ዝኽሪ ራብዓይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ “ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!” ብዝብል መሪሕ ቃል ዕለት 19 ሕዳር 2017 ዓ.ም ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእኸል ከተማ ኣኽሱም መድረኽ ዝኽሪ ተኻይዱ። ኣብ ከተማ ኣኽሱም ካብ ንእሽተይ ክሳብ ዓብይ ብግፍዒ ዝተጨፍጨፍሉ ግፍዓዊ ፍፃመ ከይድገም ከይርሳዕ ብምባል ንዝተፈፀመ ጨፍጫፍ ፍትሕን ተሓታትነትን ክረጋገፅ ኩሉ ሓጋዛይ ክኾውን ፃውዒት ቀሪቡ። ኣብ ምሉእ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተት ከይርሳዕን ክዝከርን ክስራሕ ከም ዘለዎ ኣብ ምርድዳእ ዝተበፅሐሉ ዝኽሪ ነይሩ።

## ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ዞባ መቐለን ዞባ ደቡብ ምብራቕን



ኮ.መ.ጀ.ት ምስ ምምሕዳር ዞባ መቐለን ዞባ ደቡብ ምብራቕን ብምትሕብባር ዝኽሪ ራብዓይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ “ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!” ብዝብል መርሕ ቃል ዕለት 22 ሕዳር 2017 ኣብ ከተማ መቐለ ተሳሊጡ። እቲ ዝበፅሑና ጀኖሳይድ ብዝግባእ ክንዝክሮን ክሳብ ምርግጋፅ ፍትሒ ክነብፅሖን እናተገብአና ሽለልትነት የጥቀዐና ከምዘሎ ብምሕባር ዘየደቅስ ሒዝና ደቂስና ንሓድር ኣለና ክብሉ ተሳተፍቲ ገሊፆም። ሐዚ ውን ዳግማይ ጀኖሳይድ ከይፍፀመና ኣድላዩ ሓድነትና ብምጥንኻር ምስራሕ ከምዘድሊ መልእኽቲ ዝተመሓላለፈሉ መድረኽ ነይሩ።



## ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ቦራ ቾለና

ኮ.መ.ጀ.ት ምስ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ብምትሕብባር ዝኽሪ ራብዓይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ “ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!” ብዝብል መሪሕ ቃል ዕለት 21 ሕዳር 2017 ዓ.ም. ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ወረዳ ቦራ ቾለና ዝተኻየደ መድረኽ። ሓይልታት ፅንተት ንገዛ ብምኻድ ንፁሃን ነበርቲ ወረዳ ቦራ ቾለና ብግፍዒ ዝጨፍጨፍሉ፤ ኣብ ብዙሓት ወገናት ፆታዊ ጥቕዓት ዝፈፀሙሉ፣ ልዕሊ 300 ገዛውቲ ዘቓፀሉሉ፣ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ እንስሳት ዝሓረዱሉን ዝዘረፉሉን፣ መንግስታውን ውልቃውን ትካላት ዘዕነዉሉ፣ ትካላት ሃይማኖት ዘራኸሱሉን ዘዕነዉሉን ተግባር ከይርሳዕን ከይሃስስን ንምርግጋፅ ፍትሕን ተሓታትነትን ሓበራዊ ቃልሲ ምግባር ከምዘድሊ ዝተሓበረሉ መድረኽ ነይሩ።

## ዝኽሪ ሰማእታት ኣብ ሽረ እንዳስላሰ



ኮ.መ.ጀ.ት ምስ ምምሕዳር ሰሜን ምዕራብ ብምትሕብባር ዝኽሪ ራብዓይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ “ ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!” ብዝብል መሪሕ ቃል ዕለት 22 ሕዳር 2017 ዓ.ም. ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ተዘኪሩ። ሓይልታት ፅንተት ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መንነት መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ኣብ ህፃውንቲ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ሽማግለታትን መናእሰይን፣ መንነት፣ ቋንቋን ባህልን መሰረት ዝገበረ ገበን ዝተዘከረሉ መድረኽ ነይሩ። ኣብቲ ዝኽሪ ወረርቲ ሓይልታት ዘካየድዎ ፅንተት ንምዝካር ጥራሕ እንተይኮነስ ፓለቲካዊ ፀገምና ቀሪፍና ናይ ጀኖሳይጅ መረዳእታ ብዝግባእ ሰኒድና ፈፀምቲ ኣካላት ናብ ተሓታትነት እነሰጋግረሉ ክኸውን ምስራሕ ከምዘድሊ ዝተገለፀሉ መድረኽ ነይሩ።

# ሰልፊ “ይኣክል” ድምፂ ተመዛበልቲ ተጋሩ

ኣብ ማእኸል ተመዛበልትን መዕቖቢ ስደተኛታትን ዝርከቡ ተጋሩ ናብ መረበቶም ክምለሱ ከይተሓለሉ ኣብ ምሕታት ይርከቡ። እዞም መዓልታዊ ከቢድ ናብራ ስደትን ምምዝባልን ዘሕልፉ ዘለዉ ወገናት ካብታ ብግፍዒ ካብ መረበቶም ዝፈናቐሉላ ዕለት ጀሚሮም ዘቕርብዎ ዘለው ምሕፅንታ ሰማዒ ኣይረኸበን። ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ዝተፈላለዩ ሰለማዊ ሰልፍታት ብምድላው ፌደራል መንግስቲ፣ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይን ዓለምለኸ ኣደራደርቲ ኣካላትን ንጉዳይ ተመዛበልትን ስደተኛታትን ቆላሕታ ክህቡ ፃውዒት ኣብ ምቕራብ ይርከቡ።

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ከተማ መቐለ ኣደባባይ ሮማናት ንሰለስተ መዓልቲታት ፀሓይን ቁርን እናተፈራረቖም፣ ውዒሎም እናሓደሩ ቀንዮም። እዚ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ተመዛበልቲ ዝተሳተፍሉ ሰልፊ፣ ብፍላይ ዕለት 13 ሰነ 2017ዓ.ም. ሰራሕተኛታት መንግስቲ ስራሕ ደው ብምባል፣ ነበርቲ መቐለን ከባቢኣን ’ውን ዝተረኸቡሉ ዓብይ ሰላማዊ ሰልፊ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ዝርከቡ ተመዛበልቲ ’ውን ብተመሳሳሊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣሳሊጦም ’ዮም።

“ይኣክል” ዝብል ከም ዋና ጭርሖ ሒዞም፣ “ስምምዕ ፕሪቶርያ ብሙሉእነት ይተግበር”፣ “ናብ መረበትና መልሱና”፣ “ 5ይ ኽረምቲ ኣብ ኬንዳ ኣይንነብርን” ዝብሉን ካልኦትን ቴማታት ሓዊሶም ድምፆም ዓው ኣቢሎም እናስምዑ ቐንዮም። ብሰላሕታዊ ፅንተት፣ ብጥሜት፣ ሕማምን ሞትን ስቓይን መከራን እናረአዩ 5ይ ዓመት ክረምቲ ዘርክቦም ዘለው ተመዛበልቲ፣ ሐዚ’ውን ኣብ ሚሕር ሻቕሎት ኾይኖም “ናብ መረበትና መሉስና...” ዝብል ምሕፀንታ እናደጋገሙ የስምዑ ኣለው።

ብተመሳሳሊ ኣብ ወፃኢ ሃገራት፣ ኣብ ጀኔቫን ካልኦት ከተማታትን ድምፂን ስቓይን ተጋሩ ንምስማዕ፣ ኣብ ትግራይ ንዝሳለጡ ዘለው ሰልፍታት ተመዛበልቲ ድጋፍ ንምሃብን ሰለማዊ ሰልፊ ብምግባር ማሕበረሰብ ዓለም ቆላሕታ ክገብረሉ ምሕፀንታታት ብምቕራብ ድምፆም ኣስሚዖም።

ኣብዞም ሰልፍታት፣ ሓለፍቲ ኣብያተ ዕዮ፣ መራሕቲ ሃይማኖት፣ ሲቪል ማሕበረሰብ፣ ስነ ጥበበኛታትን ውዱባት ፖለቲካን ዝተፈላለዩ መልእኽትታቶም ኣማሓላሊፎም፤ ነዚይ ድማ ዝተፈላለያ ሚድያታት ፀብፂበንኦ።

*(ኹነታት ተመዛበልቲ ዝምልከት ፅሑፍ ኣብ ገፅ 6 ይርአዩ)*



ሰልፈኛታት ኣብ ከተማ መቐለ፣ ኣደባባይ ሮማናት



ሰልፈኛታት ኣብ ከተማ ዓዲግራት




ሰልፈኛታት ኣብ ጀኔቫ፣ ኣስትሪያ

# ጨፍጫፍ ህፃናትን ደቂ ኣንስትዮን ዓዲ-ኣዉዓላ

## ማእኸላይ ኣድያቦ

እዋኑ 20 መስከረም 2015 ዓ.ም ነይሩ። እቲ ግዜ፣ ኲናት ትግራይ ዝተጎሃሃረሉ ወቕቲ ነይሩ። ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ማእኸላይ ኣድያቦ ጣብያ ዓዲ-ኣዉዓላ ናብ እትርከብ ሓበላ ናብ ዝተብሃለት ንእሽተይ ቁሸት መፁ። ኣብቲ ዕለት ብርሑቕ ዝስማዕ ቶኽሲ ዘሰንበደን ክልተ ደቂ ተባዕትዮ ዝርከብወን 33 ደቂ ኣንስትዮ ምስ ቆልዑተን ገዝአን ገዲፈን ሃደማ። እዘን ኣብ ገዝአን ምዕናሕ ንህይወተን ሓደጋ ከየስዕበለን ብምስጋእ ዝወፃ ኣዶታትን ኣዋልድን ኣብ ገዛ ሓደ ሽሞም ብምስጢር እንሕዘሎም ገባር ኣዕቍበን ነበራ። ካብቶም ምስተን ደቂ ኣንስትዮ ዝነበሩ ደቂ ተባዕትዮ እቶም ሓደ ወዲ 85 ዓመት ሽማግለ እንትኾኑ፣ እቶም ካልኣዋይ ድማ ወዲ 65 ዓመት ዓይነ-ስዉር ሰብኣይ ነይሮም።




እቲ ብርሑቕ ዝስማዕ ኲናት ነተን ደቂ ኣንስትዮ ዕረፍቲ ስለዝኸልኣን፣ ትኹረተን ንምቕያር ቡን ከፍልሓ ወሰና። ቡን ከቕርባ እንትዳለዋ ግን ካብ ደገ ናይ ወተሃደራት ድምፂ ሰምዓ። ከባቢ ሰዓት ሓደ ናይ ንጉሆ እዩ ነይሩ። እቶም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ገዛ ንገዛ እናዘሩ ይፍትሹ ነይሮም። እተን ደቂ ኣንስትዮ ከምዝፈርሓአ እቶም ወተሃደራት ናብ'ቲ ዘዕቆባሉ ገዛ መፁ። እቲ በዓል ገዛ ከም ካልኦት ዓቕሚ ዝፈቐደሎም ነበርቲ እቲ ቁሸት ናብ በረኻ ከይዱ።

እቶም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ነተን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ረኸቡወን ካብቲ ገዛ ንደገ ክወፃ ኣዚዞም ፍተሻታት ኣካየዱ። ንንዉሕ ዝበሉ ደቓይቕ ዝፀንሐ ምርመራ ገበሩለን። ንሳተንን እቶም ምሳእተን ዝነበሩ ክልተ ደቂ ተባዕትዮን ሲቪላት ምዃኖም ንምርዳእ ብዙሕ ፈተኑ። ኣፈራሪሖም ናብቲ ገዛ ተመሊሰን ከኣትዋ ነገሩወን። ድሕሪኡ ዝገደፉወን መሲሉወን 'ተሪፍና ኢና፣ ህፃናት ዝሓዝና ደቂ ኣንስትዮ ምዃንና ሪኦም ኣለዉ" ብምባል ናብ'ቲ ገዛ ተመሊሰን ኣተዋ። ከምቲ ገይረንኦ ዝፀንሓ ነቲ ገዛ ብዉሽጢ ሸገጥኦ። እቶም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ከምዝኸዱ ርግፀኛታት ነይረን። ኲሉ ነገር ፀጥ በለ። እቶም ወተሃደራት ከምዝኸዱ ኣምሲሎም ኣፅቀጡ። ድሕሪ ደቓይቕ፣ ካብኣ'ተን ሓንቲ ሰላም ታደሰ ዝተብሃለት ጓል 22 ዓመት ኣደ፣ ቆልዓ ሓቚፋ፣ ካብቲ ገዛ ጎዱያ ክትወፅእ ንቲ በሪ ጋሕ ኣቢላ ከፈተቶ። ካልኦተን'ውን ካብቲ ገዛ ክወፃ ተጓየያ። ኣብቲ በሪ ኮይነን እንትሪኣ ግን እቶም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ንቲ ገዛ ኸቢቦም በርባዕቲኡ ኣንፈት ጠበናጁኦም ኣቀባቢሎም እናተፀበይወን ረኣያ።

ንድሕሪተን ክምለሳ ግዘ ከይሃቡወን፣ ሞጅሙዕ ተኹሲ ኣዝነቡለን። እታ ናይ 8 ወርሒ ህፃን፣ ኣብ ሕቝፊ ኣዲኣ እንከላ ቀዲማ ተቐትለት። ኣዲኣ'ውን ሰዓበታ። እቲ ገዛ ብኹሉ ኣንፈት ጠያይቲ ዘነቡዎ። እቶም ወተሃደራት ነተን ኣብቲ ገዛ ዝነበራ ብሙሉአን

ቀቲልናየን ኢና ኢሎም ምስ ሓሰቡ፣ ነቲ ተኹስታቶም ዋላ'ኳ ደዉ እንተበሉ፣ እቲ ቀዲሞም ዘካየዱዎ ቶኽሲ ከቢድ ጉድኣትን ዕንወትን ኣብፅሐ።

ኣብ ዉሽጢ እቲ ብትኪ ቁምቡላታትን ብጨና ሬሳታትን ዝተዓፈነ ገዛ እተን ዘይሞታ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትሕቲ ሬሳታት ኣትየን ተሓብኣሞ ድምፀን ኣጥፈኣ። ኩሉ ነገር ፀጥ በለ። እቶም ወታደራት ንኹለን ከምዝቐተሉ ምስ ተኣማመኑ ካብቲ መረባ እቲ ገባር ወፅዮም ከዱ።

ሰራዊት ኤርትራ ብዝፈፀሙዎ ጨፍጫፍ ኣብቲ ገዛ ካብ ዝነበራ 33 ደቂ ኣነስትዮ ዓሰርቲኣን ብሓደ ግዘ እንትሞታ፣ ሓንቲ ጉድኣት በፂሕዋ ዝፀንሐት ጓል ኣንስተይቲ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ብስእነት ሕክምና ዓረፈት።

እተን ብተኣምር ካብቲ ጨፍጫፍ ዝተረፋ ደቂ ኣንስትዮ ነቶም ሬሳታት እናነተታ ኣዉፂኤን ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ መቓብር ክወስዳ ወላ'ኳ እንተደለያ ንበ ሬሳታት ምሽካም ኣይተኽኣለንን። ስለዚ ክንዲ ዝኸኣላኦ እናነተታ ኣዉፂኤን ኣብቲ ናይ ገባር መረባ ሓመድ ከኸድንኦም ፈተና። ሽዱሽተ ኣስከሬናት ኣብ መረባ እቲ ገዛ ቀበረኦም። እቶም ዝተረፉ ሓሙሽተ ሬሳታት ግን ንትሽዓንተ መዓልታት ኣብ ዉሽጢ እቲ ገዛ ከይተቐበሩ ፀኒሖም። ነዘን ግዳያት ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝኣክል ግቡእ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ከይተገበረለን ፀኒሑ። ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ግን ካብቶም ዝተጨፍጨፉ ሸሞንተ ኣብ እንዳ ማርያም፣ እቶም ሰለስተ ድማ ኣብ እንዳ ገብርኤል ኣብያተ ክርስትያን ክቐበሩ ክኢሎም። ኣብቲ ገዛ ካብ ዝነበራ ዋላ ሓንቲ ጉድኣት ከይበፅሓ ዝወፀት የላን። ሸሞንቲኣን ከቢድ ጉድኣት በፂሕወን ብህይወት ተሪፈን። ኣብቲ ግዘ ናይ ሕክምና ሓገዝ ስለዘይነበረ እተን ጉድኣት ዝበፅሐን ደቂ-ኣንስትዮ ነንባዕለን ቁስለን ብጨዉን ማይን ብምሕፃብ እየን ህይወተን ከቐፅላ ክኢለን።

ካብተን ኣብቲ ጨፍጫፍ ነይረን ዝተረፋ ሓንቲ ምስክር ዓይኒ ከምዚ ትብል፦ "ሲቪላት ምዃንና ሪኦምና እዮም። ነቲ ገዛ ፈትሾምዎ እዮም። ኮነ ኢሎም ከጥፍኡና ዕላማ ገይሮም ስለዝመፁ ናብ ምቕታል ኣትዮም።...ገሊኦም ወታደራት 'ግደፍ! ቆልዓ ሰበይቲ ኣንድየን ግደፍ' ኢሎም ነይሮም። ገሊኦም ግን 'በለን! ወድኣየን ኣብቲ ገዛ ኣእቲኻ ቅተለን! ንፍሉይ ሓይሊኮ ሰንኪተን ይቕልባ ነይረን እየን እዚኣን...ዘይንሰንክ ንዓና መን ይቃለሰና ነይሩ?' ዝበሉ ነይሮም"።

እተን ብህይወት ዝተረፋ መሰኻኽርና ከምዝነገራና፣ ደሓር ወፅየን ንቲ መንደረን እንትሪኣ ብዙሓት ገዛዉቲ ገባራት ተቓፂሎምን ዓንዮምን። ብፍላይ ገዛዉቲ ሰለስተ ገባራት ሙሉእ ብሙሉእ ሓሙኽሽቲ ክሳብ ዝኾኑ ነዲዶም። ብዙሓት ከፍታዉቲ ተሓሪዶም ረኺበን። ካብታ ንእሽተይ ቁሸት ጥራሕ 145 ኣጣል እቶም ገባራት ብሰራዊት ኤርትራ ኣብቲ ቅነ ንሱ ጥራሕ ተሓሪደን።

እዚ ናይ ምርመራ ቃለ መሕተት ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2016 ዓ.ም ዝተኻየደ እዩ። ኮይኑ ግን፣ ወላ'ኳ ስምምዕ ፕሪቶርያ ካብ ዝፍረም ዓመት ሓሊፍዎ እንተነበረ፣ ብዙሓት ንፁሃን ተጋሩ እናተጨወዩ ይዉሰዱ ዘለዉ ምዃኖም እቶም መሰኻኽርና ይገልፁ። ንህይወቶም ብምስጋእ'ዉን ንዚ ቃለ መሕትት ኣብ ከተማ ዓዲ ሃገራይ ሰብ እንተይፈለጠና ብሕቡእ ክነካይድ ተገዲድና። እዚ ጨፍጫፍ ኣብ ገዝኡ እናተፈፀመ ዝረኣየ ገባር ከምዚ ክብል ተወሳኺ ሓሳባቱ ነጊሩና ነይሩ፦

'ከባቢና ዉሑስ ኣይኮነን...ክሳብ ሕዚ ሰለስተ ዓመት፣ ኣርባዕተ ዓመት ሒዙ'ሎ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ ምንም ዉሕስና የብሉን። በቃ ኣብ ሓደጋ እዩ ዘሎ እዚ ሕብረተሰብ። ጥሜት ኣሎ፣ ብዙሕ ፀገም ኣሎ...ኣብዚ ሰለስተ ዓመት ዘይሓረሰኸ እንታይ ይበልዕ? ኣብ ከቢድ ሓደጋ እዩ ዘሎ እዚ ሕብረተሰብ...ክሳብ ሕዚ ሰራዊት ኤርትራ እዩ ኣብዚ ቦታና ዝንቀሳቐስ...ከልቢ ዉሕ እንተይሉ ንለይቱ እንታይ ይመፅኒ'ምበር ኣብ ዉሑስ እየ ዘለኹ ኢልካ ትቕመጠሉ ኣይኮነን።" ኣብ ዓዲ-ኣዉዓላ ዝርከቡ ተጋሩ ሕዚ'ዉን ሓለዋ ዝገብረሎም ኣካል የለን። ብዋናነት ሰራዊት ኤርትራ እዮም ኣብ'ቶም ጨፍጫፍ ዘካየዱሎም ከባብታት እናተንቀሳቐሱ ዝርከቡ።

# መከራ፣ ጥሜት፣ ሕማምን ሞትን ተመዛበልቲ ትጋሩ
## መርኣያ ሰላሕታዊ ፅንተት





ኣብ ሽረ እንዳስላሴ፣ ቤት/ት ፀሃየ ዝርከብ መዕቆቢ ተመዛበልቲ









ጓል 24 ዓመት እያ፣ ቅድሚ ኲናት ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ኣብ ሓንቲ ቁሸት በዓልቲ ገዛ እያ ነይራ። በዓል ገዝኣ ኣብ ሓንቲ ርእሰ ከተማ ኢትዮጵያ ሰለ ዝሰርሕ ምስ 3 ደቃ በይና ’ያ ኣብ ገዛ ትነብር። 7 ኤርትራውያን ወተሃደራት ናብ ገዝኣ መፂኦም፣ ናይ መርዓ ሸልማታት ክትህቦም ወላ ’ኳ ተሓተትዋ ክትህቦም ግን ኣይከኣለትን።

በዚ ዝተናደዱ ወተሃደራት ናብቲ ክፍሊ ክትኸይድ ሓተትዋ፣ ብጭካነ ክወቕዕዋ ጀመሩ። ብሰርዓት ክዕምፅዋ ጀመሩ። ፕላስቲክ፣ ሑፃን ብኢድ ዝተፅሓፈ ፅሑፍን ናብ ርሕማ ኣእተውዋ። ሕነ ንምፍዳይ ከምዝገበርዎ ነጊሮሟ ኸዱ።

ኣብ መቐለ ሆስፒታል ዓይደር ብዝተገበረላ ሕክምና ካብ ማህፀና ሕነ ፈደይቲ ምኳኖም ዝገልፅ ፅሑፍ ዘለዎ ወረቐት ካብ ማህፀና ወፂኡ።

ሕዚ እዋን ኣብ መቐለ ካብ ዝርከቡ ማእኸላት ተመዛበልቲ ምስ ደቃ ትነብር፣ ኣብ ሚሒር ጭንቂ ከምዘላ ትዛረብ።



*ፎቶን ፅሑፍን ብዚሜና በራዛስ*

# ካብ ዝሓመቐ ናብ ዝኸፍአ ዝሕምበብ ወፅዓ ኣስቴር

## ፅልኢት፣ ጭካነ፣ ጥቕዓት

ኣስቴር ካብ ትግራይ ወፃኢ ካብ ዝርከባ ክልላት ኢትዮጵያ ኣብ ሓንቲኣ እትነብር ዝነበረት ንእስቲ ትግራወይቲ እያ። ኣብቲ ትነብረሉ ዝነበረት ክልል ድማ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ ምስ ዝኾነ ሓደ ተወላዲ እቲ ክልል ሓዳር መስሪታ ናብራኣ ትመርሕ ነይራ፡፡ ኣስቴር ህርኩትቲ ነጋዲት ብምንባራ ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝበሃል መነባብሮ ነይሩዋ፡፡ እንተኾነ ግን፣ ሓደ ብስራሕ ዝፈለጠቶ ሹፌር ኩሉ ጊዜ ንሓዳር ይሓታን ይርብሻን ነይሩ፡፡ ንሳ ዋላ'ኳ በዓልቲ ሓዳር ምዃና እንተነገረቶ፣ ኣብኣ ዝፈጥሮ ረብሻ ኣየቋረፀን፡፡ እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ኣብ 2010 ዓ.ም ኣብቲ እትነብረሉ ዝነበረት ቦታ ንተጋሩ ብጣዕሚ ከቢድ ግዜ ነይሩ፡፡ ተጋሩ ብሰንኪ መንነቶም ዝሳቐይሉ፣ ዝእሰርሉን ዝቕተልሉን ስድራ ከም ስድራ ብምልእታ ንድሕሪት ተሸጊጣ ብፃዕዳ ጋዝ ክትቃፀል ዝተፈረደትሉ እዋን ነይሩ፡፡

ኣስቴር 'ዉን ካብ'ቶም ዝፍፀሙ ዝነበሩ ግፍዕታት ክተምልጥ ኣይከኣለትን፡፡ ትግራወይቲ ብሙኳና ጥራሕ ናይ ንግዲ መኸዘና ተወሪሩ፡፡ እቲ ንሓዳር ዝምነያ ዝነበረ ሹፌር'ውን ነቲ ብመንግስታዊ መሓውር ተደጊፉ ኣብ ተጋሩ ዝበፅሕ ዝነበረ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ከም ፅቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ኣገዲዱ ዓሚፅዋ፡፡ ነዚ ስዒቡ'ውን ንሕማም ተቓሊዓ። እንትኾነ ግን፣ ቁጠባዊ ዓቕማ ድሓን ስለ ዝነበረ ግቡእ ሕክምና ተኸታቲላ ክትሓዊ ኪኢላ፡፡ ኣስቴር ኣብ ልዕሊ ነበርቲ እቲ ክልል ዝኾኑ ተጋሩ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊኣ ድማ ብፍላይ ዝተፈፀመ ዘርኢ መሰረት ዝገበረ በደል ኣሰንቢዱዋ በዓል ገዝኣን ናብራኣን ገዲፋ ናብ ትግራይ ክትፈናቐል ተገዲዳ፡፡

ኣስቴር ናብ ትግራይ ምስ ተፈናቐለት ኣብ ሓንቲ ናይ ዞባ ከተማ ክትነብር ጀመረት፡፡ ብዙሕ ከይፀንሐት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኵናት ተኣዊጁ እታ ተዓቑባትላ ዝነበረት ከተማ ኣብ ኢድ ፀላኢ ወደቐት፡፡ ዕለት 21 ታሕሳስ 2013 ዓ.ም ድማ ሰለስተ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ "እንጀራን ማይን ሃብና" ኢሎም ናብታ ምንም ትለሓስ ዘይብላ ገዝኣ ይኣትዉ። ሓደ ካብኣቶም ዝሞተ ተመን ኣብ ኢዱ ጠምጢሙ ሒዙ ነበረ፡፡ ኣስቴር ብኹነታቶም ኣዝያ እናተገረመት ማይ ክትቀድሕ ገፃ ናብ ጀሪካን ድንን ኣብ እትብለሉ እዋን፣ ሓዲኡ ወታሃደር ብእግሩ ወቒዑ ናብ መሬት ኣውደቓ፡፡ እቶም ወታሃደራት ዖታዊ ዓመፅ ክፍፅሙ ዝሓሰቡ ምዃኖም ዝተረድአት ኣስቴር ናይ ኤች. ኣይ. ቪ ሕምምቲ ምዃና ሓበረቶም። እንተኾነ፣ እቲ ወተሃደር ኣገዲዱ ምድፋሩ ኣየቋረፀን፡፡ ነዚ ስዒቡ፣ እቲ ኻልኣይ ወታሃደር እንትደፍራ ዉኒኣ ስለ ዝሰሓተት ብድሕሪኡ ዝተፈፀመ ነገር ኣይትዝክሮን፡፡ ንኣስቴር ብጣዕሚ ዝፈትዋ ዝነበረ ቆልዓ ጎረቤት በሪ ገዝኣ ጋሕ ኢሉ ምስ ረአየ ናብቲ ገዛ ይኣቱ'ሞ ንኣስቴር ኣብ መሬት ተዘርጊሓ ይረኽባ። እናበኸየ ርእሳ ድግፍ ኣቢሉ ከልዕላ እንትፍትን ናብ ውኒኣ ተመሊሳ። ክትልዓል'ውን ሞኪራ። ኢዳ ናብ ብልዕታ ሰዲዳ እንትትድህስስ እቲ ኣብ ኢድ ቀዲሙ ዝደፈራ ወተሃደር ርእያቶ ዝነበረት ዝሞተ ተመን ኣብ ማህፀና ተቐርቂሩ ምስረኸበቶ፣ ኣብ ምሒር ድንጋፀ ኮይና ስሒባ እንተውፂኣቶ። እንተኾነ፣ እቲ ኩነታት ንምዝባዕ ኣእምሮ ከም ዘቃልዓ ትዛረብ።

ከም ውፅኢት ናይቲ ዕስለ መድፈርትን ስቅያትን ኸቢድ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ በፂሕዋ። ኣስቴር ብኸቢድ ቃንዛን ምሕኻኽ ማህፀንን ኣብ ስቅያት ኣላ። ክሳብ ሕዚ ሕክምናዊ ክትትል ኣብ ምግባር ትርከብ። ድሕሪ እቲ ዓመፅ ወርሓዊ ፅግያታ ከም ዘቋረፀ ትዛረብ። ልዕሊ ኹሉ ድማ፣ እቲ ክስተት ወትሩ ኣብ ኣእምሮኣ ይመላለስ'ሞ ርእሳ ይዞራን የሕማን። ሚዛና ስሒታ ክትወድቕ እትብለሎም ኣጋጣሚታት'ውን ኣለዉ፡፡ ዋላ'ኳ እቲ ኣብ ማህፀና ኣእትዮም ዝገደፍዎ ዝሞተ ተመን ኣዉፂኣ ዝደርበየቶ እንተኾነት፣ ኣስቴር ቐትርን ለይትን ዝንቀሳቀስ ነገር ኣብ ውሽጢ ማህፀና ዘሎ ኾይኑ ይስምዓ፡፡ ስለ ዝኾነ ድማ፣ ነዚ ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ ከረጋግፅ ዝኽእል መድሓኒት ተኣዚዙላ ሕዚ እቲ መድሓኒት ኣብ ምውሳድ ትርከብ፡፡ ኣስቴር ኣብ ትግራይ ይኹን ካብ ትግራይ ወፃኢ ንዘጋጠማ ዓመፅ ማሕበራዊ ተነፅሎን ፀለመን ከይፍለጠላ ብምስጋእ ብዘይካ ንሰራሕተኛታት ጥዕና ንማንም ተዛሪባ ከምዘይትፈልጥ ትገልፅ።





ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ

# ግፍዓዊ ቅትለትን ፆታዊ ጥቕዓት
## መርኣያ ጀኖሳይድ ትግራይ




# ሽምበሊና

## ደም ደቂ ትግራይ ዝኸዓወ ጨፍጫፍ

ፈፀምቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዳርጋ ጨፍጫፍን ዕንወትን ዘይፈፀሙሉ መሬት ትግራይ የለን ምባል ይቻልል። ኣብዚ ሕታም ካብቶም መስከሕካሕቲ ጨፍጫፋት ሓደ፤ መርመርቲ ማእኸል መፅናዕቲ ሰብኣዊ ጉድኣት ኮሚሽን መፅናዕቲ ጅኖሳይድ ትግራይ ናብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ኣምሪሖም ዝሰነድዎ ጨፍጫፍ ከነቕርበልኩም። ንድሕነንት መሰኻኽር ዓይኒ ክበሃል ኣስማቶም ኣይንገልፅን።

ሽምበሊና ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ምዕራብ ወረዳ ታሕታይ ኣድያቦ ትርከብ ጣቢያ እያ። መብዛሕትኦም ብሕርሻ ዝመሓደሩ ተጋሩን ኩናማን ድማ ብስኒት ይነብሩላ። በቲ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝተፈፀመ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ኣብ ሽምበሊና ውን ደቂ ትግራይ ብምዃኖም ጥራሕ ብዘይ ኣፈላላይ ተጋሩን ኩናማን ዝኾኑ ነበርቲ ብግፍዒ ዝተጨፍጨፉላ ቦታ እያ።

ጳጉሜን 2 2014 ዓ.ም ከምቶም ካልኦት ዕለታት ኣይነበረትን። ሰራዊት ኤርትራ ብንጉህኡ ናብ ጣቢያ ሽምበሊና ኣትዩ። መሰኻኽር ዓይኒ ከም ዝገልፅዎ ዕለት 4 እቲ ሰራዊት ገዛ ገዛ እናኣተወ ተወለድቲ ብሄረ ኩናማን ተዛረብቲ ትግርኛን ዝኾኑ ንፁሃት ደቂ ትግራይ ምእካብ ጀሚሩ። ነቶም ዝኣከቦም ድማ እናኾብኮበ ናብ ቁሸት ማእኸል ዓዲ ፍሉይ ቦታ እንዳ ጭጉኖ ወሰዶም። ብፍፁም ኢሰብኣዊ መንገዲ ረሸኖም። ኣብዛ ዕለት ጨፍጫፍ እዚኣ ጥራይ 16 ሰለማዊያን ተጋሩ ተጨፍጪፎም። መርመርቲ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዝርዝር ኣስማትን ድሕረ ባይታን እዞም ግዳያት ሰኒድዎ ይርከብ።

ነቲ ጨፍጫፍ ብርሑቕ ኣብ ግራት መሸላ ተሓቢኦም ዝረኣዩ ሓደ ምስክር ዓይኒ እቲ መቕተልቲ ብጠበንጃ ከም ዝተፈፀመን ኩሎም እቶም ግዳያት ሽዑ ንሽዑ ህይወቶም ከምዝሓለፈን የዘንትዉ። እቶም ግዳያት ሰላማዉያን ገባራት ከምዝነበሩ ´ውን ይገልፁ። ነቲ ዝነበረ ኩነታት እንትገልፅዎ ድማ ከምዚ ይብሉ "ሰራዊት ኤርትራ ናብቲ ከባቢና መፂኡ ሰባት ካብ በቢገዝኡ ምእካብ ክጅምር ተሎ ኢና ምህዳም ጀሚርና። እቶም ዝተቐተሉ ኣብቲ ዝነበረ ኲናት ተሳትፎ ዘይነበሮም ሰላማውያን ነበርቲ እዮም ነይሮም። ሰራዊት ኤርትራ ናብ እንዳ ጭጉኖ ዝበሃል ቦታ ወሲዱ ድማ ቀቲልዎም።"

ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሰራዊት ኣስከሬን እቶም ግዳያት ክቕበር ስለዘይፈቀዱ፤ ቀለብ ኣራዊት ከም ዝኾነ ዝገለፁ እቶም ምስክር ዓይኒ፤ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ኣዕፅምቶም

ተኣኪቡ ብስሩዕ ስርዓት ቀብሪ ከም ዝተፈፀመሎም ይዛረቡ። ኣብቲ እዋን ካብ መረበቶም ሃዲሞም ዝነበሩ ነበርቲ እቲ ከባቢ ናብ ገዝኦም ክይምለሱ ነቲ ከባቢ ወሪሩ ሒዙ ብዝነበረ ሰራዊት ኤርትራ ዝተኸልከሉ ኮይኖም ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ እቲ ሰራዊት ነቲ ከባቢ ለቒቑ ምስ ወፀ ከም ዝተመልሱ ውን ይገልፁ።

ካልእ ዕለት 4 ጳጉሜን ወላዲኡ ዝሰኣነ ሓጎስ ዝተብሃለ ነባራይ ጣቢያ ሽምበሊና ሰራዊት ኤርትራ ናብ መንበሪ ገዛ ወላዲኡ ቀሺ ገብረ ሰላም ብምኻድ ንወላዲኡ ብግፍዒ ከም ዝቐተልዎም ይዛረብ። ኣብቲ እዋን ዝነበረ ኩነታት ከምዚ ይዝክር “ኩላትና ህይወትና ንምድሓን ካብቲ ከባቢ ንሃድም ነይርና። ኣቦይ ቐሽን ሓረስታይን እዩ ነይሩ። ሰራዊት ኤርትራ ንዝተወሰነ ግዜ ኣብታ ቁሸት ከም ዘየሎ ሰሚዕና፤ ናብ ቁሸትና ምስ ተመለስና ኣቦይ ክሳዱ ተሓሪዱን ሰብነቱ ተቓፂሉን ረኺበዮ። ኣካላቱ ብኣዛብእን ኣኻልብን ተበሊዑ፤ ኣዕፅምቱ ተበታቲኑ ፀኒሑኒ። ተኸዲንዎ ብዝነበረ ክዳንን ሒዝዎ ዝነበረ መስቀልን እየ ኣቦይ ምዃኑ ክፈልዮ ክኢለ።“ ድሕሪ እቲ መሰቀቒ ፍፃመ ሓጎስ ምስ ክልተ መሓዙቱ ብምዃን ነቲ ዝተቓፀለን ካብ ኣራዊት ዝተረፈን ኣዕፅምቲ ኣቡኡ ኣብ ውሽጢ መረባ ገዝኦም ከም ዝቐበርዎም ይገልፅ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2015 ድማ ካብ መረባ ገዝኦም ፍሒሮም ብምውፃእ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ቤተክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ስሩዕ ስርዓት ቐብሪ ተፈፂሙሎም።

ፈፀምቲ እዚይ ጨፍጫፍ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ምዃኖም እቶም መሰኻኽር ዓይኒ ብዝተፈላለዩ መረዳእታት ዝገለፁ ኮይኖም ብፍላይ ኣብቲ ከባቢ ነንዊሕ እዋን ዓሪዶም ከምዝነበሩ ይዛረቡ። ካብቲ ጨፍጫፍ ይሃድሙ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ስሩዕ ናይ ኤርትራ ሰራዊት ዩኒፎርም ዝተኸደኑ ወተሃደራት ከም ዝነበሩ ʼውን ይገልፁ። ከም ቀሺ ገብረዋህድ ዝበሉ ግዳያት ምስቲ ኲናት ፍፁም ርክብ ዘይነበሮም ንፁሃት ደቂ ትግራይ ከምዝነበሩ ʼውን ይዛረቡ።

ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ጎረቤት ቀሺ ገብረ ሰላም ዝነበሩ፣ ክልተ ኣሕዋት ንምርመራ ንደልዮም ኢና ብዝብል ብሰራዊት ኤርትራ ተወሲዶም ብግፍዓዊ መንገዲ ዝተቐተሉ ተጋሩ እዮም። ኣደ እዞም መናእሰይ ደቃ ክሓድጉላ ዋላኳ እንተለመነቶም፤ ካብ መቐተልቲ ኣይተረፉን። ሽምበሊና እቶም ንምግላፆም ዝኸብዱ ሰፋሕቲ ከም ቅትለት፣ ስቓያት፣ ዕንወት ንብረትን ዕፅዋን ዝተፈፀመላ ቦታ እያ።

ኣብ ሽምበሊና ዝፈሰሰ ደም ንፁሃት ደቂ ትግራይ እዚይ ጥራሕ ኣይነበረን። ብዕለት 5 መስከረም 2015 ዓ.ም ካልእ ጨፍጫፍ ተፈፀመ። ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዓዲ ሰላም ዝበሃል ፍሉይ ቦታ 13 ንፁሃት ካብ ብሄረ ኩናማን ትግራይን ነበርቲ ሽምበሊና ብጭካነ ጨፍጪፉ ንኣዋርሕ ቀለብ ኣራዊት ክኾኑ ፈሪደሎም። መሰኻክር ዓይኒ ብኽዳውንቶምን ሳእኖምን ዝፈልይዎም ግዳያት ኣዕፅምቶም ብምትእኽኻብ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ሓመድ ድብ ከለብሱ ተገይሩ።

ኣብ 5 መስከረም ዝተገበረ ጨፍጫፍ ኣብቲ ከባቢ ተወሊዶም ዝዓበዩን ደሓር ናብ ሰራዊት ኤርትራ ዝተፀንበሩን ወተሃደራት ቀንዲ ተዋሳእቲ ከም ዝነበሩ መሰኻኽር ዓይኒ ይዛረቡ። እቶም ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ “ተጋሩ እንተዘይ ደኣ ፀሪግናዮም ብሰላም ክንነብር ኣይንኽእልን። ሽንኳን ሰብ ኣግራብ ውን ኣይንገድፍን። ኩሉ ከነጥፍኦ ኢና” ኢሎም ይዛረቡ ከምዝነበሩ መሰኻኽር ዓይኒ ንመርመርቲ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ገሊፆም። ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ተጋሩ ካብ ኤርትራውያን ነበርቲ እቲ ከባቢ ብምፍላይ ብግልፂ ንተጋሩ ጥራይ ይቐትሉ ከምዝነበሩ ውን ካብቲ ከባቢ ሃዲሞም ዝነበሩ ነበርቲ ይገልፁ።

እቶም ሰራዊት ዝጥቀሙሎም ዝነበሩ ኣገላልፃታት ዝሓተትናዮም መሰኻኽር፤ እቶም ወተሃደራት ኤርትራ “ቆንዳፍ ዓጋመ“ ዝኣመሰሉ ተጋሩ ንምንሻው ዝጥቀሙሎም ፀርፍታት ይጥቀሙ ከም ዝነበሩን፤ ካብ ርእሲ ምራኽ ዝበሃል ጀነራል ተጋሩ ክቐትሉ ዝተውሃቦም መምርሒ የፈፅሙ ከም ዘለዉን ይዛረቡ ምንባሮም ይገልፁ።

ሰራዊት ኤርትራ ካብ ጨፍጫፍ ሰላማውያን ሰባት ብተወሳኺ ኣብ ናይ ውልቀን ህዝብን ንብረት ʼውን ከቢድ ዕንወት ኣብፂሑም እዮም። ንብረት ህዝብን መንግስትን ካብ ምዕናው ሓሊፉ ኣብ ከቢድ ኩነታት ወዲቁ ዝነበረ ህዝቢ እቲ ከባቢ ዝኾነ ይኹን ሰብኣዊ ሓገዝ ከይረክብ ብምኽልካል ንሞትን ሕማምን ከቓላዕ ገይሮም እዮም።

ሽምበሊና ደቃ ንመዓልትታት ብሰራዊት ኤርትራ እናተሃደኑ ዝተጨፍጨፉላ ጣቢያ እያ። ፈፀምቲ ጀኖሳይድ ትግራይ እቲ ከብፅሕዎ ዝሃቀኑ ፅንተት ብዘይ ኣፈላላይ እዮም ኣተግቢሮምዎ። ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ኩሎም ብሄራት ደቂ ትግራይ ዕላማ እዚይ ፅንተት እዮም። ሐዚ ʼውን ቁፅሮም ውሑድ ስለዝኾነ መሊእና ነጥፈኦዮም ብዝብል ስርዓታዊ መምርሒ ኣውሪዶም ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ ብሄረ ኩናማን ኢሮብን ዝፍፀም ዘሎ መቕተልቲ፣ ጭውያ፣ ስቓያትን ካልኦት ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ደው ክብል ምስራሕ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ውራይ ክኸውን ይግባእ።




ኣነን መሳርሕተይ ናብ ትግራይ ኸይድና ኣብ ባይታ ዘሎ ነገር ሪእና ክንፅብፅብ ምስ ወሰንና፣ ንብዙሓት ሚድያታት ዓለም እዚ ሓሳብ ኣቕሪብናሎም፣ ዝደገፉና ግን ኣይነበሩን። ንሕና ኣብ መትከልና ፀኒዕና ብዝኾነ መንገዲ ናብ ትግራይ ክንኸይድ ወሲንና፤ እዚ ክንገብሮ ዝግበአናን እቲ ዝበለፀ ውሳነናን ድማ እዩ ነይሩ።

ዚሜና ቦራዛስ ”

**ዚሜና ቦራዛስ (Ximena Borazzas)** ትበሃል፣ ኣብ ርእስ ከተማ ኡራጋይ ሞንተቪድዮ ዝተወልደት እንትኸውን ካብ 2019ኣ.ጎ. ጀሚራ ግን ኣብ ስፔን ባርሴሎና እትነብር ዶክመንታሪ ፎቶግራፈር (documentary photographer) እያ። መብዛሕትኡም ስራሕቲታ ኣብ ምስናድ ዕጥቃዊ ጎንፅታት፣ ስደት፣ ሰብኣዊ ቅልውላዋትን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ዘተኮሩ እዮም። ኣብ ዓበይቲ ሚድያታት ዓለም፣ ማሕበራዊ ሚድያን ትካላት ሰብኣዊ መሰላትን ስራሕቲታ ብምቕራብ ’ውን ትፍለጥ። ብሰንኪ ጀኖሳይዳዊ ኲናት፣ ኣብ ትግራይ ዝበፅሑ ግፍዕታት ብፍላይ ኣብ ጥቕዓት ደቂ ኣንስትዮን ሰቓይን መከራን ተመዛበልቲ ብስእሊ እናሰነደት ንዓለም ኣብ ምቕላሕ ዓብይ እጃም እትፃወት ዘላ ተሓላቒት ሰብኣዊ መሰላት ’ውን እያ።



4 መጋቢት 2015ዓ.ም.፣ ኣብ ክልል ትግራይ፣ ዞባ ማእኸል፣ ወረዳ ዓድዋ፣ ቑሸት ማርያም ሸዊቶ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብሰራዊት ኤርትራ ልዕሊ123 ሰባት ተጨፍጪፎም። እዚ ናይ ሰለስተ ሰባት ሬሳታት ዝሓዘ ጅምላ መቓብር ዘርኢ ምስሊ እዩ።

ፎቶ ብዚሜና ቦራዛስ

# ዝኽሪ ጀኖሳይድ ትግራይ ንምንታይ?

“ዘበት ከይድገም” (“Never Again”) ዝብል መሪሕ ቃል ምስ ጨፍጫፍ ኣይሁዳውያን (Holocaust)፣ ሩዋንዳውያንን ካልኦት ግዳያት ጀኖሳይዳዊ ተግባራትን ተተሓሒዙ ዝመፀ እዩ። እዚ ጭርሖ፣ ካብ ማእሰርቲ ቡከንዋልድ ዝተፈትሑ እሱራት ንፋሽዝም ንምዃናን ኣብቱ እዋን ተጠቒምምሉ ዝነበረ እዩ። ቡከንዋልድ፣ ኣብ ጀርመን ናዚ ከም ኣቆፃፅራ ጎርጎርዮሳውያን (ከ.ኣ.ጎ) ብ1937 ኣብ ጀርመን፣ ከረን ኤተርስበርግ ጥቓ ከተማ ዌይማር ካብቶም ቀዳሞትን ዓበይትን መዳጎኒ እሱራት ሓደ ዝነበረ እዩ። መስራቲ ማሕበር ምክልኻል ኣይሁድ ሜየር ካሃን ዝበሃል ትውልደ ኣሜሪካ እስራኤላዊ ብ1971 ከ.ኣ.ጎ. “ዘበት ከይድገም” ብዝብል ርእሲ ብዘሐተሞ መፅሓፍ እዚ ሓረግ ኣብ ዓለም ክስፋሕፋሕ ገይሩ እዩ።

“ዘበት ከይድገም” ዝብል ጭርሖ፣ ከምቲ ናይ ኣሁዳውያን ጨፍጫፍን ጀኖሳይድን ከምኡ’ውን ካልኦት ግፍዕታትን ዝኣመሰሉ መስካሕኻሕቲ ተግባራት ዳግም ከይፍፀሙ ንምክልኻል ዝብል ቃል ኪዳን ንምግላፅ ዝውዕል ረዚን መሪሕ ሓሳብ እዩ። ግፍዕታት ንምክልኻልን ግዳያት ንምዝካርን ብዘለዎ ኣገዳስነትን ኣብዚ ሐዚ እዋን’ውን እናተጠቐምናሉ ንርከብ።

ኣብዚ ቐረባ እዋን’ውን ፕሬዝዳንት ኣሜሪካ ዶናልድ ትራምፕ፣ ንግዳያት ጨፍጫፍ ኣይሁዳውያን ምኽንያት ብምግባር “መዓልታት ዝኽሪ ግዳያት ጨፍጫፍ ኣይሁድ 2025” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ህዝቢ ኣሜሪካ ካብ 20-27 ሚያዝያ 2025 ከ.ኣ.ጎ. ንግዳያት ጨፍጫፍ ኣይሁድ ኽብሪ ንምሃብ ክውዕል ገይሩ። ካብዚ ብተወሳኺ፣ ኣብ መዓስከራት ናዚ ግቡእ መፅናዕቲ ክካየድን ግዳያት ጀኖሳይድ ብፀሎትን ፍትሓትን ክዝከሩን ካብ ምግባር ብተወሳኺ፣ ካብቲ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ትምህርቲ ንምውሳድን ፈፂሙ ንከይድገም ንምክልኻልን ብምሕሳብ ነዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ።

እዚ ዝኽሪ፣ ግዳያት ንምዝካርን ነቶም ካብቲ ጨፍጫፍ ዝተረፉን ኽብሪ ንምሃብን ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ እዩ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ኣብ ዝርከብ ቤተ መዘከር ጀኖሳይድ ኣይሁዳውያን ልዕሊ 80 ዓመት ዘቑፀረ መርሃ ግብሪ ዝኽሪ ጀኖሳይድ ብምውዓእ ብብርኪ ሃገር ብዝተፈላለየ ክፋል ሕብረተሰብ ከይርሳዕ በቢዓመቱ እናተዘከረ ክነብር ዝገብር ዘሎ። ንሕና ኸ ካብዚ እንታይ ንምሃር??




ሃገረ ናሚብያ ብዕለት 28 ግንቦት 2025 ኣ.ጎ. ዝተፈፀመ ግፍዒ ተረሲዑ ከይተርፍ ብምሕሳብ ድሕሪ ከባቢ 117 ዓመት ንፈለማ እዋን ዝኽሪ ጀኖሳይድ ናምቢያ ኣብ ዋና ከተማ ናምቢያ ክዝከር ተገይሩ እዩ። ካብ 1904 ክሳብ 1908 ኣ.ጎ. ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጀርመን ወዲቓ እናሃለወት ተፈፂሙ ዝተብሃለ፣ ጀርመናውያን ወታሃደራት ከባቢ 100 ሽሕ ዝኾኑ ማሕበረሰባት ኦቫሄረሮን ናማን እናሳቐዩ ከምዝጨፍጨፉዎም ታሪኽ ይሕብር።

“ብጀርመናውያን ዝተፈፀመ ዝተረስዐ ጀኖሳይድ” ዝብል ስያመ ዝተውሃበ ጀኖሳይድ ናሚቢያ፣ ኣብ መበል 20 ክፍለ ዘበን ጀኖሳይድ ኣይሁዳውያን ቅድሚ ምፍፃሙ ቅድሚ ከባቢ 40 ዓመት ኣቢሉ ዝተፈፀመ ፈላማይ ጀኖሳይድ እዩ እናተብሃለ ’ውን ይግለፅ። ሐዚ ናምቢያውያን ኣብ ልዕሊ ሃገረ ጀርመን ሕቶ ፍትሕን ካሕሳን ኣጀንዳ ገይሮም እናልዐሉ ኣብ ምሕታት ይርከቡ።

ኣብ ሩዋንዳ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ከይድገምን ንምክልኻልን ዝተፈላለዩ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት እናጣየሹ መጺኦም እዮም። ካብቶም ዘይመንግስታውያን ትካላት ሓደ ነዚ ጭርሖ ብምጥቃም “ኣብ ሩዋንዳ ዘበት ከይድገም” (“Never Again Rwanda (NAR)”) ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ንልዕሊ 20 ዓመታት ህይወት ኩሎም




ዜጋታት ሩዋንዳ ንምምሕያሽ ብዘኽእል መልክዑ ኣብ ሓሙሽተ መሰረታዊ መትከላት ማለት ኣብ ህንፀት ሰላም፣ ኣብ ምጥንኻር ሰናይ ምምሕዳርን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን፣ ኣብ ምሕያል ተሳትፎ መናእሰይ፣ ኣብ መፅናዕትን ስትራተጂካዊ ሽርክነትን እናሰርሐ መፂኡ።

ጀኖሳይድ "ዘበት ከይድገም" ዝብል ሓረግ ኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ቅድሚ 77 ዓመታት ዝተሰማምዓሉ ጉዳይ እዩ። ነዚ ስምምዕ ብሕጊ ንምድጋፍ ድማ "ስምምዕ ኣብ ምክልኻልን ምቕፃዕን ገበን ጀኖሳይድ" ዝብል ኣዋጅ ኣፅዲቖም። ይኹን'ምበር፣ ገበነኛታት ብእዋኑ ተሓተትቲ ክኾኑ ኣይከኣሉን። ግዳያት ጀኖሳይድ ድማ ፍትሒ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። በዚ ምኽንያት፣ ገበናት ጀኖሳይድ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓድታት ኣብ ምቕፃል ይርከብ።

ማሕበረሰብ ዓለም፣ ገበናትን ጀኖሳይድ ዳግም ከይፍፀም ንምክልኻል ዘውፅኦም ሕግታትን ዝኣተዎም ቃል ኪዳናትን እናተጥሓሰ፣ ገበናት እናተፈፀሙ እናረአየ "ሚሒር የተሓሳሰበና 'ሎ... የሻቕለና 'ሎ" ካብ ምባል ሓሊፉ ተግባራዊ ስጉምቲ ብዘይምውሳዱ ኣብቲ ዘለናሉ ክፍለ ዘመን'ውን ገበናት ጀኖሳይድ ቐፂሎም ኣብ ልዕሊ ትግራይን ትግራዋይን'ውን ኩሎም ዓይነታት ግፍዒ፣ ጭፍጨፋትን ዕንወታትን ተፈፂሞም። በዚ ምኽንያት "ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ዘበት ከይርሳዕ ዘበት ከይድገም!!" ዝብል ጭርሖ ኣብ ትግራይ ንዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ስዒቡ እንንቀሳቐሰሉ ዘለና መሪሕ ቃል ኮይኑ።

ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ውፅኢታት መፅናዕቲ ብምስናድ፣ ወለዶታት ክመሃርሉን ዓለም ክፈልጦን ካብ ምግባር ብተወሳኺ፣ ዋዕላታትን ኤግዚቪሽንን ብምክያድ ከምኡ'ውን ኣድላይነት ህንፀት ቤተ መዘክር ጀኖሳይድ ትግራይ ዝዝተየሎም መድረኻት ንክኾኑ እዩ። ኮሚሽንና ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ረቒቕ መምርሒ ሰሙነ ዝኽሪ ጀኖሳይድ ትግራይ/Tigray Genocide Commemoration Week ብዝብል እቲ ዝኽሪ ዝካየደሉ ኣገባባት ዝሕብር ሰነድ ንዝምልከቶ ናይ መንግስቲ ኣካል ኣቕሪቡ እዩ።

ኣብ ትግራይ ዝተኣወጀ ኲናት፣ ኩሎም ዓይነታት ገበን ብዝተዋደደን ስርዓታዊ ብዝኾነ መንገዲ ዝተፈፀሙሉ እዩ። እቲ ኲናት ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ክሳብ እዚ ፅሑፍ ዝተዋደደሉ እዋን'ውን ጀኖሳይድ ብሓደ ወይ ብኻልእ መንገዲ ኣየቋረፀን፣ ዓመት ምሉእ ዝኽሪ ምድላው ስለ ዘይከኣል ግን፣ ሓደ ሰሙን ምስያም ኣድላዪ ይኸውን። በዚ መሰረት፣ ብፍላይ ካብ 15 ክሳብ 22 ሕዳር፣ 2013 ዓ.ም ኣብ መብዛሕትኦም ከባቢታት ትግራይ ከበድቲ ግፍዕታትን ጨፍጫፋትን ዝተፈፀመሉ እዩ ነይሩ። ስለዝኾነ፣ እዚ ሰሙን "ሰሙነ ዝኽሪ ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ዝኽሪ ኣርባዕተ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ንኽብሪ ህይወትን ምርግጋፅ ፍትሕን!" ብዝብል መርሐ ቃል ብዝተፈላለዩ ምድላዋት ኣብ መላእ ትግራይ ንክዝከር፣ "ዘበት ከይርሳዕ ዘበት ከይድገም!" ዝብል ጭርሖ ተጠቒምና ዝተፈፀመ ጀኖሳይድ ወሎዶታት ትግራይ ከይርስዕዎ ንምግባርን ከይድገም ክከላኸሉን ንምግባር እዩ።

እዚ ብሙሉእነት ናብ ተግባር ዝሽረፍ ምስ መላእ ተሳትፎ ህዝብን መንግስትን እዃ እንተኾነ፣ ምስቲ ሐዚ ዘሎ ቅልውላው ፖለቲካ ትግራይ ተተሓሒዙ ግን፣ እቲ ዝኽሪ ከምቲ ዝድለ ክፍፀም ኣይተኸኣለን። ዋላ ምስ ጎዶሎታቱ እንተኾነ፣ ኮሚሽን ከም መበገሲን ምልዕዓላት ክፍጠርን ንምግባር ብብርኪ ዞባ ኣብ 6ተ ዞባታት ትግራይ ከም መርአዩ ዝኽሪ ንምክያድ ፈተነ'ኳ እንተገበረ ኮሚሽን በይኑ ግን ናብ ሸትኡ ክበፅሖ ኣይኽእልን። መምርሒን ደንብን ወጺኡን ደገፍቲ መዳርግቲ ኣካላት ኣዋዲድኻን ስርዓት ብዘለዎ መንገዲ ኹሉ ሕብረተሰብ እናሳተፍካ ኣብ ሕድሕድ ወረዳታት ትግራይ ዝንተ እለት ክዝከር ይግባእ። እንተዘየሎ፣ ጀኖሳይድ ትግራይ እናተረስዐ፣ እናተደጋገመ፣ ወሎዶታት ትግራይ ደጋጊሞም ዋጋ እናኸፈሉ ዝነብርሉ ባይታ ምምችቻው'ዩ ክኸውን። "ጀኖሳይድ ትግራይ፣ ዘበት ከይርሳዕ ዘበት ከይድገም!"



ኣብ ትግራይ ፣ ዘይተነገረ'ምበር ዘይተፈፀመ ነገር የለን ።
መርኣያ ፅንተት

ፎቶ ብዚ ሜና ቦራዛስ


ፎቶ ብዚሜና ቦራዛስ

# ትካላት ሃይማኖት ከም መሳርሒ ኲናት



ትካላት ሃይማኖት ምስ ስነ-መለኮት ኣብ ዝተተሓሓዙ ናይ እምነት ኣስተምህሮ ዝፈላለያ'ኳ እንተኾና፤ ሰላምን ዕርቅን ኣብ ዝመሰሉ ነገራት ግን ብሓባር ዝሰርሓሎም ዛዕባታት እዮም። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ሞንጎ ተኸተልተንን ስዓብቲ ዝተፈላለዩ እምነታትን ንዘበናት ዝዘለቐ ስምረት ክህሉ ዕዙዝ ግደ እናተፃወታ መፂአን ድማ። መንግስታት፣ ነዚ መትከለን ዝፃባእ ስራሕ ብምስራሕ፤ መፈፀሚ እከይ ተግባራቶም ክገብሩወን ኣብ ዝፍትኑሉ እዋን ነዚ ነፂጎም ንሰላምን ፍቕርን ደው ዝበሉ መራሕቲ ሃይማኖት ከምዘለዉ ዘዘንትዉ ሰነዳት ታሪኽ ኣለው። ብተፃራሪ ድማ ትካላት ሃይማኖት መጋበርያ ዝተዋደደ መንግስታዊ ግፍታት ኮይነን፤ ክኹነን ንዝግብኦ ዕላማ ባሪኸን፣ ኣንፃር ካስማ እምነተን ኣብ ዝኾኑ ተግባራት ክሳተፋን፣ ክትንከፉ ዘይግብኦም ሃይማኖታዊ መምርሒታተን ክጥሕሳን ዝተርኣያሎም ብዙሓት ተጓንፎታት ኣለው።

ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ኲናት፣ ትካላት ሃይማኖት ኢትዮጵያ ዝተፈተናሉን ዝወደቓሉን ኣጋጣሚ ነይሩ። እተን ትካላት እምነት ኣብ ትሕቲ ፅዕንቶ መንግስቲ ብምውዳቕ ንፖለቲካዊ ራእይን ተግባርን እቲ ስርዓት ብዝድግፍ መልክዑ ኣብ ጥቕሚ ውዒለን። ምድራውያን መራሕቲ መለኮታዊ ፀጋ ከምዘለዎም ካብ ዘምስሉ መደረታት ጀሚሩ ክሳዕ እቲ ስልጣን ዝበሓተ መራሒ ዝተነግረሉ ትንቢት ስለዝተፈፀመ ናብ ሹመት ከምዝመፀ ዝሕብሩ ስብከታት ምስማዕ ልሙድ እናኾነ መፂኡ። "ዝቃወመካ እንተሎ፥ ብዝመፀ ኣንፈት ይምፃእ ተዓዋቲ ንስኻ ኢኻ 'ዝሾምኩኻ ኣነ እየ፥ ዋላ ንሓዲኦም ከይትፈርሕ' በሎ ኢሉኒ እዩ ፈጣሪ" ብዝብል ካብ መራሕቲ ሃይማኖት ዝበሃሉ ፓስተር ዮናታን ተነጊሩ። ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ "መንፈሳዊ ኲናት" ተገይሩ ክውሰድን ኲሉ ክዓምመሉን ብዙሓት መራሕቲ ሃይማኖት ኢትዮጵያ ዕዙዝ ግደ ተፃዊቶም እዮም።

እቶም ከም ምብራኽ ኲናት ዝበሉ ተግባራት፣ ዋላ'ኳ ንግዜኡ፣ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት ፅልኣቶም ከራግፉን ምስ መንግስቲ ክተሓጃጀፉን እንተሓገዞም፣ ኣብ ከይዲ ግን ኣብ'ተ ኣብያተ እምነታት ንዘመናት ዝፀንሐ ምክብባር እናተመናመነ ክኸይድ ገይሩ እዩ። ንኣብነት ኣብ ዋንነት መሬት፣ ኣብ ኣከባብራ ናይ ኣደባባይ ብዓላቶም፣ ኣብ ምምራፅ ቦታታትን፣ ኣብ ኣስተምህሮታቶም ዝፍጠሩ ጎንፅታት ምጥቃስ ይከኣል። ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እዛ ሃገር ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ኣብያተ እምነት ዝፍጠሩ ጎንፂታት፣ ምጥፋእ ህይወት ሰብ ሓዊሱ፣ ብዙሓት ጥፍኣታት እንተስዕቡ ርእዩ ከምዘይረኣየ ዝሓልፍ ማእኸላይ መንግስቲ ነተን ትካላት ሃይማኖት ንፖለቲካዊ ዕላማኡ መፈፀሚ ክኾና ኣብ ዝደልየሉ እዋን ግን ምስኣን ብቐረባ ይሰርሕ። በዚ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንዝተፈፀመ ግፍዒ ከም መሳርሒ ተጠቒሙለን። ንመራሕቲ ሃይማኖት ድማ፣ ካብ ሃይማኖታዊ ዕላማ ብዝርሓቐ መልክዑ ፖለቲካዊ ጉልባብ ክሕንገጡ ገይርዎም። ኣባ ህፃን ዝተብሃሉ መራሒ ሃይማኖት ኣብ ዓውደ ግንባር ተረኺቦም ንመራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ዝሃብዎ ቃል - "ናቶም (ንቀዳማይ ሚኒስተር) ቆራፅነት እዩ ንኹላትና ስራሕና ገዲፍና ናብዚ (ናብ ዓውደ ግንባር) ክንመፅእ ዝገበረና" ይብሉ።።

ብናይ ፅልኢ ቃላትን ጠቓነን ተጠንሲሱ፤ ናብ ተግባር ተሸሪፉ ህይወት ኣማኢት ኣሽሓት ንፁሃት ሰባት ዝበልዐ ጀኖሳይዳዊ ኲናት፤ ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊን ህዝባውን ትካላት፥ ናይ ምርምርን ፀገም ናይ ምፍታሕን ሓላፍነት ዝተሓንገጣ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሓሊፉ ትካላት ሃይማኖት መሳርሒ እዚ ኲናት ኸኾና ብዝተዋደደ መልክዑ ተሰሪሑሉ። እዚ ድማ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ምብእኣስ እዚ ኲናት ቐጥታ ተሳትፎ ክህልዮም ካብ ምስራሕ ጀሚሩ፤ ናይ እምነት ኣስተምህሮታት ካብ ዕላምኦምን ዓውዶምን ወፃኢ ብሰበ-ስልጣናት፣ ውሩያት ሰባትን ፅዕንቶ ፈጢርትን እናተጠቐሱ 'ቕዱስነት' እዚ ጀኖሳይድ ከእምኑን እዚ ተግባር ንኽፍፅሙ ኣብ ትግራይ ዝተዋፈሩ ናይ ጥፍኣት ሓይልታቶም ካልኣይ ምሕሳብ እንተየድለዮም ኣብ ዝሓፀረ እዋን ብኣፈፃፅምኡን ብህልቂቱን ናይ እዚ ዘመን ዝኸፈአ ሰይጣናዊ ተግባራቶም ከፈፅሙ ጥጡሕ ባይታ ፈጢሩሎም እዩ።

ካብ'ቶም ቀንዲ ናይ ፅልኢ ዘረባ ተገይሩ ኣብ ብዙሓት ማዕኸናት ዜና ሽፋን ዝረኸበን፣ ወፃኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ሓዊሱ ብዙሓት ብትሪ ዝተቓወምዎን መደረ ብመስራቲ ካብ'ቶም ኣብ ኲናት ትግራይ ልዑል ግደ ዝተፃወቱ ትካላት ሓደ ዝኾነ ማህበረ ቅዱሳንን ኣማኻሪ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተርን ዝተነግረ እዩ። እቲ መደረ ከምዚ ይብል፡

እዚ ንንውሕ ዝበለ እዋን ብሃይማኖታዊ ኣስተምህሮታት ዝፍለጥ ኣማኻሪ ቐዳማይ ሚኒስተር፣ መንግስቲ ምስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኢትዮጵያ (ኦተቤኢ) ኣብ ዝህልዎ ርክብ ቀንዲ ተዋሳእይን እታ ሃይማኖት ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ንዝተኻየደ ፅንተት ፖለቲካዊ መሳርሒ ክትኸውን ጥጡሕ ባይታ ኣብ ምፍጣር ልዑል ግደ ካብ ዝነበሮም ሰባት ሓደ እዩ። ብተመሳሳሊ እውን ብተኸተልቲ እቲ እምነት ኾነ ብዝህብዎም መደረታት ብብዙሓት ተፈላጥነት ዝነበሮም መጋቤ ሃዲስ እሸቱ "ከም ክፍኣትና እንተትኾን እኮ ሕዚ ንዝገጠመና መከራ ኤርትራን ትግራይን ሕብረት ፈጢሮም እንተትኾኑ ነይሮም ኦሮሞን ኣምሓራን ጠፊኦም ነይሮም፣ ግን እግዚኣብሄር ኣሰራርሕኡ ስለዝፈልጦ ኣፀማሚድዎም" ብዝብል ንጥፍኣት ተጋሩ መለኮታዊ ድጋፍ ከምዝተሓወሶ ኣምሲሎም ካብ ስነመለኮታዊ ኣስተምህሮ ወፃኢ ብዝኾነ መልክዑ ኣምሂሮም እዮም።

ምትሕውዋስ መንግስትን ሃይማኖትን ከይህሉ ብሕጊ ብንፁር እኳ ሰፊሩ እንተሃለወ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ንዘካየዶ ዝተዋደደ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ብዘመቻቹ መልክዑ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሓታት ሃይማኖታዊ ትካላት ኢድ ብምእታውን፣ መንግስታዊ ስልጣን ብሒቱ እንከሎ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ዝበዝሖም መግለፂታት ኣብ ሃይማኖታዊ ብዓላትን መደረታትን ብምቅላሕ ብ2013 ዓ/ም ንዝተወለዐ ኲናት ትካላት ሃይማኖት ኣብ ጎኑ ክስለፉ ሰፊሕ ምርብራባት ኣካይዱ እዩ።

“ እዞም ሰባትን፣ ንዚኦም ዝመስሉ ሰባትን ከይድገሙ ምግባር፣ ንሶም ናይ መወዳእታ ኾይኖም ክቐርዩ ምግባር እዩ። ካብ ድሕሪ ሕዚ ብዝኾነ መልክዑ ከምኡም ዝበለ ሰብ ከይፍጠር እዩ ክግበር ዘለዎ። ከምእትፈልጥዎ ሰይጣን ድሕሪ ምውዳቑ ንዕኡ ዝመሰል ኣይተፈጠረን፣ ሰይጣን ናይ መወዳእታ ኾይኑ እዩ። ንሶም እውን ናይ መወዳእታ ክኾኑ ምግባር እዩ።.........ካብ ሕዚ ንደሓር ንደቅኹም ናይ ክፉኣት ኣብነትን መፈራርሕን ክንገብሮ ዝግኣና ንዕኦም እዩ....ንሶም ክበልዑኻ እዮም ኢልና ክነፈራርሖም ኣለና........ ካብ ምድሪ ጥራሕ ከይኮነሰ ካብ ሕልናና እውን ተፋሒቖም ክጠፍኡ ኣለዎም። ”



ኣባል ማሕበረ ቅዱሳንን ኣማኻሪ ቀዳማይ ሚ/ርን ዳንኤል ክብረት

“ንሕና ፍትሓዊ ዝበልናዮ ኲናት ባዕሉ እውን እንተኾነ ናይ እግዚእብሄር ፍርዲ እዩ” ዝበሉ መራሒ ሃይማኖት ናይ ኢትዮጵያ ወንጌላውያን ቤተ ክርስትያን፣ “ሰይጣን እንተትገዝኣና ይሓይሽ” ዝበሉ መንፈሳዊ ኣቦ፤ ካብቶም ጫፍ ፅልኣት ዘመላኽቱ ብሃይማኖታዊ መራሕቲ ዝተዘረበ ኲናት ዝባረኹ መርኣያታት ነይሮም። እዞም ነዚ ፅንተታዊ ኲናት መለኮታዊ ጉልባብ ዘልበሱ ዘረባታት፤ መንግስቲ ምስ ብዙሓት መላፍንቱ ዝኣወጀ ህልቂት ደው ከይብል ዝባረኹን ዘበረታትዑን ነይሮም።

ካልእ ዶክተር ወዳጀነህ መሃረነ ብዝተብሃለ መራሒ ሃይማኖት ዝተውሃበ “ስለ እዙይ ድማ ዘድለየና እንታይ እዩ? እቱ ኲናት ደው ክብል ንምግባር ሰብኣዊ ሓገዝ ምቕላፍ እዩ” ዝብል ዘረባ ነይሩ። ብካሊእ መራሒ ሃይማኖት ዝተነገረ “ኲሎም ምሁራቶም ይኹን ተራ ሰባቶም ዕቡዳት እዮም። ስለዚ ሰብ እንተዓበደ ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ ዝብኢ ካብ ዝበልዓካ በሊዕኻዮ ተቐደስ ይበሃል። መንግስቲ ክቕበሉ እዮም ብዝብል ንሰላም ክበሃል ተፃብኡ ደው ምባል ፀዊዑ ኣሎ፣ ኾይኑ ግን እቲ ሓቂ ንምቕባል ዕቡዳት ስለዝኾኑ ንሕና ኣቕሺቲ ብማይ ካብ ኣበዩ ብሓዊ ኢና ክነጠምቖም ዝግባእ” ዝብል ምጥቃስ ይከኣል።

ትካላት ሃይማኖት “ሃገር እንተዘይሃልዩ ሃይማኖት ስለዘይህሉ እዚ ናይ ህልውና ወፍሪ ምድጋፍ ኣማራጺ ዘይብሉ ጉዳይ እዩ” ብዝብል ሽፋን ኣብ ትግራይ ዝነበራ ትካላት እምነት ዒላማ ጥቕዓት እንትገበራ፣፥ ንዋያተንን ቅርሰንን እንትዓኑን እንትዝመትን (ድሮ እኳ ኣብ ዓለም ለኸ መድረኻት ንዘይሕጋዊ ዕዳጋ ጨረታ ይቕርቡ ኣለው)፣ መነወርቲ ተግባራት ኣብ ኣብያተ እምነት እንትፍፀም፣ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣመንቲ ዝተፈላለዩ እምነታትን እንትርሸኑ፣፥ ኣብ ሃይማኖታዊ በዓላት ጅምላዊ ቕትለታት እንትፍፀሙ፣ ፆታዊ ጥቕዓት እንትፍፀሙ፣ ዜጋታት ንዓፀቦን ስእነት መድሓኒትን እንትሳጥሑ፣ ካብ መረበቶም እንትፈናቐሉ፣ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ዝነብሩ ተጋሩ መንበሪ ብምልክት እናተፈለየ ንጥቕዓት እንትጋለፁ፣ መራሕቲ ሃይማኖት ብትግራዋይ መንነቶም ምኽንያት ካብ ኣገልግሎቶም እንትእገዱ፣ ክፍሊቶም እንትቋረፅ፣ ካብ መንበሪኦምን እንትፈናቐሉን እንትእሰሩን፤ እዞም ግፍዕታትት ደው ክብሉ ፃውዒት ዝገበረት ናይ እምነት ትካል ኣይተርኣየትን።


ፓስተር ዮናታን

ብተፃራሪ መራሕቲ እምነት ናብ ዓውደ ኲናት ብምኻድ፤ ንፈፀምቲ ግፍዒ ኣብ ምብርትታዕ፣ ስንቅን ሎጀስቲክን ኣብ ምውፋይን ብኣካል ናብ ሰራዊት ሒዝካ ብምኻድ ብተውሳኺ እውን ሞራላዊ ድጋፍ ኣብ ምሃብ ተፀሚዶም ነይሮም። ኣብዚ “ክልቲኦም - ፀሎትን ጥይትን ተጠቂመ እየ ዝቃለስ ዘለኹ” ይብሉ ኣባ ገብረማርያም ኣደራው ዝተብሃሉ ኣቦ ንቢቢሲ ኣብ ዝሃብዎ ሓሳብ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣባ ህፃን ዝተብሃሉ መራሒ ሃይማኖት “ኣብ ግምባር ተረኺበ፣ እቲ ኲናት እናተዓዘብኩ እየ። ብዝኽእሎ ዓቕመይ ብዝፈቐዶ ኹሉ ብፀሎት እውን። ብዘለኒ ኩሉ፣ መኪናይ ሒዘ እየ ዝመፃእኹ (ናብ ዓውደ ኹናት) ብመኪናይ ሰራዊት እውን እናመላለስኩ ዓቕመይ ዝኽእሎ ኩሉ እንዳገበርኩ እየ። ንሕና ዝኾነ ኣካል ከይሓተተና፣ ብዓርስ ተበግሶና፣ ብፍቓድና ኢና ናብ ግንባር ዝተሰለፍና....ካብ ሕዚ ንደሓር ሓቂ ንምዝራብ ጳጳስ ኩሉ ክዘምት ኣለዎ።” ብምባል ኣንፃር መትከል እምነታት ዝኾነ ሓሳብ ኣንፀባሪቖም።

ገለ መራሕቲ ሃይማኖት ብዝኾነ ይኹን ቤተ እምነት ተቀባልነት ዘይብሉ፤ ብረት ተሓንጊጦም፣ መጉልሂ መነፅር (binocular) ብምጥቃም ኣብ ማእኸል ወታሃደራት ብምርካብ ዓውደ ኲናት ተዓዚቦምን ኣበረታቲዮምን። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ገንዘብ ብምውፃእን ናይ ውልቀ ንብረቶም ንወታደራዊ ዕላማ ግልጋሎት ክህባ ክሳዕ ምውፋይን በፂሖም እዮም። መንግስቲ ነዞም ተግባራት ንፕሮፖጋንዳ ዕላማ ኣውዒሉ ጎሊሆም ክረኣዩ ብምግባር ጥፍኣታዊ ዕላምኡ ንምፍፃም ተጠቒሙሉ እዩ።

ኣብ ትግራይ ዝተኻየደ ኲናት “ናብ ዘርኢ ምፅናት ዝዓረገ ግፍዒ እዩ።” ብምባል ተቃውሞኦም ዘስምዑ ፓትርያርክ ኦተቤኢ ንምዕፋንን ንምንሻውን ዝተኸደ



*“ሰይጣን እንተትገዝኣና ይሓይሽ” ኢሉም ዝተዛረቡ ጳጳስ*

ኸያዶን፣ መንግስታዊ መራኸቢ ብዙሓን ነቲ ዝተውሃበ ግብረመልሲ ዝሃብዎ ሽፋን እንትርአ መንግስቲ ትካላት እምነት መሳርሒ ገይሩ ከምዝተጠቐመለን ዘመላኽት እዩ።

ገለ መራሕቲ ሃይማኖት ካብ ዝተዛረብዎም ናይ ፅልኣትን፣ ጎንፂ ዘጋድዱ ትሕዝቶ ዘለዎምን መደረታት ብዝተፈላለዩ መራኸብቲ ብዙሓን ሽፋን ምርካቦም ድማ፣ ኣብቲ ብቦታ ዝተወሰነ መድረኽ ካብ ዝነበሩ ተዓደምቲ ሓሊፉ ናብ ሚልዮናት ከባፃሕ በሪኽፊቱ። እዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል እዛ ሃገር ዝነበሩ ተጋሩ ብፍሉይ ከትትል ክግበረሎም፣ ክጥቀዑ፣ ክፈናቐሉ፣ ክእሰሩ ኢሉ እውን ካልኦት ግፍዕታት ክበፅሖም ገይሩ። ኣብ መንፈሳዊ ግልጋሎት ዝተዋፈሩ ተጋሩ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ መንበሪ ገዝኦምን ኣብ ዘገልግሉሎም ኣብያተ እምነት ኣፅዋር ከም ዝሓብኡ ካብ ምጥቃን ሓሊፉ ስርዓት ቐብሪ ዘፈፅሙ ቐሺ ሓመድ ድብ ዘልበስዎ ናይ ሰብ ኣስከሬን ከይኮነስ ናይ ኣፅዋር ሳንዱቕ እዩ ብዝብል ናይ ፈጠራ ወረ ፖሊስን ኣካላት ፀጥታን ኣብ ዘተረኽቡሉ ተኺዒቱ ክፍተሽ ተገይሩ።

ካብዚ ሓሊፉ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፣ ወታደራዊ ኣመራርሓን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝነጥፉ ውሩያት ሰባትን ናይ ሃይማኖታዊ ቃላት ንናይ ጥፍኣት ተግባሮም ክድግፍ ንምጥቃም ካብ ኣስተምህሮን ትርጉምን ቅዱሳት መፅሕፍትን ወፃኢ ትርጉም እናሃቡ ኣብ ህዝባዊ መራኸብቲ ብዙሓን መደረ እንተካይዱን ንዘይተደለየ ዕላማ እንትውዕሉን መራሕቲ ሃይማኖት ነዚ ዘይግቡእ ተግባር ኣየውገዙን። ከንቲባ ድሬዳዋ ዝኾነ ብኸምዚ ‘ከም ኣብ መፅሓፍና ዝተጠቐሰ’ (ንቁርዓን ብምውካስ) ኢሉ “ካብ ናይ ሰብ ዘርኢ ዘይተፈጠሩ፥ ካብኦምስ ዲያብሎስ ይሓይሽ ኢለ ተስፋ ይገብር።” ብምባል ኣብ ርእሲ ተጋሩ ዝተፈፀመ ግፍዒ ኣብ ዘይራኸብ ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮ ተደሪኹ ፅልኢ ንምስባኽ ተጠቐሙሉ። ካብዚ ብተወሳኺ ንጥፍኣት ዝተልኣኹ ኣባላት ሰራዊት ቃታ ቅድሚ ምስሓቦም’ በብእምነቶም ክፅልዩ ከምዝገባእ ወታደራዊ መራሕቶም እንትምዕድዎም እውን እንተኾነ ትካላት እምነት ካብ ስነመለኮታዊ መትከሎም ወፃኢ መንፈሳዊ ኣስተምህሮኦም ንጥፍኣት መሳርሒ እንትኾኑ- ተራእዮም እዮም።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ትካላት እምነት ኣብ ሰላም ዘለዎም ሓበራዊ መትከልን ኣስተምህሮን ከም ዕንቅፋት ናይ ጥፍኣት ዕላምኡ ገይሩ ካብ ምቑጻር ክሳዕ ኣብ ልዕሊ ንሰላም ዝሰበኹን እዚ ጀኖሳይዳዊ ኹናት ጠጠው ንክብል ንዝፀውዑን መራሕቲ ሃይማኖት ዝተፈላለዩ ዓፈናታትን በደላትን ኣብፂሑ እዩ። ኣብ ትግራይ ተፈፅመ ግፍዓዊ ተግባር መንግስቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን፤ ብግልፂ ፅንተት ከምዝኾነ ብምግላፅ ደው ክብል ዝፀውዑ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ኢትዮጵያ ኣቡነ ማትያስ መልእኽታቶም ብሰበ-ስልጣን ማእኸላይ መንግስቲ ብተደጋጋሚ ከምዝተዓፈነ ይፍለጥ።

ካብዚ ሓሊፉ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝርከባ ትካላት እምነት ጥምረት ኣብያተ እምነታትን እዚ ጀኖሳይዳዊ ጥቕዓት ደው ክብል እንትፅውዓ ብኣንፃሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ ትካላት ሃይማኖት ግን ኣብ ልዕሊ ማእኸል ጥንታውያን እምነታት ዝኾነት ትግራይን ህዝባን መዘና ኣልቦ ግፍዕታት እንትፍፀሙ፤ መራሕቲ ፖለቲካ ንዝፈሓስዎ ጥፍኣት መሳርሒ ብምኳን ብዝነበረን ኣሉታዊ ተሳትፎ ኣብ ታሪኽ ፀሊም ነጥቢ ክሓድጋ ገይረወን እዩ።

# ሚድያታት ከም ነጋሪት ጀኖሳይድ




መራኸብተ ሓፋሽ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝፃወትኦ ግደ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ምጥቃስ ይከኣል። ቀንዲ ሓላፍነት ሚድያ ምቕራብ ሓበሬታ፣ ምስትምሃርን ምዝዛንጋዕን ኾይኑ ሕግን ሞያዊ ስነምግባርን መትከለን ዝገበራ መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ኩለመዳያዊ ምንቅስቓስ ሕብረተሰብ ዝህልወን ኣበርክቶ ልዑል እዩ። ሚድያታት ብኣግባቡ እንተደኣ ተጠቒምናለን፤ ኣብ ምቕላሕ ሓቃዊ ሓበሬታ፣ ኣብ ምቕራፅ ኣገደስቲ ኣጀንዳታት፣ ኣብ ምድህሳስ ማሕበረ ፖለቲካዊ ዘዕባታት፣ ኣብ ምርግጋፅ ቁጠባዊ ለውጥን ዕብየትን፣ ኣብ ምትእትታውን ምፍላጥን ሓደሽቲ ወፅኢታት ቴክኖሎጂ፣ ኣብ ምፍጣር ሰላምን ህድኣትን፤ ኮታስ ናብ ኹሉ ኣንፈታት ከመዓድውን ከገናዝብን ዝኽእል፣ ዝነቕሐን መስተውዓልን ማሕበረሰብ ኣብ ምፍጣር ልዑል ግደ ይፃወታ።

ካብቶም መሰረታዊ ሓላፍነታት ሚድያ ብተፃራሪ፤ መራኸብተ ሓፋሽ ንጥፍኣትን ዕንወትን ክውዕላ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ጥንኩር ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ዘለሉ ዓዲ፣ መራኸብተ ሓፋሽ'ውን ብኡኡ ልክዕ ንመሰረታዊ ድልየት እቲ ሕብረተሰብ ደው ክብል ዘኽእል ቁመና ይህልወን። መራኸብተ ሓፋሽ ብሰብሞያን ሓላፍነት ብዝስመዖም ኣካላትን እንተዘይተወኒነን እንተዘይተመሪሐን ከስዕባኦም ዝኽእላ ማሕበረሰባዊ ወድቀት፣ ኢኮኖምያዊ ዕንወት፣ ፖለቲካዊ ቅልዉላው፣ ስነ ልቦናዊ ስብራትን ካልኦት ዘይሕከኹ ሳዕቤናትን ኣዝዮም ከበድቲ እዮም።

ብፍላይ ድማ እዘን መራኸብተ ሓፋሽ ኣብ ኢድ ሓላፍነት ዘይስመዖም መራሕቲ፣ መንግስታት ወይ'ውን ዉልቀ ሰባት እንትኣትዋ እቲ ኣሉታዊ ሳዕቤነን ልዑል እዩ። ሰነዳት ታሪኽ ከምዝሕብርዎ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብፍላይ ኣብ 1ይን 2ይን ኲናት ዓለም፣ ኣብ ስርዓት ናዚ፣ ኲናት ቬትናም፣ ኲናት ቦስንያ፣ ቅልውላው ሮሂንጋ፣ ናይ ሩዋንዳ ጀኖሳይድን ካልኦትን፤ ሚድያታት ዓለም ለኻዊ ገበናት፣ ጨፍጫፋትን መቕተልትን ከፍፅሙ ኣብ ምልዕዓልን መምርሒ ኣብ ምሃብን ዝነበረን ተሳትፎ ልዑል ነይሩ።

ኣብ ጀኖሳይድ ሩዋንዳ፣ ልዕሊ 51,000 ፈፀምቲ እቲ ገበን ማለት'ውን ካብቶም ነቲ ገበን ዝፈፀሙ ዓሰርተ ምኢታዊ ነቲ ኣስካሕኻሒ ገበን ንኽፍፅሙ ካብ ዘለዓዐልዎም ምኽንያታት እቲ ቀንዲ ብ RTLM ብዝተብሃለ ሬድዮ ጣብያ ናይቲ ዓዲ ኣቢሉ ብዝተገበረ ምልዕዓል ከም ዝነበረ መፅናዕትታት ይሕብሩ። ምስ እዚ ተተሓሒዙ


ደሴ ስጋት እንጂ ሌላ ነገር የለም። መብራትና ስልክ ተመልሰው አገልግሎት እየሰጡ ነው። በሁሉም የደሴ በሮች የሚደረገው ጥበቃ ተጠናክሮ ቀጥሏል። አሁንም ከፍተኛ ጥንቃቄ ያስፈጋል። በሰው ማዕበል የመጣውን ህወሀትን በሰው ማዕበል መመለስ ግድ ይላል። መንግስት በየማሰልጠኛ ጣቢያ በስልጠና ላይ ያሉትን ምልምሎችንም ቢሆን ለደሴው ተጋድሎ ማሰለፍ ቢችል ጥሩ ነው። ስትራቴጂውን የሚያውቁት የመከላከያ ሰራዊት አዛዦች እንደሆኑ ብገነዘብም የደሴው በር ለአማስደፈር የሚከፈለውን መስዋዕትነት መከፈል እንደሚገባው ስለማምን በድፍረት ሀሳብ መስጠት ፈልጌአለሁ። በተረፈ ደሴዎች በርቱ። እየመጣ ያለው አጅግ አረመኔ፣ አንተንም ሀገርህንም ሊያጠፋ የቋመጠ አውሬ ነው። ሸሽተህ የትም መሄድ አትችልም። ደጃፍህ የመጣውን አውሬ ጥርሱን አራግፈህ፣ መንጋጭላውን አውልቀህ እንዳያንሰራራ አድርገህ ጨርሰው።

ጥብቅ መልዕክት ለመንግስት። አሁንም አልረፈደም። የትግራይ ተወላጆችን፣ ከህወሀት ጋር ግንኙነት የሌላቸውንም ቢሆን በጊዜያዊ ማቆያ ጣቢያዎች እንዲሰባሰቡ ማድረግ ያስፈልጋል። አሜሪካን በሁለተኛው የዓለም ጦርነት ወቅት፣ ወደ ጦርነቱ ከመግባቷ በፊት በሀገሯ የሚኖሩ የጃፓን ዜጎችን በሙሉ ወደካምፕ አስገብታ ነው የጃፓን ወራሪንና የሂትለርን ጦር ማሸነፍ የቻለችው። ጃፓኖችን በብብቷ ስር ወሽቃ ወደ ጦርነቱ መግባት የሽንፈት መጀመሪያ መሆኑን በመረዳቷ እርምጃውን ወስዳለች። ኢትዮጵያም ከዚያ የከፋ አደጋ ውስጥ ናት። የደሴው ግብግብ ዋናው ተዋናይ ከህዝቡ ጋር አብረው የሚኖሩት የህወሀት ደጋፊዎች መሆናቸው በስፋት ታምኗል። እነሱን በጉያ ይዞ ጦርነቱን ማሸነፍ በፍጹም የሚቻል አይደለም። ለእነሱም ደህንነት ተብሎ እርምጃው በአስቸኳይ ሊወሰድ ይገባል።

2.6K 7 Comments 653 Shares

"[...] You should finish this monster on your doorstep."

"Strict Message to the Government: It is not late. Ethiopia should put Tigrayans to detention centers, even those with no connection to TPLF. As America did during World War 2 to the Japanese living in America [...].

ብሚድያ ኣቢሎም ብዝገበርዎ ጎስጓስ ፅልኣት ዘረባታትን ስራሕቲ ፕሮፖጋንዳን፤ ፈፀምቲ ገበን ብምልዕዓል ኣብ ልዕሊ ዜጋታቶም ኲናት ሕድ ሕድ ክልዓልን ብኣማኢት ኣሽሓት ህዝቢ ክሃልቕ ካብ ዝገበራ ዓድታት ከም በዓል ሩዋንዳ፣ ሴራልዮንን ቦስንያን ምጥቃስ ይከኣል።

## ባይታ ሚድያ ኢትዮጵያ

ሚድያታት ኢትዮጵያ ብመንፅር እቲ ሚድያ ዝጠልቦ፤ ከምኡ'ውን ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘለወን እወንታውን ኣሉታውን ግደ ንምፍታሽ ብዓመታት ከፋፊልና ከምዚ ዝስዕብ ክንድህስሰን።

ታሪኻዊ ምዕባለ ሚድያ ኢትዮጵያ፤ ባህላውን ናይ ባዕሉ ኣተገባብራን ዘለዎ ኾይኑ ብኣውርኡ ኣብ ስልጣን ናይ ዘሎ ሓይሊ ኣገልገልቲ ከም ዝነበራ ንጉሴ (2014) ዝተብሃለ ተመራማሪ ይገልፅ። እተን ዝነበራ ሚድያታት ነቶም ኣብ ስልጣን ዝነበሩ ስርዓታት ዝመስላን ነቶም ገዛእቲ ከም መሳርሒ ኮይነን ብተኣማንነት የገልግላ ከም ዝነበራን ንጉሴ (2014) የብርህ። ኣብ ኣተገባብረአን ድማ ናይቲ ስርዓት ባህርያት ተላቢሰን ንመሰረታዊ ረብሓ ሕብረተሰብ፣ ሞያዊ ሓላፍነትን ካብተን ሚድያታት ትፅቢት ዝግበር ግደ ዘይኮነስ ንሓለዋ ወንበር እቶም ገዛእቲ ይውዕላ ከምዝነበራ ይገልፅ።

ድሕሪ ምምፃእ ኢህወደግ፤ ሓሳብ ብነፃነት ናይ ምግላፅ መሰልን ነፃነት ሚድያን፣ ኣብ ሕገመንግስቲ ክሰፍርን ቅደመ ምርመራ ክተርፍን ዘኽእሉ ሓድሽቲ ድንጋገታት ተኣውጅም። ቴሪ ሽርድል (Terje S, Skjerdal'ፕ 2011) ዝተብሃለ ኣብ ታሪኽን ምዕባለን ልምዓታዊ ሚድያታት ኢትዮጵያ ብዝብል መፅናዕቲ ዘካየደ ተመራማሪ፤ እቲ ሓድሽ ሕገ መንግስቲ፣ መራኸብቲ ሓፋሽ ሕጋዊ ኣፍልጦን ነፃነትን ረኺበን ከም ቀንዲ መሳርሒ ዴሞክራሲያዊ ትካላት ኾይነን ግደአን ከበርክታ፤ ከምኡ'ውን ከም ሓደ ባእታ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ተባሂለን ኣፍልጦ ክረኽባ ምኽኣለን ኣብ ታሪኽ ሚድያታት ኢትዮጵያ ዓብይ ነጥቢ መቀይሮ ነይሩ ብምባል ይገልፆ።

ቴሪ ሼርደል (2011) ውስኽ ኣቢሉ ዋላኳ እቲ ናይ ሚድያ ነፃነት ኣብ ሕገ መንግስቲ ይደንገግ ምበር፤ እቲ ዝነበረ ናይ ሚድያ ምህዳርን ባይታን ኣብ ኣተገባብራ ጋዜጠኝነት ፅልዋ ከም ዝነበሮ ይገልፅ። ኣብ ከይዲ ትግበራ ሞያን ፍልጠትን ሚድያ መንግስቲ ፀቕጢ ይገብር ከም ዝነበረን ብፍላይ ኣብ ውልቀ ሚድያታት ድማ ይዛይድ ከምዝነበረን ከም ውፅኢቱ ድማ እቲ ሕገመንግስታዊ ነፃነትን ምሉእ ከምዘይነበረ ይሕብር።

እቲ ካልእ ከም ሓዱሽ ምዕራፍ ሚድያ ኢልና ክንገልፆ ንኽእል ድሕሪ ምምፃእ ጠ/ሚ ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ማለት ውን ካብ ወርሒ መጋቢት 2009 ክሳዕ ሐዚ ዘለናዮ እዋን እዩ። እዙይ መሪሕነት ፈለማ ናብ ስልጣን እንትመፅእ፤ ተኣሲሮም ዝነበሩ ጋዜጠኛታት ብምፍታሕን ኣብ ሚድያታት ኣለዉ እዮም ኢሉ ዝሓሰቦም ጉድለታት ንምእራም ተበግሶታት ወሲደ ኣለኹ ዝብሉ ተስፋታት ብምቕራብ ካብ ውሽጢ ሃገርን ዓለም ለኻዊ ትካላትን ምስጋናን ተቐባልነትን ክረክብ ፅዒሩ እዩ ብዉስን መልክዑ ድማ ተሳኺዒሉ እዩ።

ካብ ወፃኢ ሃገራት ዝፍነዉ ሚድያታት ክምለሱ፣ ዝተኣሰሩ ጋዜጠኛታት ክፍትሑ፣ ኣብ ልዕሊ ሚድያታት ዝነበረ ፀቕጢ ክልሕልሕ፣ ሓደሽቲ ትካላት ሚድያ ዝጣየሻሉ ባይታ ክፍጠር፣ መንግስትን ሲቪክ ማሕበራትን ብሓደ ክሰርሑ ዝኽእልሉ ምቹው ኩነታት ክፍጠርን ናይ ሚድያ ሪፎርም ክካየድን ዘኽእሉ ተበግሶታት ወሲዱ ከም ዝነበረ ሄኖክ (2022) ይገልፅ።

ይኹን'ምበር፣ ብብልፅግና ዝምራሕ መንግስቲ፤ ናብ ፍፁም ምልካውን ዓብላላይን ስርዓት ክቕየር ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። ከም ኣገላልፃ Skjerdal & Mulate (2020) ብፍላይ ኣብቲ ስርዓት ምሕደራ ንሓደ ብሄር ፈሊኻ ምግላል፣ ካብተን ሚድያታት ንኽወፁ ኮነ ኢልካ ብዝተዋደደ መልክዑ ምስራሕ፤ ናይቲ ስርዓት ተረኽ ጥራሕ ዓብላላይ ክኸውን ምግባር፣ እቲ ናይ ሚድያ ስርዓት'ውን ነዚኦም ንምፍፃም ከዝርጋሕን ንኣተገባብርኡ ድማ ኣብ ትሕቲ ናይ መንግስቲ መሓዉር ኮይኑ ንክስራሕ ተገይሩ ይብሉ።

ከም ውፅኢቱ ድማ ናይ ሚድያ ምትፍናንን ምክፍፋልን (polarization) ንክፍጠርን ናይ መንግስቲ ዓብላላይነት ጎሊሁ ንክረአን ገይርዎ። መፈለምታ ጥጅእ ጀኖሳይድ ትግራይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት እዛ ሃገር ዝነበሩ ዝነበሩ ተጋሩ ምርኣይ ጀሚሩ። ኣብ ልዕሊ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝሰርሑ ዝነበሩ ተጋሩ ድማ ናይ ምግላልን ምብራርን ወፍሪ ተጀሚሩ። ተጋሩ ካብ ናይ ላዕለዋይ መሪሕነትን ክሳዕ ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ሰብ ሞያ ዒላማ ተገይሮም። ልክዕ ከምቶም ካልኦት ዘፈራት ኣብ ሚድያ ይሰርሑ ዝነበሩ ተጋሩ ጋዜጠኛታት'ውን ካብ ስርሖም ክግለሉን ክባረሩን ተገይሩ።

## ሚድያ ስትራቴጂ ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ

ኣብ ቀረባ እዋን ዝወፁ ዘለዉ መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፤ ሚድያ ኢትዮጵያ ኣብ ምቕራፅ ኣጀንዳን ምጉህሃርን ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ ዝነበረን ግደ ኣዝዩ ልዑል ነይሩ። ብሚድያታት ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ጎስጓስ ናይ ፅልኢ ዘረባታትን ምንዛሕ ግጉይ ሓበሬታን፤ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ግፍዒ ክበፅሑ ክኢሎም። እዙይ፣ በቲ ስርዓት መደብ ወፂኡሉ፣ እተን ሚድያታት ነጋሪት ጀኖሳይድ ከጉስማን ሕድሕድ ዝፍፀሙ ገበናት ምኽንያታዊ ኣብ ምግባር ከነጥፋን ዝተውሃበን ዕማም እዩ ነይሩ። ካብ ድርር ኲናት ጀሚሩ ክሳብ ውዕል ምቅቁራፅ ቶኽሲ ዝተፈላለዩ ኣንፃር ተጋሩን ዘቕንዑ ፀብፃባታትን ሰነዳዊ ፊልሚታትን ብምስራሕ፣ መንፀፍ ጀኖሳይድ ኣብ ምዝርጋሕ ዝተዋደደ ምንቅስቓስ ኣካይደን። እዙይ ድማ፣ ሚድያ ከም ሓደ መሳርሒ ፅንተታዊ ኲናት ኮይኑ ንኽገልግል ስትራተጂ ወፂኡሉ ይሰርሕ ስለ ዝነበረ እዩ።

ምስ እዚ ተተሓሒዙ peertub.institute.org ዝበሃል ኣብ ጀኖሳይድ ዘድሃበ ዌብሳይት Effective Moderation of Social Media to Curb Genocidal Content ብዝብል ርእሲ ኣብ ዘሰናድኦ ሓፂር መረዳእታ ኣብ እዋን ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ፤ ሚድያታት መንግስቲ ኢትዮጵያ፤ ብፍላይ ኣብ ዲጂታል ሚድያ ዝተኸተሎ ሰለስተ ስትራቴጂታት ከምዚ ዝስዕብ ይገልፆም፡

እቲ ናይ መጀመርታ፣ ሚድያታት ስርዓታዊ ብዝኾነ መንገዲ ዓብሊልካ ንተጋሩ ከፀላእልእን ክንፅልን ዘኽእል ተረኽ ብምፍጣር ብስፍሓትን ብዕምቆትን ክሰረሐሉ ትእዛዝ ምሃብ እንትኸውን፤ መንግስታውን ሃይማኖታውን መሓዉር'ዉን ብናይ ባዕለን መንገዲ ነዚ ተረኽ ከጠናኽር ዘኽእል ወሳናይ ግደ ክፃወታ ምግባር ዝብል ነይሩ። ነዙይ ስትራተጂ ንምፍፃም ዝተዋደደ ናይ ሚድያ ወፍሪ (Campaign) ብምክያድን ክሳዕ ዘይስሩዕ ኣወዳድባ ብምጥቃምን ናይ ፅልኣት ዘረባን ግጉይ ሓበሬታን ክዝርጋሕ ተገይሩ።

እቲ ካልኣይ ስትራቴጂ ድማ፣ መንግስታውን መንግስታዊ ዘይኮኑ ትካላትን፤ ማለት ውን ከም INSA፣ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፣ ተመራመርትን ፅልዋ ፈጠርትን ብምጥቃም እቲ ግጉይ ተረኽ ብዝበለፀ ተኣማንነት ንክህልዎ ምስራሕ ዝብል ነይሩ። እዙይ ስትራተጂ ብፕሮፖጋንዳ ዝተሓሰየ ኣብ ዝምቡዕ ሓበሬታ ዝተመስረተ ስምምዕ ኣብ ሙብዛሕቲኡ ሰብ ንኽፍጠር ዝዓለመ ነይሩ።




ብመሰረት እቲ ትካል ዘውፀኦ መረዳእታ እቲ ሳልሳይ ስትራቴጂ፣ ብዛዕባ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ዝምልከቱ ዛዕባታት ስጡም ቁፅፅርን ምክልኻልን ሓበሬታ ምክያድ ዝብል ነይሩ። ብፍላይ መንግስቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን፣ ኣብ እዋን እቲ ኲናት ኣብ ትግራይ ዝፈፀምዎም ገበናት ናብ ዓለምለኻዊ መራኽብቲ ብዙሓን ከይበፅሑን ከይፍለጡን ዘካተቱ ስራሕትታት ዝሓዘ ነይሩ። እዙይ እቶም ዝተፈፀሙ ገበናትን ግፍዓዊ ተግባራትን ንህዝብታት ኢትዮጵያ ከይበፅሑ ንምድንጋር ጥቡቕ ዝኾነ ዝተማእኸለ ፍሰት ሓበሬታ ክህሉ፣ ሓበሬታ ከይወፅእ ክኽልክልን ግጉይ ሓበሬታ ክዝርጋሕን ዝብሉ ተግባራት ዝሓዘ ነይሩ።

ነዚ ከይዲ ተኣማንነት ንምፍጣር ተባሂሉ ድማ ግጉይ ሓበሬታ ዘፃሪ መስርሕ ብዝብል 'የኢትዮጵያ ፋክት ቼኪንግ (Ethiopian Fact-Checking) ብብርኪ ሚኒስተር ብምጥያሽ ካብ ትግራይ ዝወፁ ዝነበሩ ሓቃዊ ሓበሬታት ንምዝባዕ ተሰሪሖሉ እዩ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀሙ ዓበይቲ ገበናት ዘቃልዑ ሓበሬታታት ንምቅላስ፣ ንምክሓድን ንምንፃግን ነዙይ ስትራተጂ ይጥቐም ምንባሩ እቲ መረዳእታ የመላኽት።

ከም CNN፣ BBC ፣ France 24 ዝኣመሰሉ ዓለምለኸ ሚድያታት ከም ፀላእትን ፍልፍል ዘይሓቃዊ ሓበሬታን ኮይኖም ክስኣሉ ሰፊሕ ናይ ፕሮፖጋንዳ ስራሕ ተሰሪሑለን እዩ። ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት እተን ዓለም ለኸ ሚድያታት ድማ ምንግልታዕ፣ ማእሰርትን ምፍርራሓትን ይበፅሑ ነይሮም።

## ቅሉዕ ፃዉዒት ፅንተት (PUBLIC INCITEMENT TO GENOCIDE)

ከም ኣቆፃፅራ ጎርጎርዮሳውያን (ኪ.ኣ.ጎ.) ብ1948 ዝወፀ ስምምዕ ጀኖሳይድ (Genocide Convention) ኣንቀፅ 3 (ሐ) ከም ዝተገለፀ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ፣ ናይ ኣደባባይ ዘረባ

ይኹን፣ መራኸቢ ሓፋሽ (Broadcast and Online) ብምጥቃም ዝግበር ቅሉዕ ፃውዒት ፅልኢ ሓደ ካብቶም ጀኖሳይድ ከስዕቡ ዘኽእሉ ተግባራት ስለዝኾነ ብፅኑዕ ዝተኸልከለ እዩ። ይኹን'ምበር፣ እዚ ተግባር ኣብ እዋን ኲናት ትግራይ ብቅሉዕ ከም እተፈፀመ፣ New Line Institute for Strategy and Policy (June, 2024) ዝተብሃለ ትካል መፅናዕቲ ኣሜሪካ ኣብ ዘውፀኦ ሪፖርት ይሕብር።

## ኣገባብ ኣተገባብራ እቲ ቅሉዕ ፃዊዒት ፅንተት ኣብ ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ እንትፍተሽ:

ዋላ'ኳ ወሃቢ ቃል ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UN Human Right Council) ኣብ ሰነ 2014 ዓ.ም ኣብ'ቲ ብሚድያ ዝንዛሕ ዝነበረ ኣጎሃሃሪ ዘረባ ሻቕሎቶም ብምግላፅ ፈፀምቲ ኣካላት ካብዚ ተግባሮም ክቑጠቡ እንተጠንቀቐ፣ እቲ ብሚድያ ዝግበር ዝነበረ ፃውዒት ፅንተት ግን ኣየቋረፀን። ከም ሓበሬታ New Line Institute for Strategy and Policy (June, 2025) ኣገባብ ኣተገባብራ እቲ ቅሉዕ ፃዉዒት፣ ሕጋዊ ሽፋን ምልባስን ናብ ተግባር ክሽረፍ ጎስጓስ ምግባርን ዝሓወሰ ናይ ፅልኣት ዘረባ ካብ ቤት ፅሕፈት እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ሓዊሱ ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ኣካላት ይፍኖ ምንባሩ እኹል መረዳእታ ከም ዘሎ ይሕብር።

ብሓፈሻ ሚድያታት ኢትዮጵያ ኣብዚ ጀኖሳይዳዊ ኲናት ዝነበረን ኣዕናዊ ግደ ሰፊሕ ሰብኣውን ንዋታውን ጉድኣት እዩ ኣስዒቡ። ብሰንኪ ኣብዞም ሚድያታትን ካልኦት ማሕበራዊ ሚድያታትን ዝቐረቡ ናይ ፅልኣት ዘረባታትን ግጉይ ሓበሬታትን፡ ሰባት ብህይወቶም ኣናሃለዉ ክቓፀሉ፣ ደቂ ኣንስትዮ ፆታዊ ጥቕዓት ክበፅሖን፣ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ማእሰርትን ስቕያትን ክበፅሖን ካልኦት ዝተፈላለዩ ገበናት ክፍፀሙን ኣኽኢሉ እዩ። እዞም ብሚድያታት ኢትዮጵያ ዝቐርቡ ዝነበሩ ትሕዝቶታት ከይስወሩን ንፍትሕን ተሓታትነትን ክውዕሉን ኣድላዩ ዝበሃል ስነዳ ምክያድ ኣገዳሲ እዩ።

## ኣብነታት ቅሉዕ ፃውዒት ፅንተት ዘመላኽቱ ናይ ፅልኣት ዘረባታት:

- “ይህ የጥፋት እቅድ የታቀደው ከ5 ሚልዮን ህዝብ ለ95 ሚልዮን ህዝብ ነው። ስለዚህ የተበላሸን አሳ ከባህር ማስወገጃ መንገዱ አንዱ ነው የባህሩ ወሃ ማስወገድ። ስለዚህ ሳናመነታ ሁላችንም በያለንበት እርምጃችንን እንድንጀምር ጥሪ እናስተላልፋለን።” ጋዜጠኛ መሳይ መኮነን አብ ኢሳት ቴሌቪዥን
- “እንደነሱ አይነት ሰው ዳግም እንዳይፈጠር እዚች አገር ላይ እንዳይታሰብ ከመዋቅራዊ ቦታቸው ብቻ አይደለም ማስወገድ ያለብን ከሰው ህሊና ከሰው ልቦና ውስጥ ከታሪክ መዝገብ ውስጥ ነው ተፍቆ መጥፋት ያለባቸው።” ዳንኤል ክብረት
- “ሊያባሉንና ሊያጫርሱን ለተዘጋጁት የቀን ጅቦች ዕድል ልንሰጣቸው አይገባም” ጠቅላይ ሚንስትር አብይ አሕመድ
- “እዞም ሰባት ፃህያይ እዮም፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ድማ ፃህያይ ከመይ ከምዝፅርዮ ይፈልጥ እዩ።” ጠቅላይ ሚንስትር አብይ አሕመድ
- “ ጅቦች እንብላቸውና እንቀደስ” አርቲስት ደበበ እሸቱ
- “ስለተቃጠሉ እኔ አላዝንላቸውም ይገባቸዋል” አርቲስት ደበበ እሸቱ
- “ይህ ህዝብ [ትግራይ] የመላ ኢትዮጵያ ህዝብ ጠላት ነው፣ ማጥፋት አለብን” አገኘሁ ተሻገር ናይ ቀደም ናይ ክልል አምሓራ ፕሬዝዳንት ናይ ሎሚ አፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኢትዮጵያ ጄኖሳይዳል ንግግር.
- “ዱላ ይዞ ትጥቅ ይዞ በየመንደሩ እንትን የሚለን የኢትዮጵያ መከላከያ ሰራዊትና የፀጥታ አስከባሪዎች አስቀምጥ ይበለው እምቢ ካለ በጥይት ማለት ነው። በቃ ጊዜው ጊዝያዊ አዋጅ ነው። ከኢትዮጵያ ወዲህ ምንም ነገር የለም። ባለፈው ወገቡ ሁሉ ተመትቶ ሸሽቶ እዛ ድንጋይ ስር መቀሌ ሂዶ የገባው እሱ ላይ መንግስት እኔ አሁን ዝርዝሩን አልናገርም ይቻላል ደምበኛ እቅድ ተደርጎ መመታት አለባቸው።” ናይ ፅልኣት ንግግር ብ ካሳየ ጨመዳ አብ ዋልታ ቴሌቪዝን
- “ዝም ብለን በነፃ ከመሞት አንድ ትግሬ ገድለን ብንሞት ዋጋ አለው። ምናልባት የትግራይ የትግራይ ህዝብ ብዛቱ 6 ሚልየን ነው። የአማራ ህዝብም የህዝብ ብዛት ደግሞ ወደ 30 ሚልየን የሚጠጋነው። ምናልባት እንኳ 6 ሚልየን ህዝብ ለትግራይ ብቻ ብንመድብ ሌላው ህዝብ ነፃ ሊወጣ ይችላል።”

# ሳዕቤን ጀኖሳይዳዊ ኲናት ትግራይ

## ኣብ ምርባሕ ኣናህብን ምምራት መዓርን: ኣናህብ ከም ስጋ ዝተጠበስሉ

ሓረስታይ ትግራይ፣ ኣብ ምርባሕ ንህቢ ናይ ነዊሕ እዋን ተመኩሮ ኣለዎ። እዚ ዓውዲ ሕርሻ ምስ ህይወቱ'ውን ልዑል ምትእስሳር ዘለዎ እዩ። መዓር ትግራይ ብፅሬቱን መቐረቱን ፅቡቕ ስም ዘትረፈን ተደላይን እዩ። ኣብ ትግራይ ንዝተኻየዱ ስራሕቲ ምሕዋይ ተፈጥሮኣዊ ሃፍቲ ተተሓሒዙ፣ እዚ ዘፈር ምንቅቓሕ ዘርኣየሉም ኣዋናት ነይሮም፣ ብሕልፊ ቅድሚ ምውላዕ ኲናት ትግራይ ዝነበሩ ዓመታት ኣብዚ ተጠቀስቲ እዮም። እዚ ዘፈር፣ ንብዙሓት መናእሰይ ዕድል ስራሕ ዝፈጠረ'ውን ነይሩ። ብሓፈሻ፣ ኣብ ምንካይ ድኽነት ልዑል ኣበርክቶ ነይሩዎ። ኣናህብ ካብ ምምራት መዓር ብተወሳኺ፣ ካብ ሓደ ዕምበባ ናብ ካልእ ዕምበባ ዘርኢ ክሰጋገር ብምግባር ኣብ ምስሳን ምህርቲ ናይ ባዕሉ ግደ ይፃወት። ስለዚ፣ ምርባሕ ንህቢን ምሕብሓብ ንዕኡ ዘድሊ ስነ-ከባብን፣ ኣብ ምዕቃብን ምቕፃልን ተፈጥሮ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምድንፋዕ ብዝሓ-ህይወት መተካእታ ዘይብሉ ተራ ኣለዎ። ብኻሊእ ኣበሃህላ፣ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ምጥፋእ ንህቢ ምስ ምጥፋእ ተፈጥሮኣዊ ሃፍቲ ምትእስሳር ኣለዎ። ይኹን እምበር፣ ልክዕ ከም ካልኦት ሴክተራት፣ እዚ ዘፈር ምርባሕ ንህብን ምምራት መዓርን'ውን ካብ'ቶም ኲናት ትግራይ ብኸቢድ ዝሃሰዮም ሓደ እዩ። ኣብዚ ዘፈር ዝበፅሐ ጉድኣትን ክሳራን ኣዝዩ ኣዕናዊ እዩ።

ቅድሚ ኲናት ትግራይ፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ምብራቕ: ወረዳ እንደርታ፣ ጣብያ ኣይንምብርከኽን: ብዘመናዊን ባህላውን ቆፎ ዝራባሕ ንህቢ ነይሩ። እዚ ብፅቡቕ ዝተትሓዘ፣ ልዑል ምህርቲ ዝህብ ናይ ውልቀ መራብሒ ንህቢን መፍረዪ መዓርን እዩ ነይሩ። እዚ መራብሒ ንህቢን መፍረዪ መዓርን ዝርከበሉ ቦታ ብሓፂንን ካልእ ሓፁርን ዝተኸበበ ነይሩ። እቲ ሕርሻ፣ ነቲ ባህላዊ ኣሰራርሓ ምርባሕ ንህቢ ናብ ዘመናዊ ንምቕያር፣ ፅሬት ዘለዎ መዓር ንምፍራይ፣ ንመናእሰይ ስራሕ ንምፍጣርን ኣብ ዕብየት ቁጠባ ትግራይ ተራኡ ንምፅዋትን ዝተጣየሸ እዩ ነይሩ።

ይኹን እምበር ኣብ ጣቢያ ኣይንምብርከኽን ንምግጣቱ ብዘፀግም መንገዲ፣ እቲ መራብሒ ንህቢ በቶም ወረርቲ ሓይሊታት ሙሉእ ብሙሉእ ዓንዩ ከምኡ'ውን ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ዝፈረየ መዓር ብቶም ወረርቲ ሓይልታት ተዘሪፉ። እቶም መሳርሒታት ተዘሚቶም፣ ቆፎታት ንህቢ ተሰባቢሮም ከም ዕንጨይቲ ሓዊ ተጠቒሞምሎም፣ እቲ ዕስለ ንህቢ ድማ ብመሳርያን ብሓውን ኮነ ኢሎም ከም ስጋ ተቢሶምዎም። ዝተረፉ ድማ ብብከላ ድምዒ ጠፊኦም። ኣብ'ዚ ጥፍኣት ክልቲኦም ሓይልታት ምክልኻል ኢትዮጵያን ኤርትራን ተሓተትቲ ኮይኖም ረኺብናዮም።

ኣብታ ጣቢያ 300 ዝበፅሑ ዘመናዊ ቆፎታት ዝነበሩ እንትኾኑ፣ ካብኣቶም እቶም 250 ኣናህብ ነይሮምዎም። እዞም ቆፎታት ብዘይ ንሕስያ ከወድሙ ተገይሩ። ሓደ ሽሕ ኪሎ ግራም ዝኣክል መዓር እውን ተወሲዱ፣ ካብ'ዚ ብተወሳኺ እቲ ክንድ'ዚ ዝኣክል መጠን ዘለዎ ምርባሕ ኣናህብን ምምራት መዓርን ዝጠልቦም ዝተፈላለዩ ዓይነት ናውቲ'ውን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኮይኖም።



ወታሃደራት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣናህብ ኣብ ቆፎኦም እናሃለዉ ዘቃፀልዎ



ዝዓነወን ዝተቓፀለን ቆፎታት ኣናህብ



ኣናህብ ዝራብሕሉ ዝነበሩ ቦታታት ብወረርቲ ሓይልታት ዓንዩ






ኣብ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ፣
ብክፍሊ ዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝብን
ዓለምለኸ ጉዳያትን እትዳሎ መፅሄት





ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ

# ጉድኣት ኢኮኖሚ
## መርኣያ ጀኖሳይድ ትግራይ

# “ናይ ምጥፋእ ሓደጋ ኣንፀላልዩካ” እንትበሃል ዝውሰድ ሰጉምቲ

*‘እቲ ዝነበረካ ምስኣን፣ እቲ ምፅባይ ሓገዝ፣ እቲ ጥሜት፣ እቲ ዕርቃን፣ እቲ ስግኣት፣ እቲ ጭንቂ፣ እቲ ብደብዳብ ነፈርትን ከበድቲ ብረትን ህይወትካ ምስኣን፣ እቲ ብግፍዓዊ ጨፍጫፍ ወገናትካ ምስኣን፣ ኣካላትካ ምጉዳል፣ ካብ ደብዳባት ንሕንጢጥ ምትራፍ፣ ወዘተ ዝበሉ ነገራት ግን ዕለታዊ ተጓንፎ ኩሉ ትግራዋይ እዮም ነይሮም። ’*

ኣብ ትግራይ ዝበፅሐ ግፍዒ፣ መከራን ብርሰትን ዘርዚርካ ኣይውዳእን። እዚ ፍፃመ፣ ልዕሊ ብርዕን ወረቐትን እዩ። እቲ ዝሓለፈን ዝቕፅል ዘሎን ጓሂ፣ እህህታ፣ ቃንዛ፣ ስቓይ፣ እቲ መግለፂ ክትረኽበሉ ዘፀግም እዩ። ናይ መን ፅሒፍካ ናይ መን ከምእትገድፍ’ውን ይጨንቀካ። ነፍሲ-ወከፍ ትግራዋይ ነናይ ባዕሉ ዛንታ ኣለዎ፤ ኩሉ ግዳይ ግፍዕን በደልን እዩ። መጠንን ባህርን እቲ መከራ ክፈላለ እንተኾይኑ’ምበር፤ በቲ ኲናት ዘይተሃሰየ ትግራዋይ የለን። እቶም ምስ ጨፍጨፍቲ ዝወገኑ ተጋሩ’ኳስ ‘ቃንዛ፣ ሞትን ጥፍኣትን ቤተሰብና ኣይንታይናን’ እንተዘይኢሎም ካብ’ዚ ነፃ ኣይኮኑን። ብርግፅ፣ ህይወት ኣብ ገሊኡ ምሒር ጨኪና ኣብ ገሊኡ ርህርህ ዝበለትሎም ኣጋጣሚታት ኣለዉ። እቲ ዝነበረካ ምስኣን፣ እቲ ምፅባይ ሓገዝ፣ እቲ ጥሜት፣ እቲ ዕርቃን፣ እቲ ስግኣት፣ እቲ ጭንቂ፣ እቲ ብደብዳብ ነፈርትን ከበድቲ ብረትን ህይወትካ ምስኣን፣ እቲ ብግፍዓዊ ጨፍጫፍ ወገናትካ ምስኣን፣ ኣካላትካ ምጉዳል፣ ካብ ደብዳባት ንሕንጢጥ ምትራፍ፣ ወዘተ ዝበሉ ነገራት ግን ዕለታዊ ተጓንፎ ኩሉ ትግራዋይ እዮም ነይሮም። ኩሉ ከባቢታት ትግራይ ብንብዓት ጨቅዩ፤ ውሒጁ፤ ዋላ’ኳ እቲ ውሕጅ ንብዓት ንቶም ፈፀምቲ ኮይኑ ንግዜኡ ክወስዶም እንተዘይከኣለ። ገና ናይ መከራ ዛንታኦም ተፃሒፉ ዘይተወድአ ወገናት’ውን ኣለዉ፤ ተመዝበልቲን ስደተኛታት። እዚኦም፣ እንትርፊ ባዶ ተስፋ ናታቶም ፀገም ዝፈትሕ መሲህ ዝሰኣኑ ወገናት እዮም። ፅባሐን መንጢሎም ኣደዳ ሕማምን መከራን ዝገበሩወን ኣሓትን ኣዴታትን’ውን ኣለዋ። ጎይዮም ከይመነዉ መሓውሮም ዝተመንጠሉ፣ ብርሃን ኣዒንቶም ዝሰኣኑ ወገናት’ውን ስቓዮም ምስ ምቕቁራፅ ቶኽሲ ዘብቀዐ ኣይኮነን።

ጥራሕ ነቲ ኲናት እንትትሓስብ ናብ ኣእምሮኻ ቅዝል ዝብሉኻ ነገራት ኣለዉ። እተምህሮም ዝነበረት ዕሸላታ ዝተመንጠለት ስድራ፣ ካብ ምድላው ምረቓ ናብ እንዳሓዘን ዝተቐየረ መረባ፣ ዝባፅሑ ደቅኻ ክተምስል ደፋእፋእ ካብ ምባል፣ ሃንደበት ዝነበረካ ኩሉ ስኢንካ ኣብ ተስፋ ምቁራፅ እትበፅሐሉ ነጠባ ይመፁልካ። ብዘመድ ኣዝማድ ተኸቢቦም ዝነበሩ ወለዲ ብሓንቲ ፀሓይ በይኖም ዝተረፉሉ ኣጋጣሚ ይዝከረካ። እተን ደም ደቀን ኣብ ዝፈሰሰሉ መረባ ኮይነን፣ “ነቲ ሓደ ወደይ ኣብዚ ቀቲሎምዎ፣ ነቲ ሓደ እንደገና ኣብዚ፣ ንኣሚነይ ድማ ኣብዚኣ ቀቲሎምዎም” እናበላ ዝዛረባ ወላዲት መፅየን ውክፍ ይብላኻ። ኮታስ ትግራይ ከም ብሄር ናይ ፅባሕ ሓኻይማ፣ ናይ ፅባሕ መምህራና፣ መሃንዲሳታ፣ ፖለቲከኛታታ፣ ኮታስ ብዝተፈላለዩ ሞያታት ንህዝቦም ከገልግሉን ፅባሕ ከቖፅሉን ተስፋ ዝተገበረሎም ዕሸላታ ዝሰኣነትሉ ኩነታት ትዝክር። ኣዴታትን ኣዋልድን ትግራይ ዝተሰከማኦ ካብ ኣእምሮ ዘይሃስስ ስምብራት ትሓስብ። ትግራይ ንዘመናት ዘፍረየቶ ሃፍታ ከምዘይነበረ ዝኾነሉ፤ ንሰብ ዝተርፉ ዝነበሩ ሰባት ተፀበይቲ ሓገዝ ዝኾኑሉ መዓት ናብ ኣእምሮኻ ይመፀልካ። ብሓፈሻ፣ ከም ተጋሩ፣ ዝተኾለፈ ፅባሕና፣ ዝተመንጠልናዮ ሕልምና፣ ዝፀልመተ ተስፋና፣ ኣብ ሕቶ ዝወደቐ ህላወና ትሓስብ።

> **ብሓፈሻ፣ ከም ተጋሩ፣ ዝተኾለፈ ፅባሕና፣ ዝተመንጠልናዮ ሕልምና፣ ዝፀልመተ ተስፋና፣ ኣብ ሕቶ ዝወደቐ ህላወና ትሓስብ።**



*ንሰብ ሞያ ኣብ ኣይሲቲን ኣጠቓቕማ ጂኣስፓሻልን ጂፒኤ ስን ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና እንትወሃብ*

እቲ ሕቶ “ከም ህዝቢ ህላወኻ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ” እንትትበሃል እትወስዶ ስጉምቲ እንታይ እዩ ዝብል እዩ። ዝውሰድ ስጉምቲ፣ ህላወኻ ዘውሕስ ክኸውን ከምዘለዎ ኣየተሓታትትን። ንሕና ሒዝናዮ ዘለና መንገዲ ግን፣ መንገዲ ጥፍኣት ምዃኑ ብዙሕ ሰብ ተገንዚቡ ስግኣቱ ዝገልፀሉ ዘሎ እዩ። ምኽያቱ ሃለዋትና ክቕፅል እንተኾይኑ፣ ትኹረትና ኩሉ ሓድነትና ኣብ ምጥንኻር፣ ዓቕምና ኣብ ምትእኽኻብ፣ ሕግን ስርዓትን ኣብ ምስፋን፣ ሰላምን ህድኣትን ኣብ ምውሓስ፣ ፀገማት ተመዛበልትና ኣብ ምፍታሕ፣ መሰረት ልምዓታትና ኣብ ምፅጋን፣ ኣብ ዳግመ-ህንፀት ኣብ ምንጣፍ እዩ ክኸውን ነይሩዎ።

እዚ ማለት ግን ኩሉ ፀልማት እዩ፤ ተስፋ ዘቑርፅ እዩ፤ ዝተገብረ ነገር የለን ማለት ኣይኮነን፣ ሓልሓሊፎም ዝረኣዩ ዘተባብዑ ተግባራት ኣለዉ። ካብኣቶም ሓደ ብኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ ዝተኻየደ መፅናዕቲ እዩ። እዚ ኣብ እዋን ኲናት ዝተጀመረ ስራሕ ብመንፅር ዘዋፈሮ ሓይሊ ሰብን ዝሸፈኖ በዝሒ ተፀናዕን እንትረአ መዳርግቲ ኣልቦ ክበሃል ዝኽእል እዩ።

**‘እዚ ኣብ ኢድ ኮሚሽን ዘሎ መረዳእታ እምበኣር እዚ ኹሉ ውረድ-ደይብ ሓሊፍካ ዝተረኽበ ክባር ሃፍቲ እዩ። ‘**

ዕላማ እቲ መፅናዕቲ፣ ዝበፅሐ ጥፍኣትን ዕንወትን ምምርማር፣ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሒ ኣበርክቶ ዝህልዎ ሳይንሳዊ መረዳእታ ምቕራብ፣ ቀፃሊ ወለዶ ከመሃረሉን ከይድግም ክከላኸሎን ዘኽእሎ ማህደር ታሪኽ ምድላው እዩ። መበገሲኡ ድማ፣ በቲ ኲናት ዝበፅሓ ጥፍኣት ክስነድ ኣለዎ ዝብል ሓደ ኮይኑ፣ እዚ ሰንድ ኣብ ስራሕቲ ሕውየትን ዳግመ-ህንፀትን ከምኡ'ውን፣ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሕን ተሓታትነትን ዘለዎ ኣበርክቶ ካብ ምርዳእ እዩ። ብዝርዝር እንትረአ፣ ክንደይ ዝኣክል ሰብ ሞይቱ? ብኸመይ ዝበለ ኣማውታ፣ ክንደይ ዝኣኽላ ኣሕዋትናን ኣዴታትናን ፆታዊ ጥቕዓት በፂሑወን፣ ክንደይ ዝኣክል ሃፍትን ንብረትን ጠፊኡናን ዓንዩናን? ወዘተ ዝብል ምረዳእታ ምሓዝ ዘለዎ ወሳንነት ካብ ምርዳእ'ውን እዩ።

ናብ ስራሕ እንትእቶ፣ ባጀት ኣይነበረን። መጎዓዝያ የለን። ንስንቅን መሕደርን ኣከብቲ መረዳእታ ዝኸውን ገንዘብ የለን። ምንንባብ፣ ውህደት፣ ወነን ሕራነን ግን ነይሩ። ክፍሊት ከይተፀበየ፣ ድኻሙ ከይፀብፀበ ክሰርሕ ፍቓደኛ ዝኾነ ብኣሽሓት ዝቑፀር ወለንታዊ ነይሩ። ብእግሩ እናተጎዓዘ እንትእክብ ዝገጠሙዎ ከም ውሑጅ፣ ቁሪ፣ ድኻም፣ ጥሜት፣ ስግኣት ፀጥታ፣ ሻቕሎት ቤተ-ሰብ፣ ወዘተ ዝበሉ ዓፀባታት ብዙሓት እዮም። እንተኾነ፣ ነዚ ተፃዊሩ ክሰርሕ ተወፋይነቱ ዘርኣየ መንእሰይ ብዙሕ ነይሩ። ንኣሰልጠንቲ መሕደሪ ዓራት ዝፈቕዱ ሰብ ሆቴላት ነይሮም። ኣሰልጠንቲ ኣብ ናቑጣታት መጋየሺ ሰራዊት ክበልዑ ዝፈቕዱ ሓለፍቲ ነይሮም።

ኣከብቲ መረዳእታ ካብ ዳርጋ ኩለን ከባቢታት ትግራይ መረዳእታ ንምእካብ ኣብ ዝገበሩዎ ፃዕሪ ዝሓለፉዎ ውረድ ደይብ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። መረዳእታ ብሞባይል ወይ ብታብሌት ዝምላእ ምስ ምዃኑ ተተሓሒዙ ዝተፈጠሩ ፀገማት ብዙሓት ነይሮም። ኣብ ሞንጎ ስራሕ ናይ ሞባይል ባትሪ ይውዳእ። ባትሪ እትመልአሉ ኤሌክትሪክ የለን። ጀኔሬተር ናብ ዝርከበሉ ቦታ ንክትበፅሕ ዓሰርተታት ኪሎ ሜትራት ትጎዓዝ እትግደደሎም ኣጋጣሚታት ነይሮም። እቲ መረዳእታ ዝተኣከበሉ ወቕቲ ክረምቲ ምስ ምዃኑ ተተሓሒዞም ዝተፈጠሩ ፀገማት ብዙሓት እዮም። ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትበፅሕ ሓሲብካ ውሕጅ ምስጋር ይኽልኣካ'ሞ ክሳብ ዝዛሪ ትፅበ። ምናልባት'ውን ኣብ ሞንጎ፣ ጋሻ ውሕጅ ይመፅካ'ሞ እንደገና ንሱ ክሳብ ዝዛሪ ትፅበ። ኣብ ሞንጎ'ዚ ፀሓይ ይዓርበካ። ናብ እንዳ ገባር ከይድካ፣ መሕደሪ ትልምን። ንፅባሒቱ ኣብ ጥራሕ ከብድኻ ትጎዓዝ። ጀነሬተር ናብ ዝርከበሉ ቦታ ምስ በፃሕካ ባትሪ ሞባይልካ ክመልኡልካ ንሰብ ጀኔሬተር

ትልምን። እንተዘይተወሊዓ ክሳብ ትውላዕ ትፅበ። ንሓንቲ ከም ምምላእ ባትሪ ሞባይል ዝበለት ንኡሽተይ ነገር ንምፍፃም ሰዓታት፣ ምናልባት'ውን መዓልቲታት ይወስደልካ። እቲ ኣብ ስሩዕ ኩነታት ኣብ ቀረባኻ ዝርከብ ነገር፣ ሽው ኣዐርዩ ይርሕቐካ። ዕላማ ስለ ዘሎ ግና እዚ ኩሉ ተፃዊርካ ትሰርሕ። እዚ ኣብ ኢድ ኮሚሽን ዘሎ መረዳእታ እምበኣር እዚ ኹሉ ውረድ-ደይብ ሓሊፍካ ዝተረኽበ ክባር ሃፍቲ እዩ።

ትሕዝቶ እቲ መረዳእታ ዝተፈላለየ ኮይኑ፣ ብቐንዱ ግን ኣብ ቁጠባ፣ ማሕበራውን ስብኣውን ጉድኣት፣ ኣብ ፆታዊ ጥቕዓት፣ ከምኡ'ውን ኣብ መሰረተ ልምዓት፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን ስነ ከባብን ዘድሃብ እዩ። እዚ ስራሕ ፅሑፋዊ መሕተት ብምስንዳእ ተጀሚሩ። ስዒቡ ድማ፣ ካብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ንዝተውፃዕኡ ሰብ ሞያን ካልኦት ወለንታውያንን ናብ ምስልጣን ተኣትዩ። 32 ሽሕ ዝኣኽሉ ኣከብቲ መረዳእታን 5 ሽሕ ኣተሓባበርትን ብምውውፋር፣ ምእካብ መረዳእታ ተጀሚሩ። ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሜላ መፅናዕቲ ሓፈሻዊ ዳህሳስ ኮይኑ፣ ንዝተመረፁ ማእኸላት መዕቐቢ ተመዛበልቲ ሓዊሱ ናብ ልዕሊ 693,000 ገዛውቲ ብምኻድ ካብ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ውልቀ ሰባት መረዳእታ ተኣኪቡ። ልዕሊ 15 ዝዕድሚኦን ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑፀራ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ፆታዊ ጥቕዓት ዝምልከት መሕትት ክመልኣ ተገይሩ። ፆታዊ ጥቕዓት ዝምልከት መረዳእታ ብደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝተኣከበ ነይሩ። እዚ ነቲ ኣሃዛዊ መፅናዕቲ ዝምልከት እዩ። ካብ'ዚ ብተወሳኺ'ውን ግን፣ ኣሽሓት ሰባት ብቓለ-መሕትት ዝተሳተፉሉ ኣብ ስብኣውነት ዝበፅሐ ጉድኣት፣ ኣብ ፆታዊ ጥቕዓት፣ ኣብ ሓድግታትን ቅርስታትን ዝበፅሐ ዕንወት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ተፈጥሮኣዊ ሃፍትን ስነ-ከባብን ዝበፅሐ ብርሰት ኣመልኪቱ'ውን ንዓሚዩቕ ምርመራዊ መፅናዕቲ ዝኸውን ዓይነታዊ መረዳእታ ተኣኪቡ።

ውልቀ ትካላት ንግዲ ዝምልከት መረዳእታ 71 ሽሕ ትካላት ብሰለስተ ዙር ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ተኣኪቡ። እዚ መረዳእታ ኣብ ምምላእ ስምን ኣድራሻን ዝተፈጠረ ግድፈት ከይህሉ ብሰብ ዋና ምእንታን ክረጋገፅ ኣብ ደርጋ ኩለን ኣብ ትሕቲ ጊዚያዊ ምምሕዳር ዘለዋ ከተማታት ትግራይ ስም ዝርዝር ተለጢፉ፣ ዝምልከቶም ኣካላት ድማ ናብ'ቶም ዝተለጠፈሎም ቦታታት ብምኻድ ስሞም/ስም ትካሎም፣ ኣድራሻኦም፣ ወዘተ ዝበሉ ወሰንቲ መረዳእታታት ኣብ'ቲ ዝርዝር ዝሰፈሩ ምዃኖም ወይ ጌጋ ከይህልዎም ሪኦም ከረጋግፁ ተገይሩ። እርማት ኣለና ንዝበሉ ድማ፣ ነዚ ዘሳልጡ ሰባት ተመዲቦም እርማት



ኣብ ሽረ እንዳስላሰ ናይ ውልቀ ትካላት ጉድኣት መረዳእታ ኣከብቲ ብሰንኪ ሕፅረት ቢሮ ኣብ ደገ ኾይኖም ካብ ሰብ ትካል መረዳእታ እንትእከቡ።

ተገይሩ። ኣባላት ማሕበረሰብ ንግዲ ዝበፅሖም ጉድኣት ተዋዲዱን ናብ ገንዘብ ተቐይሩን ብመልክዕ ምስክር ወረቐት ክሳብ ዝወሃቦም ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ክረኽቡ ተገይሩ።

ካብ'ዚ ብተወሳኺ፣ እቲ ኮሚሽን ዘካየዶም ዝተፈላለዩ ንፕፈታት'ውን ኣለዉ። ምስ መንግስታዊ፣ ዘይመንግስታዊ፣ ሲቪል ማሕበራት፣ ትካላት እምነት፣ ፖለቲካዊ ውድባትን መራኸብቲ ሓፋሽን፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ርእሰ ጉዳያት ዘድሃቡ ልዕሊ ዓሰርተ ናይ ምኽክር መድረኻት ኣካይዱ። ብፍላይ ብማእኸል መፅናዕቲ ስብኣዊ ጉድኣት ድማ እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ተሳሊጦም፤

- ናብ ዝተፈላለዩ ዓለምለኻዊ ትካላትን ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰል ዝነጥፉ ኣካላትን ብርክት ዝበሉ ጉዳያት ተላኢኾም።
- ኣብ ደገ ዝነብሩ ተጋሩ ምስ ዝፈጠሩዎም ሞያዊ ጥምረታት ምትእስሳር ፈጢሩ።
- ፀገም ትግራይ ብዓለም ክፍለጥን ትኹረት ክረክብን ኣብ ኤምባሲታት፣ ዓለምለኻዊ ትካላትን ሚድያን ንዝርከቡ ሰበ-ስልጣንን ሰብ ሞያን ጎስጓስ ገይሩ።

ከም ኮሚሽን ድማ፣ ብዳይሬክቶሬት ርክብ ህዝብን ዓለምለኻዊ ጉዳያትን ኣቢሉ፣ ፅንታ ዘርእስታ መፅሄት ብቃንቋታት ትግርኛን እንግሊዘኛን ብምሕታም ናብ ኣንበብቲ ኣብቂዑ። ጀኖሳይድ ትግራይ ዝግበአ ትኹረት ክረክብን ፍትሕን ርትዕን ክረጋገፅን ናብ ዝቃለሱ ወገናት መፅሄትን ካልኦት መረዳእታታትን ተላኢኹ። ኣብ ኩለን ዞባታት ትግራይ (ዞባ ምዕራብ ዝምልከት ኣብ ሽረ እንዳስላሴ) ዝኸሰ 4ይ ዓመት ጀኖሳይድ ትግራይ ጥዋፍ ብምብራህን ንስማእታት ብምዝካርን ተኸቢሩ። ኣብ ትግራይ በቲ ኩናት ዝበፅሐ ጉድኣት ንዳግመ ህንፀት ዘድሊ በጀትን ዝምልከት ፅብፃብ ተዳልዩ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ተረኪቡ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ጥማር ውፅኢት መፅናዕቲ ዝሓዘ ፅብፃብ ናብ ምውዳእ ገፁ የምርሕ ኣሎ።

እንተኾነ፣ እቲ ኮሚሽን በቲ ዝተለሞ ናይ ምፍፃም ዓቕምን ናህርን ከይጎዓዝ ዕንቅፋት ዝፈጠሩ ዝተፈላለዩ ነገራት ኣለዉ። ካብ'ቶም ብማእኸል መፅናዕቲ ሰብኣዊ ጉድኣት ዝተነፀሩ ነዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል። ሕፅረት ባጀት፣ ሕፅረት መሳርሒታት ምርመራ፣ ፀገም ተበፃሕነት፣ ምጉዳእ ቁስሊ፣ ዝበሉ ከም ኣብነት ይፅርሑ።

- **ሕፅረት ባጀት:** ከምዚ ዝበለ ዝዒፍ ስራሕ ብቢልዮናት ዝቑፀር ባጀት ከምዝጠልብ ግልፂ እዩ። እንተኾነ ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ (ኮመጀት)፣ እዚ ኣብ ዝረኸበሉ ኩነታት ኣይነበረን። ብምኽንያት ድማ፣ ከም ኮሚሽን ይኹን ከም ማእኸል መፅናዕቲ እቲ ዛጊድ ዝኣከቦ መረዳእታ'ኳ ብጣዕሚ ብዙሕ እንተኾነ፣ ተወሰኽቲ ዳህሳሳዊ መረዳእታ ክእከብን ምርመራታት ክካየድን ኣይከኣለን።
- **ሕፅረት መሳርሒታት:** እዚ ምስ ሕፅረት ባጀት እውን ዝተሓሕዘ ኮይኑ፣ እቲ ማእኸል መፅናዕቲ፣ ስራሕቲ ምርመራኡ ብዝሐሹ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት፣ ብርሕቐት ክትግንዘብ ዘኽእሉ ተክኖሎጂታት (remote sensing technologies)፣ ምስሊታት ሳተላይት፣ መሳርሒታት ምርመራ ኣስከሬን (forensic materials)፣ ሕፅረት እኹል ማዕኸን መረዳእታ፣ ወዘተ ኣለዉዎ።
- **ፀገም ተበፃሕነት:** ዞባ ምዕራብን ካልኦት ወረዳታትን ጣብያታትን ኣብ ኢድ ባዕዳውያን ወረርቲ ብምውዳቖም ምኽንያት ናብኦም ተንቀሳቒስካ መረዳእታ ምእካብ ኣይተኻኣለን። ኣብ ክንድኡ እቲ ዝተወሰደ መማረፂ፣ ካብ'ዞም ኣብ ዝተፈላለዩ መዕቖቢ ጣብያታት ዝርከቡ ተፈናቐልቲ ወገናት መረዳእታ ምእካብ እዩ። እንተኾነ፣ ብኣካል ናብ'ዞም ከባቢታት ብምኻድ፣ ንዝተሰደዱ ወገናት ብምርካብን መረዳእታ ክሳብ ዘይተኣከበ፣ እቲ መፅናዕቲ ምሉእ ኣይከውንን።
- **ምጉዳእ ቁስሊ:** ግዳያት ፆታዊ ጥቕዓትን ካልኦት በደላትን ዝበፅሖም ስቅያትን ማህሰይትን ንምስናድን ንኸሲ ዝኸውን መረዳእታ ብመልክዕ ዓምዩቕ ቃለ መሕትት ንምእካብን ቃለ መሕትት ኣብ ዝግበረሉ እዋን፣ ተሓተቲ ነቲ ዝበፅሖን ግፍዕን መከራን ብምዝካር ዝበኽያሉን ውኒኣን ስሒተን ንባዕለን ንሓተትተንን ንፀገም ዘቃልዓሎምን ኣጋጣሚታት ኣለዉ። እዚ ድማ ኣብ ከይዲ ምእካብ መረዳእታ ኣሉታዊ ፅልዋ ይፈጥር።
- **ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕ:** እዚ ንኮሚሽንና ጥራሕ ብፍሉይ ዝምልከት ዘይኮነስ ንኹሎም ትካላት ትግራይ ዝሃሲ ዘሎ ኩነት እዩ። እዚ ፀገም፣ ሰባት ኣብ ስራሕቶም ትኹረት ከይገብሩን ዋኒኖም ኣብ ሓፂር እዋን ከየሳልጡን ዓብዪ ዕንቅፋት ዝፈጠረ እዩ።
- **ምልቃቕ ሰራሕተኛታት:** ሰራሕተኛታት ብዝተፈላለየ ምኽንያት እንትለቅቁ ዝፍጠር ምግጉታት ስራሕን ዓንቀፍቀፍን ቀሊል ኣይኮነን።
- **ምቁርራፅ መብራህትን ኢንተርኔትን:** እዚ'ውን ዋላ'ኳ ንኮሚሽን ጥራሕ ዝምልከት ፀገም ኣይኹን ኣብ ምግጉታት ስራሕ ዘለዎ ፅልዋ ዓብዪ እዩ። ብምኽንያቱ ድማ ዝተፈላለዩ ግዳያት ኣባላት ማሕበረሰብ ንግዲ ነቲ ዝበፅሖም ጉድኣት ዝምልከት ናይ ምስክር ወረቐት ንክወሃቦም ብተደጋጋሚ እንትሓትቱን "ደንጉኹምና" ዝብል ቅሬታ እንተቕርቡን ይረኣዩ።

እንተኾነ፣ ሰራሕተኛታት እዚ ኮሚሽን ነዞም ኩሎም ፀገማት ተፃዊሮም፣ ብሓያል ወነን ተወፋይነትን ስራሕቶም ኣብ ምስላጥ ይርከቡ።





ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ

# ጉድኣት ማሕበራዊ ፣ ሃይማኖታዊ ፣ ሃፍቲ ተፈጥሮን ከባብን ትሕቲቅርፅን

# መርኣያ ጀኖሳይድ ትግራይ

*ናይ ድሕሪት ሽፋን ገፅ ምስሊ*

*ኣብ ክልል ትግራይ፣ ዞባ ማእኸል፣ ወረዳ ዓድዋ፣ ቁሸት ማርያም ሸዊቶ፣ ብሰራዊት ኤርትራ ተቐቲሎም ኣብ ከባቢ እምባ ብጅምላ ናይ ዝተቐበሩ 3 ሬሳታት፣ ቤተሰብ ግዳያት ኣውፂኦም ብስርዓት ንክቐብርዎም እናመኸሩ።*


ኮሚሽን መፅናዕቲ ጀኖሳይድ ትግራይ
ጀኖሳይድ ትግራይ ዘበት ከይድገም! ዘበት ከይርሳዕ!!
Never Again and Never Forget the Tigray Genocide!!
citg2022@outlook.com
@citgcontact
CITG Contact